# ጸሎተ ሃይማኖት

*መግለጺ ካቶሊካዊ እምነት*

*( ብኣባ ማርኩስ ሆልደንን ኣባ ኣንድርው ፒንሰንትን)*

## *መእተዊ*

እዛ *"ጸሎተ ሃይማኖት"* እትብል ንእሽቶ *መምርሒት፡፡ንጹርን ማራኺን ዝኾነ መላለዪ* (*መተኣታተዊ*) ናብ እምነትን ሕይወትን ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ተቕርበልና ፣ ኣብ መጽሓፍ *"መዝገበ ሃይማኖት፡፡ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን"* ዝተመስረተት ኮይና፡፡ ነቲ ናይዛ ዓባይ መጽሓፍ ኣገባብ ኣከፋፍላ ተኸቲላ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ክፋላት፡፡ ማለት፡፡- ጸሎተ ሃይማኖት፡፡ ምስጢራት፡፡ ስነ-ምግባር (ክርስቲያናዊ ሕይወት) ከምኡ እውን ጸሎት ተኸፊላ ትርከብ ፣

እዛ መምርሒት እዚኣ፡፡ ንዝኾነ ምቹእን ንኽትጥቀመሉ ቀሊልን ዝኾነ መግለጺ ካቶሊካዊ እምነት ዝደሊ ሰብ ተባሂላ ኢያ ተሰናድያ ፣ በዚ ሓሳብ እዚ ድማ ስብከተ ወንጌል ንምክዋን ኣዚያ ውጺኢታዊት መሳርሒ ክትከውን ትኽእል ኢያ ፣ ብተወሳኺ ፍልጠቶም ከዕሙቑን ከሐድሱን ንዝደልዩ ኣባላት ቤተክርስቲያን እውን ሐጋዚት ኢያ ፣ ንመምህራን ትምህርተ ክርስቶስ እውን ናይቲ ቀንዲ ሐቅታት ብዛዕባ እምነት ጽሚቕ ኮይና ከተገልግሎም ኢያ ፣

ቀሪቡ ዘሎ ስነ-ጥበባዊ (ስእላዊ) መሰነይታ፡፡ ነቲ ሃብታም ተመኩሮ ካቶሊካዊ እምነት ክገልጽ ተሰፋ ኣሎና፣ እዚ ተመኩሮ እዚ ነቲ ሐቀይና ዕላማ ሕይወትና- ምውራስ መንግስተ ሰማያትን ምስ ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ንምርእአይን- ክንወቅዕ ገለ ከበርክት ኢዩ ፣

| |
|---|
| *"ኪዱ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኩምን ነቲ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልዉ እናመሃርኩምን ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም፡፡ እንሆ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ምሳኻትኩም ኣሎኹ፣" (ማቴ28፡፡19-20)* |

ቅ. ቶማስ ኣኲናስ መጽናዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ዝደግማ ዝነበረ ጸሎት

ኦ ኣምላኽ! ነዓኻ ዝፈልጠሉ ምርዳእ ነዓኻ ዝረኽበሉ ጥበብ ንዓኻ ደስ ዘብለሉ ኣካይዳ ሕይወት፡፡ ብእምነት ነዓኻ ዝጽበየሉ ዓቕሊ፡፡ ከምኡ እውን ኣብ መወዳእታ ነዓኻ ክሓቑፍ ዝኽእለሉ ምትእምማን ጸግወኒ ፣ ኣሜን!

## ቀዳማይ ክፍሊ

### 1.ትርጉም ሕይወት

| |
|---|
| ትርጉም ሕይወት እንክንብል ነቲ መሰረታዊ ምኽንያታት (*መግለጺ*) ህላወ ዓለምን ገዛእ ርእስናን ኢና *ነመልክት* ፣ |

ስለምንታይ?

ህጻን ከዓቢ እንክጅምር ቀጻሊ ዝሐታ ሕቶ *"ንምንታይ?"* እትብል ኢያ ፣ ከም ሰባት *መጠን* ብባህርይና ፡፡ *ነገራት* ስለምንታይ ህልዋት ከም ዝኾኑ ጥራይ ዘይኮነስ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝኾኑ እውን ኢና ንሓትት፣ ኣሪስቶትል "እቲ ፈላስፋ" ፡፡ እዚ ናይ ምፍላጥ ባህጊ ወድዓዊ (ኲልኣዊ) ምኻኑ ይዛርብ ፣

*"ኩሉ ሰብ ብባህሪኡ ክፈልጥ ይደሊ (ይብህግ)"*

"ስለምንታይ?" እትብል ሕቶ ንብምሉኡ ኣድማስን ንደቂ ሰባትን እውን እትውክል ኢያ ፣ ኣድማስ ስለምንታይ ህልው ኮይኑ? ንሕና ስለምንታይ ህልዋት ኮይና? ዕላማ ሕይወት ወዲ ሰብ እንታይ ኢዩ? ደቂ ሰባት ኣብ መላእ ጉዕዞ ታሪኽ ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ንምምላስ ካብ ምፍታን ኣየዕረፉን ፣

## እቲ ቀዳምይ ምኽንያት (ምንጪ) እንታይ ኢዩ?

ኲሉ ኣብዛ ኣድማስ እንርእዮ ነገራት ካብ ካልእ ነገራት ዝመጸ ደኣ እምበር ካብ ባዕሉ ዝኾነ ነገር የለን፣ ብዙሓን ማእምራን፡፡ እዚ ሰንሰለት ናይ ምንጪ *ነገራት* ከምኡ ኢሉ መወዳእታ ዘይብሉ ክቕጽል ከም ዘይክእል ይሰማምዑሉ፣
ሓደ ቀዳማይ ዘይለዋወጥ ዘለዓለማዊ ዝኾነ ምንጪ ኲሉ ህሉው ነገራት ክህሉ ግድነት ኢዩ ፣ ደቂ ሰባት ብባህሪኦም
"ኣማላኽ" እናበሉ ዝጽውዕዎ እምበኣር እዚ ቀዳማይ ምንጪ እዚ ኢዩ ፣

## ኣምላኽ እንታይ ኢዩ?

ኣምላኽ፡፡ እቲ ደቂ ሰባት ብብርሃን ኣእምሮኦም ተመሪሖም ፡፡ ንውልቁ ዝኾነ ፍጹም ሓያልን ዘይለዋወጥ ምንጭን ዕላማን (*መርሶን*) ምኻኑ ዝፈልጥዎ ኢዩ ፣ እዚ ፍልጠት እዚ ዋላ'ኳ በእምሮ ክብጻሕ ዝከኣል እንተኾነ ፡፡ ብዛዕባ ሕይወት ኣምላኽን ምስኡ ዘሎና ርክብን ግና ተወሳኺ ሕቶታት ዘለዓዕል ኢዩ ፣

ኣሪስቶትል ንእግዚኣብሔር “እቲ ዘይንቀሳቐስ” ይብሎ ነበረ ፣ ፕላቶ ድማ ፡፡እቲ ዘይለዋወጥ ጽባቐ” ይብሎ ነበረ ፣ ኣንሰልሞ ድማ “ እቲ ካልእ ልዕሊኡ (ካብኡ ዝዓቢ) ክሕሰብ ዘይከኣል” እናበለ ይገልጾ ፣ ከም ርድኢት ነውተን ድማ ኣምላኽ “እቲ ናይ ሕጊ ተፈጥሮ መሃንድስ” ኢዩ ፣ ኣይንስታይን ነቲ ቀዳማይ ምኽንያት ፍልጠት ናይ ኣድማስ (ንኣድማስ ክንርድኦ ዘኽእለና) “ኣምላኽ” ወይ ድማ “ኣእምሮ ኣምላኽ” ብዝብሉ ቃላት ይጠቕሶ፣

እምነት ክርስትና ናይዞም ብዛዕባ እግዚኣብሔር ደቂ ሰባት ምስኡ ዘሎና ርክብን ዝለዓሉ ሕቶታት መልሲ፡፡ ብኢየሱስ
ክርስቶስ ከም ዝተገልጹልና ብጽኑዕ የእምን ፣

### ደቂ ሰባት እንታይ ኢዮም?

ደቂ ሰባት ካብ ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ፍጥረታት ዝተፈልዩ ኢዮም ፣ ሽሕ'ኳ እንስሳታት እንተኾና፡፡ ናይ ምፍላጥን ብቛንቋ ናይ ምብህሃልን ዓቕሚ ግና ኣሎና ፣ እዚ ናይ ምፍላጥ ዓቕሚ ኣብ ህዋሳዊ ድህሰሳ ወይ ድማ ልምምድ ዝተመርከሰ ኣይኮነን፡፡ ኪንዮኡ ዝሓልፍ ፡፡ ነገራት እንታይን ስለምንታይን ከም ዝኾኑ ንምፍላጥ ዘኽእል ዓቕሚ እውን ኢዩ ፣ እዚ ዓቕሚ'ዚ እንተዘይህልወና ፡፡ 'ስነ ፍልጠት' ወይ 'ፍልስፍና' ዝበሃል ነገር ኣይምሃለወን ነይሩ ፣

ብተወሳኺ እውን ደቂ ሰባት ፡፡ ነዚ ኣብ ዓለምና እንርእዮ ዓቢይ ብዙሕነት ናይ ጽቡቕን ሕማቕን ተግባራትን ስራሓትን ደቂ ሰባት ዘምጽኦ ፍሉይ ናይ 'ምምራጽ' ዓቕሚ ይውንኑ ፣ ብዙሓት ፈላስፋታት እዚ ናይ ምፍላጥን ምምራጽን ዓቕሚ ዝውንን ፍጥረት እዚ፡፡ ካብቶም ተለዋወጥትን መሸመሽትን ዝኾኑ ነገራውያን ፍጡራት ዝፈልዮ ፍሉይ ባህርይ ከም ዝውንን ይገልጹ ፣ ካብዚ ብምብጋስ ድማ ኣካላትና እንክመውት ዘይትመውት ነፍሲ ከም እንውንን ይድምድሙ ፣

## ታሕጓስ ደቂ ሰባት እንታይ ኢዩ?

ከም ደቂ ሰባት መጠን ፡፡ ታሕጓስ ማለት ሓደ ፍጹም ጎደሎታት ዝመልእ ፡፡ ሃብ ዘብልን ቀዋምን (ዘይልወጥ) ነገር ንብህግ ፣ ብዙሓት ዓበይቲ ማእምራን ከም ዝብልዎ ፡፡ ከምቲ ነቲ ንኹልና ዘድሊ ጽቡቕ ካብኡ እንረኽቦ ፡፡ እዚ እንብህጎ ታሕጓስ እውን ንኣምላኽ ኣብ ምፍላጥ ክርከብ ኣለዎ ፣

“ኦኣምላኽ ፡፡ ንገዛእ ርእስኻ ኢልካ ኢኻ ፈጢርካና እሞ ፡፡ ኣልባብና ድማ ኣባኻ ክሳብ ዝዕርፋ ዕረፍቲ የብለንን፣”
(ቅ. ኣጎስጢኖስ፡፡ “ጣዕሳ”1.1.1)

እንተኾነ ታሕጓስ ብዙሕ ጊዜ ዘደናግረና መሲሉ ይርአ ኢዩ ፣ ኣብዚ ምድሪ'ዚ ብዙሕ ከፊላውን እዋናውን ዝኾነ ታሕጓስ እኳ ነስተማቕር እንተኾና ሓደ ካብዚ ብዙሕ እውን እንተኾነ ምሉእነት ኣየምጽኣልናን ኢዩ ፣ ኣብ ርእሲ'ዚ
እውን፡፡ ሕይወት ብብዙሕ ስቓይን ቃንዛን ዝመልኤት ኮይና ፡፡ ኣካላትና ከኣ መወዳእታኡ ሞትን ምምሽማሽን ኢዩ ፣ ምስ'ዚ ኩሉ ግና ፡፡ ሕያዋይ ኣምላኽ ከም ዘሎ ብምእማን ፡፡ ደቂ ሰባት ነቲ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ዘለዎም ዘይጽንቀቕ ተስፋ ፈጺሞም ኣየጥፍኡን ፣

### ኣምላኽ እንታይ የወፍየልና?

ክርስትና ፡፡ ሕያውነት ኣምላኽን ፡፡ ንሱ ንሕና ክንሕጎስ ዘለዎ ባህግን ይገልጸልና/የረጋግጸልና ፣ እንተኾነ ኣብ ሕመረት ወንጌል ክርስትና እንተረኣና፡፡ ንኹሉ ድሌታት ዝዓብስን ልዕሊኡን ዝኾነ ወፈያ ኣሎ ፣ እዚ ኣብ መለኮታዊ ሕይወት ኣምላኽን ኣብቲ ብጽዕናኡን ካብ ምስታፍ ዘይንእስ ኢዩ ፣ ነዚ ዕድመ ዕርክነት ምስ ኣምላኽ ብምምላስ ጥራይ ድማ ኢና ንሕና ባህርያዊ ዕጋበት እንረክብ ፣ ቅ.ጳውሎስ ነዚ ዓቢይ ህያብን መብጽዓን ከምዚ እናበለ ይገልጾ፡፡-
“ዓይኒ ዘይረኣየቶ፡፡ እዝኒ ዘይሰምዓቶ ፡፡ ልቢ ሰብ እውን ዘይሓለኖ ፡፡ ኣምላኽ ነቶም ዘፍቅርዎ ኣዳልይሎም ኣሎ ፣
(1ቆሮ2፡፡9)

እምበኣር እዛ ንእሽቶ መምርሒት ፡፡ ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ብመንገዲ ቤተክርስቲያኑ ኣቢሉ ዝገለጾ ሓቅታት ብዛዕባ ኣምላኽን እቲ ዘወፈየልና ናይ ሓጎስ ህያብ ትገልጽ ኢያ ፣ እቲ ሓቀይና ትርጉም ሕይወት ከኣ እዚ ኢዩ ፣

## 2. ፍጥረትን ውድቀትን

ፍጥረት እንታይ ኢዩ?

| |
|---|
| ፍጥረት፦ ኣምላኽ ብነጻነት (ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ/ድፍኢት) ንኹሉ ህሉው ነገራት ካብ ዘይምህላው ዘምጸኣሉ ምርኡይ ተግባር ኢዩ፣ |

## ፍልስፍናን ስነ ፍልጠትን እንታይ ይብሉ?

ፍልስፍና ፦ እዛ ኣድማስና ሓደ ምንጪ ክህልዋ ግድን ምዃኑ እኳ እንተገለጸ፡፡ ካብ ዘለዓለም ምንባራን ዘይምንባራን ግና ክነግረና ኣይኽእልን ኢዩ ፣

ብመሰረት “ዓቢይ ተኹሲ/ተፈንጃሪ” (big bang) ዝብሃል ስነ ሓሳብ (ብመጀመርያ ብሓደ ሞንሲኞር ጆርጅ ለማይት ዝተባህሉ ካቶሊካዊ ካህን ዝማዕበለ መርገጺ)፡፡ እዛ ኣድማስ ካብ ሓደ ጥርኑፍ ፡፡ ጥንታውን ተተኻስን ንጥረ ነገር ዝማዕበለት እያ ፣ እንተኾነ ስነ ፍልጠት እውን ኪንዮ'ዚ ግዙፋዊ ዝኾነ ምንጪ ክድህሰስ ኣይክእልን ኢዩ ፣

ኣምላኽ ግና ኣድማስ መጀመርታ ከም ዘለዎን ። ካብ ኢምንት ማለት ካብ ዘይህልውና ከም ዝተፈጥረን ገሊጹልና ኢዩ። “ብመጀመርታ እግዚኣብሔር ሰማይን ምድርን ፈጠረ፣” (ዘፍ1፥1)

## ፍሉይነት ደቂ ሰባት ኣብ ምንታይ ኢዩ?

ቅ.መጽሓፍ ከም ዘረጋግጾ፦ ደቂ ሰባት ግዙፋዊ ኣካልን መንፈሳዊት ነፍስን ስለ ዝውንኑ ፍሉያት ኮይኖም ይርከቡ ፣ ነፍሲ ወከፍ ብቐጥታ ብእግዚኣብሔር ኢያ ትፍጠር ፣ ደቂ ሰባት እምበኣር ብገዛእ ርእሶም ዝቐሙ ኣካላት ደኣ እምበር ነገራት ወይ እንስሳታት ጥራይ ኣይኮኑን ፣ ስለዚ ድማ ዝዓበየ ክብርን ግምትን ክውሃቦም ይግባእ ፣

ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ዝርከብ ትረኻ ስለ ፍልጥታዊ ጽሑፍ ዘይኮስን ። ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ፍጥረትን ብዛዕባ ምንጭናን ክገልጸልና ዝተጠቕሙሉ ኣገባብ ኢዩ ፣ እዚ ኣገባብ እዚ ። ኣምላኽ ኣብ ሓደ ጊዜ ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን ብግዙፋዊ ኣካልን ካብቶም ምስኣቶም ዝነበሩ እንስሳታት ፍሉያት ብእትገብሮም መንፈሳዊት ነፍስን ከም ዘቖሞም ይገልጸልና ፣ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት እዞም ወለዲ ዓሌት ወዲ ሰብ ኣዳም ማለት ሰብ ከምኡ'ውን ሔዋን ማለት ኣደ ኩሎም ሕያዋን ተባሂሎም ይጽውዑ (ዘፍ1፥20)፣ እዚ ትምህርቲ'ዚ ነቲ 'ኣካላት ወዲ ሰብ ካብ ኣቐዲሙ ዝነበረን ሕያው ዝኾነን ነገር ዝመጸ ኢዩ' ዝብል ትምህርተ-ፍልቀት (evolution) ኣይነጽጎን ኢዩ ፣

ኣምላኽ። ንኣዳምን ሔዋንን ፦ ብዘይ ዝኾነ ጉድለትን ምስ ፍሉያት ህያባትን ከም ዝፈጠሮም ገሊጹ ኢዩ ፣ እዞም ህያባት፡ነጻነት ካብ ዘይስሩዓት ድሌታት። ኢመዋቲ ኣካል ። ነጻነት ካብ ስቓይን ። ልዕለ-ንቡር ዝኾነ ህያብ ፍልጠትን የጠቓልሉ፣ልዕሊ ኩሉ ኣምላኽ ። ምስኡ ዓሚቝ ዕርክነት ከስተማቕሩ ዘኽእሎም ጸጋ ሂብዎም ኢዩ ፣ እዚ ርክብ (ዕርክነት) እዚ ድማ በቲ ፍጹምን ዘለዓለማውን ርእዮተ ኣምላኽ ኢዩ ፍጽምናኡ ዝረክብ ፣

ኩሎም እዞም ህያባትን ጸጋታትን ናብ ኩሎም ዘመደ ኣዳም (ነዓና ወሲኽካ) ክመሓላለፉ ኢዩ ዝግባእ ዝነበረ ፣

## ውድቀት እንታይ ኢዩ?

| |
|---|
| ውድቀት። እቶም ቀዳሞት ወለዲ ዓሌት ሰብ ብነጻነቶም ንኣምላኽ ዘይምእዛዝን ናቱ ሳዕቤን ዝኾነ ስቓያትን ንገዛእ ርእሶምን ንኹሎም ወለዶታቶምን ዝመረጹሉ ኩነት ኢዩ ፣ |

## ናይ ውድቀት ኩነት ከመይ ነበረ?

ግልጸት ዘብራርሃልና ነገር እንተሎ። መሰረት ናይዚ ኩሉ ኣብ ዓለምና ዝረአ ዘሎ ዘይምርግጋእ፦ እቲ ውልቃዊ ሓጢኣት ቀዳሞት ኣበው ዓሌት ሰብ ምዃኑ ኢዩ ፣ እዚ ናይ ውድቀት ኩነት ብእግዚኣብሔር ተገሊጹስ ። ኣብ መጽሓፍ ኦሪት ዘፍጥረት እውን ብምሳልያዊ ኣገባብ ቀሪቡ ንረኽቦ ፣ ናይዚ ኩነት እዚ ካልኦት መግለጺታት እውን ። ኣብ ገለ ብዛዕባ ፍጥረት ዝዛረብ። ብሓጢኣት ብጥቕላሉ ዘይኮነ ። ብዛዕባ'ቲ ሓቀይና ታሪኻዊ ኩነት ዝገልጹ ጥንታውያን ባህልታት ክርከብ ዝከኣል ኢዩ ፣
ቅ. መጽሓፍ ከም ዝምህረና ። ቅድሚ ውድቀት ደቂ አባት ። መላእኽቲ ናይ ዝተባህሉ መንፈሳውያን ፍጥራት ውድቀት እውን ኣጋጢሙ ኢዩ ፣ ኣብ መጽሓፍ ኦሪት ዘፍጥረት ። መራሒ ናይዞም ዓለውቲ መላእኽቲ ዝኾነ ሰይጣን (ዲያብሎስ)። እቲ ንወዲ ሰብ ናብ ዘይምእዛዝ ንክወድቕ ዝፈተኖ ተመን ኮይኑ ቀሪቡ ኣሎ ፣ እታ ንወዲ ሰብ ተዋሂባ ዝነበረት ምርጫ ። ሓንቲ ቀላል ዝኾነት ናይ ተኣምኖ ስራሕ ንኣምላኽ ኢያ ነይራ ፣

| |
|---|
| እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንሰብ ከምዚ እናበለ ኣዘዞ፦ “ካብ ኩሉ ኣብዚ ገነት ዘሎ ኣእዋም ክትበልዑ ነጻ ኢኹም፣ ካብዛ ጽቡቕን ሕማቕን እተፍልጥ ኦም ግና ከይትበልዑ፣ ካብታ ኦም ብእትበልዑላ ዕለት ክትሞቱ ኢኹም፣” (ዘፍ2፥16-17) |

እቲ ተመን ግና ነቶም ቀዳሞት ወለድና ሓሲዩ ብምትላል ፈተኖም ፣ ንሶም ድማ ካብታ ገረብ ብምብላዕ ትእዛዝ ኣምላኽ ኣፍረሱ ፣

## ፍረ ውድቀት እንታይ ነበረ?

ኣዳምን ሔዋንን ብሓጢኣቶም ። ነቲ ተዋሂብዎም ዝነበረ ፍሉይ ህያብን ናይ ፍጽምና ኩነትን ። ምስ ኣምላኽ ዝነበሮም ዓሚቝ ዕርክነትን ። ከምኡ'ውን ነቲ ተዋሂብዎም ዝነበረ ተስፋ መጻኢ ሕይወት ኣብ ሰማያት ኣጥፍእዎ፣ ንሕና እውን ከም ደቁ መጠን ። ነዞም ዝስዕቡ ካብ ኣዳም ወረስና።-

1. ጥንተ ኣብሶ። ሳዕቤን ሓጢኣት ኣዳም ከም ኣቦና መጠን ፣
2. ክፉእ ሓሳብን ስርዓት ኣልቦነትን። ሞት ዝመወዳእቱ ናይ ስቓይን ድንቅሩናን ዘይዕጋበትን ሕይወት ፣
3. ጸጋ-ኣልቦ ኩነት። ውህደት ምስ እግዚኣብሔርን ተስፋ መንግስተ ሰማያትን ዘይብሉ ሕይወት ፣

## ድሕሪ'ቲ ውድቀት ተስፋ ነይሩ'ዶ?

ዘይከም እቶም ዝወደቑ መላእኽቲ ። ዓሌት ሰብ ንዘለዓለም ክጠፍእ ኣይተፈርዶን ፣ ከመይ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ካብ ሓጢኣትን ሞትን ዘዋጽእ(ዘገላግል) መንገዲ ድሕነት ኣተስፊዩ ኢዩ ፣ ኣብዚ ብእግዚኣብሔር ዝተወሰነ መደብ ታሪኽ ድሕነት እምበኣር። ሓደ መዓልቲ ። ሓደ ሓዲሽ ኣዳምን ሓንቲ ካልኣይቲ ሔዋንን ክመጽኡ ምዃኖም ተተስፊወ ፣

“ከምኡ ድማ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ሰበይትን ። ኣብ መንጎ ውሉዳን ውሉድ  ካብ ጽልኢ ከንብር ኢዩ ፣ ንሱ ርእስካ ክጭፍልቕ ኢዩ ንስኻ ድማ ሸኾናኡ ክትሃርም ኢካ፣” (ዘፍ3።15)

## 3 . ታሪኽ ድሕነት

## ታሪኽ ድሕነት እንታይ ኢዩ?

ታሪኽ ድሕነት ዝበሃል። እግዚኣብሔር ንደቂ ሰባት ድሕሪ ውድቀቶም ካብ ሓጢኣትን ሞትን ከድሕኖም ኢሉ ዝወሰኖ መደብ ደረጃ ብደረጃ ዝግለጸሉ መስርሕ ኢዩ ፣ እዚ መደብ’ዚ ንመላእ ታሪኽ ዓለም ትርጉም ከም ዝህልዎ ዝገብር ኢዩ ፣

## ታሪኽ ድሕነት ብኸመይ ኢዩ ዝግለጽ?

ድሕሪ ውድቀት ። ወዲ ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ዝነበሮ ርክብ ከሰሮ። ብሓጢኣትን ሞትን ተሳቐየ፣ እንተኾነ እግዚኣብሔር ብመገዲ ዝተፈላለዩ ኪዳናት (መብጽዓታት) ። ምስ ወዲ ሰብ ንዝነበሮ ርክብ ከም ብሓዲሽ መስረቶ እሞ ንምጽኣት  እቲ ንእስራኤል ንመላእ ዓለምን ድሕነት ዝነበሮ ‘መሲሕ’ ዝኾነ ኢየሱስ ድማ መንገዲ ኣሰናደወ ፣

## ኪዳን እግዚኣብሔር ምስ ኖህ

ድሕሪ ውድቀት ኣዳምን ሔዋንን። ዋላ’ኳ ዓሌት ሰብ ብምሉኡ እንተ ተበላሸወ ። ሓደ ኖህ ዝተባህለ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞገስ ረኸበ (ዘሐጉስ ኣካይዳ ነበሮ) ፣ ስለዚ እግዚኣብሔር ንኖህ ። ሓንቲ ንስድራቤቱን ገለ እንስሳታትን ። ካብቲ ንዓለም ክቐጽዕ  ክመጽእ ዝነበሮ ማየ-ኣይሂ ዘድሕነላ መርከብ ክሰርሕ ነገሮ ፣ ድሕሪ’ቲ ህቦብላዊ ማይ ድማ እግዚኣብሔር ። ሕይወት ወዲ ሰብ ክሳብ መወዳእታ ክዕቅብን ። ዕድል ድሕነት ድማ ንኹሉ ክኸፍትን ምኳኑ ኪዳን ኣተወሉ፣

እግዚኣብሔር ንኖህ ዝኣተወሉ ኪዳን ። ኣብቲ “ክሳዕ መወዳእታ ዓለም” (ማቴ28።20) ምሳና ህሉው ዝኾነ ክርስቶስ ፍጹም ምል ኣቱ ረኸበ ፣ መርከብ ኖህ ድማ ። ናይታ ንምእመናን ጸይራ ናብ ድሕነት እተብጽሕ ቤተክርስቲያን ኣምሳል ኢያ ፣

## ኪዳን እግዚኣብሔር ምስ ኣብርሃም

እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ። መሬት ክህቦ ። ሕዝቢ (ሃገር) ክገብሮ ንዓለም ድማ ብመንገዱ ክባርኽ ምኳኑን ብምትስፋው ሃገሩ ገዲፉ ክወጽእ ጸውዖ ፣ ኣብርሃም ድማ ንእግዚኣብሔር ብምእማን ኣብታ ምድረ ተስፋ ሰፈረ’ሞ ኣቦ ኣይሁዳውያን ድማ ኮነ ፣

እግዚኣብሔር ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ኪዳን ኣብ ክርስቶስ ፍጹም ምልኣቱ ረኸበ ፣ እግዚኣብሔር ብመንገዱ (ብመንገዲ ክርስቶስ) ዝደሓነት ሃገር-ቤተክርስቲያን መስረተ። ዘለዓለማዊ ዓዲ (homeland) ሃበና ። ንኹሉ ሕዝቢ ድማ ባረኾ ፣

## እግዚኣብሔር ብመገዲ ሙሴ ዝኣተዎ ኪዳን እንታይ ነበረ?

ኣብርሃም ንይስሓቅ ወለደ’ሞ ። ይስሓቅ ድማ ነቲ 12 ደቂ ዝወለደ’ሞ ንሳቶም ድማ ናይቶም 12 ነገደ እስራኤል ኣበው ዝኾኑ ።ያዕቆብ ወለደ ፣ ካብዞም 12 እቶም 11 ብጊዜ ረሃብ ናብቲ ኣብ ግብጺ ስልጣን ዝነበሮ ዮሴፍ ሓዎም ተዓቚቡ ፣ ኣብኡ ድማ ኣዚዩ ብዙሕ ሕዝቢ ኮኑ ፣ ድሕሪ ገለ ኣዝማን እቶም ግብጻውያን። ልዕሊኦም ከይኮኑ ብምፍራሕ ነቶም እስራኤላውያን ክገዝእዎም ጀመሩ ፣ እግዚኣብሔር ድማ ነዞም ሕዝቡ ነጻ ከውጽኦም ። ሕጊ ክምህሮም ናብታ ምድረ ተስፋኦም ድማ ክመልሶም ንሙሴ ኣተንስኣሎም ፣

ብሙሴ ዝጀመረ ስራሕ እግዚኣብሔር ። ኣብቲ ካብ ባርነት ሓጢኣት ነጻ ኣውጺኡ ሓዲስ ሕጊ-ጸጋ ዝሃበና እግዚኣብሔር ፍጹም ምልኣቱ ረኸበ ፣ ናብታ ምድሪ ተስፋና ዝኾነት መንግስተ ሰማይ ንኽብጽሓና ነታ ሓዳስ እስራኤል ዝኾነት ቤተክርስቲያኑ ኣብ ልዕሊ እቶም 12 ሓዋርያቱ መስረታ ፣

## እግዚኣብሔር ምስ ዳዊት ዝኣተዎ ኪዳን እንታይ ነበረ?

እስራኤላውያን ምድረ ተስፋ ድሕሪ ምውራሶም ። ሕጊ ኣምላኽ ብምፍራስ ኣብ ሓጢኣትን ቅልውላውን ወደቑ ፣ በተን ኣብ ከባቢኦም ዝነበራ ሃገራት ብምቕናእ። ንሳሙኤል ንጉስ ክቐብኣሎም ሓተትዎ ፣ እቲ ቀዳማይ ንጉሶም ሳኦል እሙን ኮይኑ ስለ ዘይተረኽበ ድማ እግዚኣብሔር ንዳዊት መረጸሎም ፣ ንዳዊት ድማ ሓደ ካብ ዓሌቱ ንዘለዓለም ክነግስ ምኳኑ ኪዳን ኣተወሉ ፣

እዚ እግዚኣብሔር ንዳዊት ዝኣተወሉ ኪዳን ። ኣብቲ ወዲ ዳዊትን ንግስነቱ ዘየብቅዕ ንጉስን ዝኾነ ኢየሱሱ ምል ኣቱ ረኸበ ፣

## ነቢያት ብዛዕባ እንታይ ኢዮም ተስፋ ሂቦም (ተነቢዮም)?

ሰሎሞን ወዲ ዳዊት ፡፡ ዋላ'ኳ ቤተ መቕደስ እንተሃነጸ። ሕጊ ኣምላኽ ግና ኣፍረሰ፣ ሰዓብቱ(ነገስታት እስራኤል) ንንግስነቱ። ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ፡፡ ኣብ ክልተ ከፈልዋ፣ ኣብ ዝቐጸለ ኣዝማናት ድማ ፡፡ እታ ሰሜናዊት ግዝኣት ተደምሰሰት ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ብ597ዓ.ዓ. ኢየሩሳሌምን መላእ ደቡባዊ ግዝኣትን ብባቢሎናውያን ተታሕዘት እሞ። ብዙሓት ካብ ሕዝባ ድማ ምርኮ ተወስዱ ፣ እዚ ኩሉ እንኪኸውን ፡፡ እግዚኣብሔር ንኸም ኤልያስ። ኢሳይያስ። ኤርምያስን ሕዝቅኤልን ዝኣመሰሉ ነቢያቱ ይሰድድ ነበረ ፣ እዞም ነቢያት እዚኣቶም ነቲ ሕዝቢ ክንሳሕን(ክምለስ) ፡፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ሰላምን ከንግስን ይጽውዕዎ ነበሩ ፣ ብተወሳኺ እውን ነቲ ክኸውን ዝነበሮ ድሕነት። ነቲ ሓዲሽን ዘለዓለማውን ኪዳን ፡፡ ነቲ መሲሕ ወይ ክርስቶስ እቲ "ቅቡእ" ነቲ ሓጢኣት ብዙሓት ክጸውር ዝነበሮ "ዝሳቐ ኣገልጋሊ" ተነበዩ ፣

| |
|---|
| እግዚኣብሔር ኪድሕነና ብመንገዲ ነቢያቱ ዝኣተዎ ተስፋ። ኣብታ ብክርስቶስ ዝተኣወጀት ንግስነት ፍጹም ምልኣቱ ረኸበ ፣ |

## ምስክርነት ዮሓንስ መጥመቕ ብዛዕባ እንታይ ኢዩ ዝነበረ ?

ሽሕ'ኳ ኣይሁዳውያን ካብ ስደት ባቢሎን እንተ ተመልሱ። ንጉስ ግና ኣይነበሮምን ፣ ስለዚ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ፈሪሳውያን። ሮማውያን ግሪኻውያንን ጸንሑ ፣ ኣብ መወዳእታ ፡፡ እቲ ናይ መጨረሻ ነቢይ ዮሓንስ መጥመቕ ፡፡ ነቶም ሕዝቢ ክንስሑን ነቲ ብጭቡጥ ቀሪቡ ዝነበረ ምጽኣት መሲሕ ክሰናደውን ከዘኻኽሮም ተገልጸ ፣

| |
|---|
| መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ። ኀደናታቱ'ውን ኣቕንዑ ፣ (ማቴ3፡3) |

## 4. ትስብእቱ

ትስብእቲ እንታይ ማለት ኢዩ?

| |
|---|
| ትስብእቲ እንክንብል እግዚኣብሔር ወልድ ፡፡ ንድሕነትና ክብል ባህርይ ሰብ ከም ዝለሰበ ማለትና ኢዩ፣ |

እዛ 'ትስብእቱ' እትብል ቃል ፡፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰብ ጥራይ። ወይ ፍጹም ሰብ ወይ ድማ ቅዱስ ዘይኮነስ። ንኸድሕነናን ናብ ኣምላኽ ንኽመልሰናን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ምዃኑ ትገልጸልና ፣

## ልደት ኢየሱስ ከመይ ነበረ?

እቲ ናይ መልኣኽ ብስራት ፡፡ እግዚኣብሔር ኣብ ብመንገዲ ገብርኤል መልኣኽ ፡፡ ንድንግል ማርያም ኣደ ወዱ ንኽትከውን ዝሕተተሉ ታሪኻዊ ኩነት ኢዩ ፣ እታ ሽዑኡን ወትሩን ድንግል ዝኾነት ቅ.ማርያም ድማ ፡፡ ብኸመይ ክትጸንስከም እትኽእል ገሪምዋ ሓተተት ፣ እቲ መልኣኽ ድማ እቲ ሕጻን ብተኣምራት ከም ዝጽነስ ከምዚ እናበለ ይነግራ።-

| |
|---|
| "መንፈስ ቅዱስ ናባኺ ክመጽእ። ሓይሊ እቲ ልዑል እውን ክጽልለኪ ኢዩ፣ ስለዚ እቲ ካባኺ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ክስመ ኢዩ፣" (ሉቃ1፡35) |

ማርያም ከኣ ኣደ ኣምላኽ ክትከውን በዚ ከኣ ንድሕነትና መንገዲ ክትከፍት ነጻ ድላያ ሃበት ፡፡-

| |
|---|
| "ማርያም ከኣ 'እነኹ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር ኢየL ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነኒ በለት" (ሉቃ1፡38) |

ንጉስ ኣውጉስጦስ ቆጸራ ሕዝቢ ክካየድ ኣብ ዝኣዘዘሉ ዘመን ድማ ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም ከተማ ዳዊት ተወልደ፣ እዚ ልደት እዚ ኢና ድማ ኣብ "በዓል ልደት" (Christmas) እንጽንብሎ ፣

| |
|---|
| ኣብኡ ከለው ከኣ ጊዜ ሕርሳ በጽሐ፣ በዂሪ ወዳ ወለደት። ብጭርቕቲ እውን ጠቕለለቶ፣ ኣብቲ መሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ፣ (ሉቃ2፡6-7) |

[1]ዓ.ዓ ነቲ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ኣቆጻጽራ (B.C.) የመልክት ፣

### መጸውዒ ኣስማት ኢየሱስ

1. **ኢየሱስ**፡- እዛ ካብ ዕብራይስጢ ዝመጸት ቃል ፡፡ "ኣምላኽ የድሕን" ማለት ኮይና ፡፡ ንዕላማ ትስብእቲ ጽቡቕ ገይራ ትገልጾ ፣
2. **ክርስቶስ**፡- ካብ ግሪኽ ዝመጸት ቃል ኮይና "ቅቡእ " ማለት ኢያ ፣ ንካህን ነቢይ ወይ ድማ ንንጉስ ከኣ ከም ቅጽል ኮይና ተገልግል ፣ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተነግረ "መሲሕ" ንምግላጽ ድማ ተገልግል ነበረት ፣
3. **ጎይታ**።- ካብ 'ኪርዮስ' እትብል ግሪኻዊት ቃል ዝመጸት ኮይና ፡፡ ኣብ ቅ. መጽሓፍ ንእግዚኣብሔር ከም

መጸውዒት ኮይና ተገልግል ፣

4. **ወዲ ኣምላኽ።-** መጸውዒ ናይቲ መሲሕ ኮይና ። ንመለኮታውነት ኢየሱስ ክርስቶስ እተነጸር ስም ኢያ ፣
5. **ወዲ ሰብ።-** መጸውዒ ናይቲ መሲሕ ኮይና ። ንሰብኣውነት ኢየሱስ ክርስቶስ እተነጸር ኢያ ፣
6. **ወዲ ዳዊት ።-** እዛ ስም እዚኣ ። ኢየሱስ እቲ ወራሲ ንጉስ ዳዊት ብምዃን ኣብ ልዕሊ እታ ሓዳስ እስራኤል ዝኾነት ቤተ ክርስቲያን ንዘለዓለም ክነግስ ከም ዘለዎ ዝተተንበየሉ ምዃኑ እተነጸር ስም ኢያ ፣

## ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ

መለኮታውነትን ሰብኣውነትን ኢየሱስ ክርስቲስ ኣብ ዘመን ምድራዊ ሕይወቱ ተገሊጸን ኢየን ፣ ኤልሳቤጥ ንማርያም "ኣደ ጎይታይ" እናበለት ሰላም በለታ፣ እቶም ሰብኣ ሰገል እውን ኣብ ጊዜ ልደቱ ። 'ከሰግዱሉ/ከምልኽዎ" መጽኡ፣ ወንጌል ዮሓንስ ድማ እቲ 'ቃል' ማለት እግዚኣብሔር "ስጋ ኮነ" እናበለ ይባገር ፣

### ትስብእቱን ጸሎተ ሃይማኖትን

ጸሎተ ሃይማኖት ዘኒቅያ (325ዓ.ም.) ጥንታዊት ጽሚቕ እምነት ክርስትና ኢያ ፣ ንኽልቲኡ ባህርያት ክርስቶስ ድማ ትገልጽ፣

## ኢየሱስ ፍጹም ኣምላኽ ኢዩ

| ጸሎተ ሃይማኖት | መግለጺ |
| --- | --- |
| ብሓደ ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእምን። ንሱ ንብሕቱ ወዲ ኣምላኽ ። ካብ ዘለዓለም ካብ ኣብ ዝተወልደ። ኣምላኽ ካብ ኣምላኽ ። ብርሃን እንካብ ብርሃን ኡነተይና ኣምላኽ እንካብ ኡነተይና ኣምላኽ። ዝተወልደ<br>እምበር ዘይተፈጥረ። ብህላዌኡ ምስ ኣብ ትኽክል ዝኾነን ኩሉ በኣኡ ዝተፈጥረን ኢዩ ፣ | ንሱ (ኢየሱስ) ዝነበረን ዘሎን ። ንዘለዓለም ከኣ ምስ ኣብን መንፈስ ቅዱስን ኣምላኽ ኢዩ ፣<br>ተወሊዱ ደኣ እምበር ኣይተፈጥረን ፣ መለኮታዊ ኣካል ደኣ<br>እምበር ከማና ፍጡር ኣካል ኣይኮነን ፣ ኩሉ ዝተፈጥረ ዘበለ<br>ድማ በኣኡ ኢዩ ኮይኑ (ተፈጢሩ) |

### ኢየሱስ ፍጹም ሰብ ኢዩ

| ጸሎተ ሃይማኖት | መግለጺ |
| --- | --- |
| ምእንታና ምእንቲ ድሕነት ሰብ ካብ ሰማይ ዝወረደ ።<br>ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ካብ ቅ.ድንግል ማርያም<br>ስጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ ፣ | ሰብኣውነት ምስ (ኣምላኽነት) መለኮታውነት ንዘለዓለም ንኽወሃሀዶ። ኣብ ኩሉ ሕይወት ሰብ እናተሳተፈ ከሎ ። ስግው ኣምላኽ ምዃኑ ከኣ ከይገደፈ ። ሰብ ማለት ስጋን ነፍስን ኮነ ፣ |

ነዚ ምስጢረ ስጋዌ'ዚ ካብ ዘይምርዳእ ዝተላዕሉ ጊጉያት ትምህርታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ።-

ዲሰቲዝም።- ኢየሱስ ሰብ 'ተመሲሉ' ደኣ ይረኣ እምበር ፍጹም ሰብ ኣይኮነን ዝብል ፣

ኣርያኒዝም (ትምህርተ ኣርዮስ)። - ኢየሱስ ፍጹም ኣምላኽ ምኳኑ ዝነጽግ ፣

ትምህርተ ንስጥሮስ።- ኢየሱስ ሓደ ዘይኮነስ ክልተ ዝተጠራነፉ ኣካላት ኢዩ ዝብል ፣

## ትስብእቱን ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያምን

"ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያም እትብል ጸሎት ክርስትና። ቃላት ገብርኤል መልኣኽን ቅ.ኤልሳቤጥን ኣወሃሂዳ "ኣደ ኣምላኽ"
ዝብል መጸውዒ ቅጽል ወሲኻ ዝቖመት። ኣብ ምስጢረ ስጋዌ ዝተመስረተት ጸሎት ኢያ፣

ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ ። እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ። ናይ ከርስኺ ፍረ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ ኢዩ ፣ ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ለምንልና ነዓና ኃጣኣን ሕጂን ብጊዜ ሞትናን ። ኣሜን!

## 5. ሕይወት ክርስቶስ

ሕይወት ክርስቶስ እንታይ ማለት ኢዩ?

ሕይወት ክርስቶስ እንክንብል ። እቲ ስጋ ዝለበሰ ወዲ ኣምላኽ ካብ ጽንሰቱ ጀሚሩ ክሳብ ዕርገቱ ንዘሕለፎ ሕይወት ኢና ነመልከት፣

## ቀንዲ ፍጻሜታት ሕይወት ክርስቶስ

## ጽንሰትን ልደትን (6ዓ.ዓ.)

እዚ እቲ ኣብ ናዝሬት ዝኾነ ተኣምራታዊ ጽንሰቱን ። እቲ ብድኽነት ኣብ መብልዕ ማል ዝተፈጸመ ልደቱን ኢዩ ፣

ሕቡእ ሕይወት (ክሳብ 24 ዓ.ም.)

ከም "ወዲ ጸራቢ" እንተፈልጠ ኣብ ናዘሬት ዘሕለፎ ሕይወት ፣

ሕዝባዊ ኣገልግሎት (ክሳብ 27 ዓ.ም.) (public ministry)

መንግስቲ ኣምላኽ እናሰበኸ። ትእምርትን ተኣምራትን እንዳፈጸመን ንቤተክርስቲያኑ ክምስርትን ዘሕለፈን 3 ዓመታት

ሞት። ትንሳኤ። ዕርገት (27ዓ.ም.)

ናብ ጨካን ፍርዲ ስቕለት መስቀል ምውፋዩን ። በጃ ሓጢኣት መስዋዕቲ ምኳኑን ። ትንሳኤኡን ናብ ክብሪ ምዕራጉን ፣

ሎሚ ዘሎ ኣቆጻጽራ ዓመታት። ኣብ ምጽኣት ክርስቶስ ዝተመርኮሰ ኢዩ ፣ "ዓ.ዓ" ዝብል ነቲ ቅድሚ ልደቱ ዝነበረ ዘመን እንከመልከት ። ዓ.ም. / ዓመተ እግዚእነ ከኣ ነቲ ቀጻሊ ንግስነቱ ዘመልከት ኢዩ ፣

### ሕዝባዊ ኣገልግሎት ኢየሱስ ክርስቶስ

### ኢየሱስ መንነቱ ገለጸ

ኢየሱስ። ነቲ ምስ ኣብ ዘለዎ ፍሉይ ርክብ ። ንሱ ንብሕቱ ወዲ ኣምላኽ ከም ምኳኑ ብምንጋሩ ገለጸ ፣ (ማቴ21።33-41, ማቴ11።27) "ኣብርሃም ከይተወልደ ከሎ 'ኣነ ኢየ' " ብምባሉ ድማ ። ነቲ እግዚኣብሔር ንሙሴ ዝገለጸሉ ስሙ ንዕኡ ከም ዘመልከት እናነገረ። ነቲ ዘለዓለማዊ ህልውናኡን ኣምላኽነቱን ኣረድአ ፣ ዓበይቲ ተኣምራታት ብምፍጻምን (ማቴ8።26) ሓጢኣት ብምሕዳግን ('ወደየ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኢዩ') ማር2።5) ድማ ነቲ መለኮታዊ ሓይሉ ኣርኣየ፣

### ኢየሱስ ብዛዕባ ተልእኮኡ ኣረድአ

ኢየሱስ ንድሕነት ዓለም ክመውት ከም ዝነበሮን (ዮሐ12።32) ። ኣብቲ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሕይወት ተሳተፍቲ ክገብረና ከም ዝመጸን ኣረድአ (ማቴ28።19) ፣ ነቲ መንገዲ መንግስተ ሰማያት ናይ ምኽፋት ስርሑ። በቲ ሓጢኣት ብምሕዳግን ኣጋንንቲ ብምውጻእን ሕሙማን ብምፍዋስን ዘርኣዮ ዓወቱ ኣብ ልዕሊ ሞት ገለጾ (ማቴ10።7-8)፣

### ኢየሱስ ነቲ ሓዲስ ትምህርቱ መሃረ

ኢየሱስ ብምስላ ገይሩ ይምህር ነበረ ፣ ኣውራ ግና " ናይ እምባ ስብከቱ" ገሩ መሃረ ፣ እታ ካብ ኩለን ዝዓበየት ትእዛዝ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ፍቕሪ ብጻይን ምኳና ድማ ብቓሉን ብኣብነቱን ኣርኣየ (ማቴ22።36-39) ፣ ቀቅድሚ ምሟቱ። ንደቂ መዛሙርቱ ።ከምቲ ኣነ ዘፍቀረኩኹም ነንሕድሕድኩም ተፋቐሩ" (ዮሐ13።34) ብምባል ሓዲስ ትእዛዝ ሃቦም ፣ እዛ ፍቕሪ እዚኣ ኣብቲ መለኮታዊ ፍቕሩ ብምንባር እንተዘይኮይና ክትትግበር ዘይትክኣል ኢያ ፣

ኢየሱስ ቤተክርስቲያኑ መስረተ

ነቶም 12 ሓዋርያት ብምሕራዩ ኢየሱስ ነታ ሓዳስ እስራኤል (ማቴ10።2) ዝኾነት እትርአ ቤተክርስትያኑ መስረተ፣ ንጴጥሮስን ነኻልኦት ሓዋርያትን ድማ። "ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩሞ ኣብ ሰማይ እሱር ክኸውን ኢዩ" (ማቴ16።19) እናበለ ከመሓድሩን ክምህሩን ስልጣን ሃቦም ፣ ብተወሳኺ እውን "እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ" ብምባል ሓዲስ ምስጢራዊ ስርዓታት (new sacramental rites) ሃቦም፣ እዞም ስርዓታት እዚኣቶም። ነቶም ጥንታውያን ናይ ኣይሁድ ስርዓታት ብምትካእ ብጥምቀት ዳግም ክንውለድን ሓዲስ ናይ ጸጋ ሕይወት ክንነብርን የኽእሉና ፣

ንኢየሱስ ክርስቶስ ምፍላጡ

ንኢየሱስ፡ በእምሮናን በቲ ናብ ቀጥታዊ ዕርክነት ዝመርሓና ጸጋ እምነትን ገይርና ንፈልጦ ፣

ንኢየሱስ በእምቶ ምፍላጡ

ንሕይወት ኢየሱስ ትምህርቱን፡ ናይቲ ዝነብረሉ ዝነበረ ዓለም ሃዋትን በእምሮ ብዝተደገፈ መጽናዕቲ ገይርና ክንበጽሖ ንኽእል ኢና ፣ እቲ ዝዓበየ ቅጺ ናይ ጽሑፍ ታሪኽ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዘቅርቡልና ፡እቶም 27 ናይ ሓዲስ ኪዳን ሰነዳት ኢዮም፣

ከም በዓለ ጆሰፉስን ታሲቱስን ዝኣመሰሉ ዘይክርስትያን ጻሓፍቲ ናይቲ ዘመን እውን ብዛዕባ ኢየሱስ ገለ ይብሉ ኢዮም ፣

ኩሎም መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ካብቲ ሕዝባዊ ኣገልግሎት ኢየሱስ ዘኽተመሉ ጊዜ ዝርከብ 20 ክሳብ 70 ዓመታት ኣቢሎም ኢዮም ተጻሒፎም ፣ በታ ጥንታዊት ቤተክርስቲያን ድማ ብሓዋርያን ከም ዝተጻሕፉ ኢዮም ዝቕበሉ ነይሮም፣
እቶም 4 ወንጌላውያን ብዛዕባ ፍጻመታት ሕይወት ኢየሱስ ዝሰማማዕ ጭብጥታት የቕርቡልና ፣ ዋላ'ኳ ዝሰማማዕ መግለጺታትን መሳርዓትን ይከተሉ ። ብዛዕባ ኢየሱስ ሓደን ንጽርን ዝኾነ ሓሳባት ኢዮም ዝህቡና ፣

ንኢየሱስ ብእምነት ምፍላጡ

ንኢየሱስ በታ መልዕልተ ባህርያዊት ህያብ ዝኾነት እምነት እውን ንፈልጦ ኢና ፣ እዚ ነቲ መለኮታዊ መንነቱ ክንርዳእን ። ኣብቲ መድሕን ተልእኮኡ ክንኣምንን የኽእለና ፣ ነቲ ምስኡ ዘሎና ርክብ እምበኣር ። ኣብ ወንጌል ምስ ዘሎ ገጸ ባህርያቱ ብምልላይ " ብጸሎት፡ ብቅ. ቁርባን ብምቕባሉን ነናባብራና ምስቲ ናቱ መስርዕ (ቅዲ) ኣነባብራ ብምስምማዕን ኢና ከነደንፍዖ እንኽእል ፣ እዚ ከምዚ ዝበለ ፍልጠት ድማ ። ከም ሕያው ጎይታ መጠን፡ ምስኡ ርክብ ክንፈጥር ይዕድመና ፣

## 6. ምስጢረ ፋሲካ

ምስጢረ ፋሲካ ዝበሃል፡ እቲ ኢየሱስ በኣኡ ኣቢሉ ካብ ሓጢኣትና ዝፍውሰናን ውሉድ እግዚኣብሔር ክንከውን ዘኽእለናን ሕማማቱ፡ ሞቱን ትንሳኤኡን ኢዩ ፣

### ሕማማት ኢየሱስ

ሕማማት ዝበሃል ፡እቲ ኢየሱስ ከም መስዋዕቲ ዝተቐበሎ ስቓያቱን ኣብ ቀራንዮ ዝተፈጸመ ስቕለቱን ኢዩ ፣ ኢየሱስ እዚ ነገራት እዚ ክኸውን ከም ዝነበሮ ኣቐዲሙ ነጊሩ ነይሩ ኢዩ ፣ ንደቂ መዛሙርቱ ከኣ ነዚ ምእንትኡ ድሕነት ዓለም ከም ዝገብሮ ገሊጽሎም ነይሩ ኢዩ (ማቴ20፡18)፣

ድሕሪ'ታ ናይ መወዳእታ ድራሩ ። ኢየሱስ ኣብቲ ካብ ቀጽሪ ኢየሩሳሌም ወጻኢ ዝርከብ ዝነበረ ኣታኽልቲ ጌተሴማኒ ተታሒዘ ፣
ተፈቲኑ በደለይና ኮይኑ ምስ ተረኽበ (ብናቶም መለክዒ) ናብ ጲላጦስ ጴንጢናዊ ተረከበ እሞ ንሱ ድማ ክስቀል ፈረዶ ፣ ተገሪፉ ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ድሕሪ ተነቢሩሉ ድማ መስቀሉ ተሰኪሙ ናብ ጎቦ ቀራንዮ ተጓዕዘ ፣ ኣብ መገዲ ክልተ ሰረቕቲ ተሰቒሉ እንክመውት ከኣ "ተፈጸመ፡ በለ (ዮሓ19፡30)፣

## እቲ ካሕሳ እንታይ ኢዩ?

እዛ 'ካሕሳ'እትብል ቃል ናይ ክርስቶስ ስራሕ ድሕነት ። ብኸመይ መንገዲ ከም ዘድሓነና እትገልጽ ቃል ኢያ ፣ እዛ ቃል እዚኣ፡ ነቲ ምእንቲ ሓጢኣት ዝኽፈል ፍዳን ። ዳግመ ውህደት ምስ እግዚኣብሔርን ተመልከት ፣ እዚ ካሕሳ'ዚ ። ብመንዲ'ቲ ክርስቶስ ብመስዋዕቱ ኣቢሉ ። ናብቲ ንኹሉ ሓጢኣትና ዘምጽኦ ጉድኣት ከም ዘይነበረ ዝቐጽርን ንኹሉ ስቓይን ዋጋን ናይቲ ሓጢኣት ከኣ ዝጸውርን መለኮታዊ ፍቕሪ ዝኾነ እግዚኣብሔር ዘቕርቦ ልመና (ጥርዓን) ኢዩ ዝፍጸም ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ውጽኢታዊ መስዋዕቲ ኣብ ክንዳና ኮይኑ ናብ እግዚኣብሔር ከቕርብ ዝኽእል ሓደ ፍጹም መለኮታውን ሰብን ዝኾነ ንጹሕ ኣካል ጥራይ ኢዩ፣

### ንሕናን እቲ ካሕሳን

### እቲ ካሕሳ ነዓና እንታይ ፈርዩልና?

| | |
|---|---|
| ዕዳ በደልና ይኸፍለልና | ወዲ ሰብ ከገልግልን፡ ሕይወቱ ከም ገንሸል በጃ ብዙሓት ኣሕሊፉ ክህብን ኢዩ ዝመጸ (ማቴ20፡28) |
| ዝግብኣና መቕጻዕቲ ሰሪዙ ምሕረት የምጽኣልና | ብቑስሉ ንሕና ሓወና (ኢሳ53፡5)<br>እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝፈስስ ዘሎ ደመይ ኢዩ (ማቴ26፡28) |
| ንስልጣን/ሓይሊ ሰይጣን ኣብ ልዕሌና ይስዕር | መስፍን እዛ ዓለም ዝድርበየሉ ሕጂ ኢዩ (ዮሓ12፡31)<br>ነቶም… ምሉእ ዕድሜኦም ባራዩ ኮይኖም ዝነበሩ ሓራ ምእንቲ ከውጽእ (ዕብ2፡15) |

| | |
|---|---|
| ምስ ኣምላኽ የተዓርቐና | ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ከዓርቃ እንከሎ ብክርስቶስ ገይሩ ኢዩ (2ቆሮ5፡19) |
| ቃል ቅ.መጽሓፍ ታሪኽ ድሕነትን ይፍጽም | ነቲ ምልኣት ጊዜ ምስ ኣኸለ ክፍጸም ዝነበሮ መደብ ከኣ "ኣምላኽ በቲ ወዱ ኣብ መስቀል ዘፍሰሶ ደም ገይሩ ሰላም ገበረ። ነቲ ኣብ ምድርን ሰማይን ዘሎ ዘበለ ኩሉ ከኣ ምስ ገዛእ ርእሱ ዓረቐ" (ቆሎ1፡20) |

ኣብ ርእሲ'ዚ እዛ ካሕሳ ። በቲ ንዕኡ ንምኽሓስ ዝወጸ መሪር ዋጋ ብምልካዕ ። ሓጢኣት ክሳብ ክንደይ ከቢድ በደል ምዃኑ የዘኻኽረና ፣ ምስኡ'ውን ዝርጋሔ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣባና ይገልጸልና ። "ግናኸ ንሕና ሓጥኣን እንከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ ኢዩ እሞ። ኣምላኽ ነታ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ፣" (ሮሜ5፡8) በዚ ካሕሳ'ዚ እውን ክርስቶስ ። እታ ዝዓበየት ኣብነት መስዋዕቲ ፍቕሪ ኣርእዩና ኢዩ።- "ንሰብ ሕይወቱ በጃ ኣዕሩኽቱ ኣሕሊፉ ካብ ምሃብ ዝዓቢ ፍቕሪ የብሉን፣" (ዮሐ15፡13)

## ናብ ሲኦል ምውራዱ (ናብ ሲኦል ወረደ)

ኣብ መንጎ ሞቱን ትንሳኤኡን ኣብ ዝነበረ ጊዜ። ነፍሲ ኢየሱስ ናብ ሲኦል ወሪዳ ነበረት ፣ ቅ. መጽሓፍ ንዕላማ እዚ ምውርስድ እንኪገልጽ " ነተን ኣብ ማእሰርቲ ዝነበራ ነፍሳት ድሕነት ሰበኸለን ። (1ጴጥ3፡18-20) ይብል ፣ ብኻልእ ኣዘራርባ ። ኢየሱስ ነቶም ቅድሚ ምጽኣቱ ዝሞቱ ጻድቃን ነጻ ኣውጺኡ መንግስተ ሰማይ ከፈተሎም ፣

## ትንሳኤ ኢየሱስ

## ትንሳኤ እንታይ ኢዩ?

| |
|---|
| ትንሳኤ እንክንብል። ኢየሱስ ኣብ መቕብር ድሕሪ ምጽናሕ። ብሳልሳይ መዓልቱ ካብ ሙታን ከም ዝተንስአ ነመልት ፣ |

ቅ.ጴጥሮስ ። ኢየሱስ ብኣካላቱ(ብሰብነቱ) ከም ዝተንስአ ። "ካብ መታን ድሕሪ ምትንሳኡ ምስኡ በሊዕናን ሰቲናን" (ግ.ሐ10፡41)እናበለ ይዛረብ ፣ ግና እቲ ዝተንስአ ሰብነቱ። ልዕለ-ባህርይ ዝኾነ ሓዲሽ ዓቕምታት ሒዙ ኢዩ መጺኡ ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜን ቦታን ይረኣ ነበረ። እቲ ሰብነቱ'ውን ሽሕ'ኳ ተለዊጡ እንተነበረ ። ነቲ ምልክት ቅንዋቱ ግና ገና ጸይሩዎ ነይሩ (ዮሐ20፡28)፣

እዚ ብብዙሓት ዝተመስከረ ኢየሱስ ብስጋኡ ከም ዝተንስአ ዝነገር ሓቂ። ነዚ ስዒቡ ዘሎ ብዛዕባ ትንሳኤ ዝበሃል ሓሳባት ከንቱ ይገብሮ።-

- ኢየሱስ ብነፍሲ ደኣ እምበር ብስጋ ኣይተመልሰን።
- መልእኽቱ(ትምህርቱ) ደኣ ሕያው ኮይኑ ይነብር ኣሎ እምበር ንሱስ ሞይቱ ኢዩ።
- ከም ብሓዲሽ ኢዩ ሕይወት ረኺቡ(እምበር ኣይተለወጠን)
- እዚ ኩሉ። ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናተጋነነ ዝመጸ መተዓሻሸዊ (መደናገሪ) መግለጺ ኢዩ ፣
-

## ጥቕሚ ትንሳኤ ኢየሱስ ነዓና እንታይ ኢዩ?

ኢየሱሱ ብትንሳኤኡ። ናይቲ ኩሉ ዝመሃሮን ዝገበሮን ብቕዓት ኣረጋገጸ። ሕይወት ሰብ ብሞት ከም ዘይዛዘም ዝተንስአ ሰብኣዊ ኩነት ከመይ ከም ዝመስልን ድማ ኣርኣየ፣

## ዕርገት እንታይ ኢዩ?

ዕርገት ኢየሱስ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ብኣካል ዝተፈለየሉ ኩነት ኢዩ ፣ እዚ ኩነት ድሕሪ እቲ ካብ ትንሳኤኡ ጀሚሩ ንዝቐጸለ 40 ናይ ምምሃርን ኣስተርእዮን (appearances) መዓልታት ስዒቡ ዝተፈጸመ ኢዩ ፣ ቅ.መጽሓፍ ነቲ "እቲ ናይ ክርስቶስ ሰብነቱ ዳግማይ ናብኡ ክመጸሉ ካብ ዘለዎ ወገን ኣምላኽ(ሰማያዊ ወገን) ከም ዝኣተወ" (መዝ.ሃይ.665) ዘመልክት ዕርገት ዘጊቡዎ ይርከብ፣ ሕጂ ኢየሱስ። ኣብቲ ምእንታና ዘማልደሉ ። ነዓና ቦታ ዘደናድወሉ ። ከምኡ'ውን ኣብ መወዳእታ ዓለም ዳግማይ ካብኡ ኣብ ዝመጽኣሉ ሰማይ ይርከብ ኣሎ ፣

## 7. ቅ.ስላሴ

## ግልጸት ሓደ ኣምላኽ

ኣብ ታሪኽ ዓለም ከም ዝተራእየ። ህላወ ሓደ ኣምላኽ ንእምነትን ነእምሮን ፍሉጥ ኢዩ ፣ እግዚኣብሔር ንእስራኤላውይን። ንሱ ንብሕቱ ሓቀይናን ንኻልእ ዘይወሃብን ኣምልኾ ዝግብኦን ፈጣሪ ኩሉ ነገራትን ከም ዝኾነ ንኽረድኦም ሓደ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ክገልጸሎም ፈተወ፣ ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ግና ኣብቲ ሓደ ኣምላኽ ናይ ኣካላት ምክፍፋ፣ ከም ዘሎ ዝነግር ገለ ነጸብራቕ ይህቡና ኢዮም ፣ ሓደ ኣብነት። እቲ ኣብ ጊዜ ምፍጣር ወዲ ሰብ ዘሎ "ንፍጠር" (ንሕና) ዝብል ዝተባዝሐ ስም (plural noun) ኢዩ ፣

| |
|---|
| "ሽዑ ከኣ ኣምላኽ፤ 'እምበኣር ብመልክዕና ብምስልናን ሰብ ንፍጠር' በለ" (ዘፍ1፡26) |

## ግልጸት ሰለስተ ኣካላት

ኣብ ሓዲስ ኪዳን። እግዚኣብሔር ወልድ ሰብ ምስ ኮነ። ነቶም ኣብ እግዚኣብሔር ዘለው ኣካላት ብንጹር ይገልጾም ፣ መጀመርያስ ዝተገልጸ ከኣ እቲ ኣብ መንጎ ኣብን ወልድን ዘሎ ርክብ ኢዩ ፣

> ንኣምላኽ ዝረኣዮ ሓደ'ኳ የልቦን ። እንተኾነ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦ ዘሎ ንበይኑ ውሉድ ዝኾነ ኣምላኽ ገለጾ (ዮሐ1።18)

ቀጺሊ ኢየሱስ ነቲ ኣብ መንጎ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዘሎ ርክብ ይገልጾ፣

> እቲ ኣነ ዝሰደልኩም መጸናንዒ። ካብ ኣብ ዝወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና ንሱ ክምስክረልይ ኢዩ ፣ (ዮሐ15።26)

ብመሰረቱ ትእዛዝ ጎ.ኢ..ክ። ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያናዊት ሕይወት ብንጽል ኣስማት ናይዞም ሰለስተ መለኮታውያን ኣካላት ብምጥማቕ ኢያ ትጅምር ፣

> ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኹም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም (ማቴ28።19-20)

እዞም ሰለስተ መለኮታውያን ኣካላት እቲ ሓደ ስሉስ ኣምላኽ ወይ "ስላሴ" ኢዮም ፣

## ስላሴ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖትን ኣምልኾን

ቅ. ስላሴ ምንጭን ሕመረትን እምነት ክርስትና ኢያ ፣ ነፍሲ ወከፍ ጸሎተ ሃይማኖት ድማ በዞም መለኮታውያን ኣካላት ትጅምር።

> "ኩሉ ብዝኽእል እግዚኣብሔር ኣብ ኣእምን። ብሓደ ወዱ ንኣብ ዝኾነ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእምን። ብመንፈስ ቅዱስ ኣእምን፣"

## እንታይነት ቅ.ስላሴ

## ሓደ ህላወ ሰለስተ ኣካላት

እዚ ብዛዕባ ስላሴ ዘሎና ኣንቀጸ እምነት። ብእግዚኣብሔር ጥራይ ኢዩ ዝግለጽ፣ ኣእምሮ ወዲ ሰብ ኣምላኽ ከም ዘሎ ጥራይ ኢዩ ዝፈልጥ። ንኣምላኽ በቲ ንሱ ዝገለጸልና እንተዘይኮይኑ ከምቲ ንሱ ንገዛእ ርእሱ ዝፈልጣ ገይርና ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና ፣

እቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዘሎ ርክብ ዝገለጾ ሓቂ ። ሰለስተ መለኮታውያን ኣካላት ከም ዘለው የምህረና ፣ ከምቲ ኢየሱስ "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና"(ዮሐ10።30) እንክብል ዝተጠቕመሉ ። ነፍሲ ወከፍ መለኮታዊ ኣካል "ኣነ" ኢሉ ክዛረብ ይኽእል ኢዩ ፣ ብተወሳኺ እውን ኢየሱስ ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ እንክዛረብ ተባዕታዊ ክንድስም ('ንስ") ይጥቀም።- "እቲ ኣቦይ ብስመይ ዝሰዶ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ። ንሱ ንኹሉ ነገር ክምህረኩም ኢዩ" (ዮሐ14።20)፣

እንተኾነ እቲ ኣብ መንጎ ኣካላት ቅ.ስላሴ ዘሎ ርክብ ዝተፈልየ ኢዩ ፣ ከመይ እቲ ኣብ መንጎና ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዘሎ ርክብ ኣብ ጊዜ ዝጅምርን ተለዋዋጥን ኢትይ ፣ ብመንጽሩ ።እዚ ኣብ መንጎ'ዞም መለኮታውያን ኣካላት ዘሎ ርክብ ግና እቲ ቀንዲ እንታይነት ወይ ህላወ ኣምላኽ ኢዩ ፣ እዚ ዝምድና እዚ ዘለዓለማውን ዘይለዋወጥን ኢዩ ፣ እዚ ሓድነት ሕላወ ኣብ በበይኖም ዝኾኑ መለኮታውያን ኣካላት። ኣብቲ ናይ ጥንታዊት ቤተክርስቲያን እምነት ስላሴ ተገሊጹ ይርከብ ።-

> ስላሴ ሓደ ህላወ ሰለስተ ኣካላት ኢዩ ፣

ግጉይ እምነታት ብዛዕባ ስላሴ

ሞዳሊዝም።- ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሰለስተ ኣካላት ምኺኖም ብምንጻግ። ንሶም ክምኡ መሲሎም ዝረኣዩ ማስኬራታት
ናይ ሓደ ኣካል ምኺኖም ይገልጽ፣

ስሉስ መለኮታውነት (tri-theism)።- ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሰለስተ ደኣ እምበር ሓደ ኣምላኽ ኣይኮኑን ዝብል፣

ደረጃውነት (subordinationism)።- ወልድን መንፈስ ቅዱስን ብመለኮቶም ምስ ኣብ ትኽክል ዘይኮኑስ ትሕቲኡ ኢዮም ፣

### ቅ.ስላሴን ምስ እግዚኣብሔር ዘሎና ርክብን

እግዚኣብሔር እቲ ምስኡ ዘሎና ርክብ ከም ፍጡርን ፈጣርን ኮይኑ ክተርፍ ዘይኮነ ። ኣብቲ መለኮታዊ ሕይወት ቅ.ስላሴ ብምስታፍ ምስኡ ጥቡቕ ዕርክነት ክነስተማቕር ኢዩ ዝደልየና ፣ ስለዚ ድማ ኢዩ ኩሉ ክርስቲያናዊ እምነት ኣብ ቅ.ስላሴ ዝተመርኮሰ(ንአ. ጸሎተ ሃይማኖት)። ኩሎም ምስጢራት (ንአ. ጥምቀት ብስም ቅ.ስላሴ) መላእ ክርስቲያናዊ ሕይወት ናብ ውህደት ምስ ቅ.ስላሴ ዝመርሕ (ንኣ. መንፈሳዊት ሓይሊ "ፍቕሪ") ። ከምኡ'ውን ኩሉ ጸሎታት ክርስትና (ንአ. ትኣምርተ መስቀል)፣

## 8.ቤተክርስትያን

### ቤተክርስቲያን እንታይ ኢያ?

| |
|---|
| ቤተክርስቲያን ። ንደቂ ሰባት ናብ ሰማያዊ መለኮታዊ ሕይወት ክትእክብ። ብእግዚኣብሔር ኣብ ምድሪ ዝተመስረተት ምስጢራዊት ኣካል ክርስቶስ ኢያ ፣ |

ኣምላኽ ኩሎም ኣመንቲ ። ምስኡን ምስ ነንሕድሕዶምን ። ኣብታ ሓንቲ ምስጢራዊት ኣካል ክሓብሩ ኢዩ ድላዩ ። እዛ ጉባኤ እዚኣ። እታ 'መጋበሪት ድሕነት" (ብኣ9።2, መ.ሃይ.776) ብእግዚኣብሔር ዝተመስረተት ሰብነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስቲያን ኢያ ፣

### ቤተክርስቲያን ኣብ ጽሎት ሃይማኖት

ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት። ቤተክርስትያን "ሓንቲ ቅድስቲ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት" ተባሂላ ተገሊጻ ትርከብ ፣ ቤተክርስትያን ሓንቲ ኢያ ከመይ መስራቲኣ ሓደ እግዚኣብሔር ኢዩ ፣ ሓንቲ ዝኾነትሉ ተወሳኺ ምኽንያት ድማ ኣባላታ ኣብ ትሕቲ ሓደ መራሒ ኢየሱስ ክርስቶስን ምድራዊ ወኪሉ ዝኾነ ር.ሊ.ጳ. ብምኻን ኣብ ሓንቲ እMነት ስለ ዝሓብሩን። ምሥጢራት ብሓባር ስለ ዝሳተፉን ኢዩ ፣ ቤተክርስቲያን ቅድስቲ እውን ኢያ። ከመይ መስራቲኣ እቲ ቅዱስ እግዚኣብሔር ኢዩ። ኣባላታ እውን እቶም ዝተጠምቁ ኢዮም ፣ ብተወሳኺ እውን ሓጥኣን ካብ ክርስቶስ ሕድገት ሓጢኣቶም ዝረኽቡን ዝቕደሱን ብናታ ኣገልግሎት ስለ ዝኾነት "ቅድስቲ" ትብሃል ፣ ቤተክርስቲያን ካቶሊካዊት ማለት "ዓለም-ሓቆፋዊት" ኢያ ። ከመይ ንኹሎም ዓሌታትን ሃገራትን ንኹሉ ዘመናት ብዘይ ኣፈላላይ ስለ እትሓቑፍ ፣ ዓለምለኻዊት ዘብላ ካልእ ምኽንያት ድማ ኩሉ ድሕነት ብመንገዳ ስለ ዝኾነ ኢዩ ፣ "ሓዋርያዊት" ኢያ ዘብለና ምኽንያት ድማ እምነታን ኩሉ ስርዓታታን ካብ ሓዋርያት ዝመጸ ብምኺኑን እቶም መራሕታ ዝኾኑ ጳጳሳት ድማ ተኸተልቲ (ተካእቲ) ሓዋርያት ስለ ዝኾኑን ኢዩ ፣ ተወሳኺ ሓዋርያዊት ኢያ ዘብላ ረቛሒ ድማ ንኹሉ ፍጡር ዘበለ መንግስቲ ኣምላኽ ከተበስር "እትለኣኽ። (ዘተሐውር) ስለ ዝኾነት ኢዩ ፣

### ምስረታ ቤተክርስቲያን ብክርስቶስ

ኢየሱስ ክርትሶስ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት እቶም 'ሓዋርያት" ኢሉ ዝሰመዮም ቀዳሞት ጸሠርተ ክልተ ጳጳሳት ቤተክርስቲያኑ እትእለ ጉጅለ ሰዓብቱ መሥረተ ፣ ንሓደ ካብቶም ዓሠርተ ክልተ ንዝኾነ ጴጥሮስ ድማ ጠቅላሊ ሥልጣን ኣረከቦ።-

| |
|---|
| "ንስኻ ጲጥሮስ ኢኻ። ኣብ ልዕሊ ኢዝ ከውሒ እዚ ድማ ንቤተክርስቲያነይ ክሓንጻ ኢየ። ደጌታት ሲኦል እውን ኣይክሕይልዋን ኢዮም፣ መፋትሕ መንግስተ ሰማይ ድማ ክህበካ ኢየ። ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኣብ ሰማይ እሱር ክኸውን። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ከኣ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ክኸውን ኢዩ ፣ (ማቴ16።18-19) |

ኢየሱሱ ንትምህርቱ ናብ ኩሎም ኣሕዛብ መታን ከመሓላልፍዎ ። ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም ፣ እዚ ኣብ ቅ. መጽሐፍን ቅ.ትውፊትን ዝርከብ ትምህርቲ ። ብስልጣን ኢየሱስ ክርስቶስ ብቤተክርስቲያን ኢዩ ዝትርጎም(1ጢ.ሞ3።14-15)፣

ኣብ ርእሲ'ዚ እውን ኢየሱስ።እቲ ተግባር ድሕነቱ ብቤተክርስቲያኑ መታን ክፍጸም። ነቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ሥርዓታት ዝትክኡ
ምስጢራት ሠርዑ ።-

| |
|---|
| "እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ" (ሉቃ22።19) |

ገለ ካብቲ ብዛዕባ ቤተክርስቲያን ዝበሃል ግጉይ መግለጺታት ነዞም ዝስዕቡ ንርአ።-

- "ዘይትርእ ቤተክርስቲያን"።- እዚ ኢየሱስ እትርእ ቤተክርስቲያን ከም ዘይመስረተ ዝምጉት ርድኢት ኢዩ፣
- "ቤተክርስቲያን ብዘይ ር.ሊ.ጳ."።- እዚ ንማዕርጋዊ ኣካላት ቤተክርስቲያን ዝነጽግ ማለት ምሕደራ ቤተክርስቲያን ኣብ ትሕቲ ጳጳሳት ኣብ ትሕትን ሕብረትን ምትክእ-ጴጥሮስ ዝኾነ ር.ሊ.ጳ. ዝነጽግ ርድኢት ኢዩ ፣

### ቤተክርስቲያን ኣበይ ትርከብ

### ምድራዊት ቤተክርስቲያን

ቅ.ጳውሎስ ንቤተክርስቲያን “ሰብነት ክርስቶስ” (ኤፌ1፡22-23) እናበለ ይጽውዓ ፣ እምበኣር ከም ሰብነት መጠን ሥሩዕ ቅርጽን ርኡይ ሓድነትን ትውንን ፣ ሰብበት ክርስቶስ ከም ምዃና መጠን ሰብኣዊትን መለኮታዊትን ኢያ (መዝ.ሃይ.771)፣

እቶም ዝረኣዩ ወግዓውያን ኣባላት መሣርዕ ቤተክርስቲያን፡- ጳጳስ ሮማ ዝኾኑ ር.ሊ.ጳ፡ ጳጳሳት ዓለም ብሕብረት ምስ ሮማዊ ጳጳስ፡ ካህናቶምን ዲያቆናቶምን፡ ሰብ ውፉይ ሕይወትን መነኮሳንን ፡፡ ኩሎም ዓለማውያን ምእመናንን ኢዮም ፣

ጥምቀት ኣባል ቤተክርስትያን ዝገብር መተኣታተዊ መንገዲ እኳ እንተኾነ ፡፡ ኩሉ ዝተጠምቀ ዘበለ ግና ምሉእ ኣባል ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኢዩ ማለት ኣይኮነን ፣ክርስቲያን ክነሶም ዘይካቶሊካውያን ዝኾኑ ከም ፕሮተስታንትን ኦርቶዶክስን ዝኣመሰሉ ኣለው ፣ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዋላ'ኳ እቲ ኣገዳሲ መሣርዓታን ትምህርታን ብኣምላኽ ከም ዝተዋህባ ትኣምን እንተኾነት ፡፡ ነቲ ኣብ ካልኦት ክርስቲያን ማሕበረ-ሰባት ዝርከብ ጽቡቕ ነገርን ሓቅን ግና ትቕበሎ ኢያ ፣ ስለዚ እውን ምእንቲ ሕብረት ክርስትያን ወትሩ ምስ ጸለየትን ምስ ሰርሐትን ኢያ ፣

## ኣብ ንሥሐ ቦታ እትርከብ ቤተክርስቲያን (ከሐሲት)

እቶም ዝሞቱ እሞ ኣብ ንሥሓ ቦታ ዘለው ክርስቲያን ፡፡ ኣባላታ ስለ ዝኾኑ ቤተክርስቲያን ኣብ ንሥሐ ቦታ እውን ትርከብ ኢያ፣ ስለዚ ድማ ኢና ኣብዛ ምድራዊት ቤተክርስቲያን ምእንቲ ንጽሓትን ካሕሳን ዝሐለፉ ቅዱሳት ነፍሳት ጸሎትን መሥዋዕትን እነቕርብ ፣

## ሰማያዊት ቤተክርስትያን

ዕላማ (ተልእኮ) ቤተክርስቲያን፡ ኣብቲ ሰማያዊ ክብሪ ምስ እግዚኣብሔር ንምሕባር ኢዩ ፣ ኣብቲ ሓዋርያት ዝደረስዎ ጸሎተ ሃይማኖት ፡፡ እዛ ኣብ ክብሪ እትርከብ ቤተክርስቲያን “ ናይ ቅዱሳን ሱታፌ” ተባሂላ ተጸዊዓ ትርከብ ፣ ዋላ'ኳ ዝበዝሑ ቅዱሳን ዘይንፈልጦም እንተኾና ፡፡ ቤተክርስቲያን ግና ንገለ ደቂ ተባዕትዮ ደቂ ኣንስትዮን ናይ ኩሉ ዘመናትን ኣብ ኩሉ ኩነት ሕይወትን፡ ብርግጽ ተቐዲሶም ከም ዘለው ትእውጅ ፣

እዞም ኣብ ምድራዊት ቤተክርስቲያን እንርከብ ፡፡ ምስቶም ኣብ ሰማይ ዝርከቡ ቅዱሳን ብጸሎት ኢና ንሓብር ፣ ብጸሎትና እምበኣር ነዞም ቅዱሳን ነኽብሮም ፡፡ ሓደ መዓልቲ ነቲ ንሶም ዘስተማቕርዎ ዘለው ሰማያዊ ክብሪ ከነስተማቕር ንኽንክእል ድማ ፡፡ ኣብዚ ምድራዊ ጉዕዞና (ንግደትና) ንኽማልዱልና ንምሕጸኖም ፣

## ብሉይ ኪዳን

46 መጻሕፍቲ ፡፡ ዝበዝሑ ብቋንቋ ዕብራይስጢ ኣብ መንጎ 1200-100ዓ.ዓ. ተጻሕፉ ፣

| ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ኦሪት | ቀዳሞት ነቢያት | ዳሕረዎት ነቢያት | ጽሑፋት |
|---|---|---|---|
| ኦሪት ዘፍጥረት | ኢያሱ | ኢሳይያስ | መዝሙረ ዳዊት |
| ኦሪት ዘጸኣት | መሳፍንቲ | ኤርምያስ | ምሳሌ |
| ኦሪት ዘኁልቅ | (ሩት) | ሕዝቅኤል | ዜና መዋዕል |
| ኦሪት ዘሌዋውያን | ቀዳማይን ካልኣይን ሳሙኤል | ዳንኤልን | ኢዮብን |
| ኦሪት ዘዳግም | ቀዳማይን ካልኣይን ነገሥት | ዝተረፉ ነቢያትን | ካልኦትን |

ካብ ጥንታዊ ውርሻኣን በቲ ስሕተት ኣልቦ ሥልጣንን ፡፡ ካቶላካዊት ቤተክርስቲያን፡ ነቶም ተኸተልቲ እምነት ፕሮተስታንት ከም መጻሕፍተ ኣዋልድ “ ዝጠቕስዎም መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ዝኾኑ ጦቢት፡ ዮዲት፡ ቀዳማይን ካልኣይን መቃባውያን፡ ጥበብ ሰሎሞን፡ ጥበብ ሢራክ ፡ባሩክ፡ ተረፈ-ዳንኤል ተረፈ-ኣስቴርን ከም ቀኖናውያን መጻሕፍቲ ትቕበሎም ፣

## ሓዲስ ኪዳን

ድሕሪ ሞትን ትንሳኤን ኢየሱስ፡ ኣብ መንጎ 50-100 ዓ.ም, ብቋንቋ ግሪኽ ዝተጻሕፉ 27 መጻሕፍቲ፡-

| ወንጌል | ግብረ ሐዋርያት | መልእኽታት ጳውሎስ | ካቶሊካውያን መልእኽታት | ራእይ ዮሐንስ |
|---|---|---|---|---|
| ማቴዎስ | ግብረ ሕዋርያት | ሮሜ | ያዕቆብ | መጽሓፈ ኣቡቀለምሲስ |
| ማርቆስ | | ቀዳማይን ካልኣይን ቆሮንቶስ | ቀዳማይን ካልኣይን ጴጥሮስ | |
| ሉቃስ | | ገላትያ | ቀዳማይን ካልኣይን ሳልሳይን ዮሓንስ | |
| ዮሐንስ | | ኤፌሶን | | |
| | | ቲቶን ካልኦትን | | |

## 9. ቅ.መጽሓፍን ቅ.ትውፊትን

ቅ.መጽሓፍን ቅ.ትውፊትን ብሓባር ። ነቲ ብእግዚኣብሔር ተገሊጹ ንቤተክርስትያን ዝተዋህበ። ብዘየጋጊ መንገዲ (infallibly) ብናይ ቤተክርስቲያን ሥልጣን ትምህርቲ። ዝምሃር ሓደ መዝገበ ግልጸታዊ ሓቂ የቑሙ ፣

## ቅ. መጽሓፍ እንታይ ኢዩ ?

ቅ.መጽሓፍ ብ73 መጻሕፍቲ ዝቖመ ሓደ መጽሓፍ ኢዩ ፣ ንብምሉኡ እቲ እግዚኣብሔር ንገጻእ ርእሱን ንመላእ ናይ ድሕነት መደቡን ዝገለጸሉ ብኣስተንፍሶ ዝተጻሕፈ ሓቂ ኣጠቓሊሉ ይርከብ ፣ ቅ. መጽሓፍ ኣብ ክልተ ይኽፈል ። ቀዳማይ ብሉይ ኪዳን ቅድሚ ልደት ጎ.ኢ.ክ. ዝተጻሕፈ ። ካልኣይ ሓዲስ ኪዳን ድሕሪ ሞትን ትንሳኤን ጎ.ኢ.ክ. ዝተጻሕፈ ቃል እግዚኣብሔር ነቲ ምእንቲ ድሕነት ክጻሓፍ ጽደለዮ ቅ. መጽሓፍ ። ነቲ ንሱ (እግዚኣብሔር) ክጸሓፍ ዝደለዮ ጥራይ። ብእምነትን ብዘይስሕተትን ክዘግብ። ብኣስተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ ። ውሕስነት ኣልቢስዎ ይርከብ ፣

## ቅ. ትውፊት እንታይ ኢዩ ?

ትውፊት ብእግዚኣብሔር ንሓዋርያት ዝተገልጸ ኮይኑ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ብግልጺ ንዘይተዘገቡ ሓቅታት እውን ዘጠቓልል ኢዩ ፣ "ትውፊት" (Tradition) ካብ "tradere" ዝብል ላቲናዊ ቃል ዝመጸ ኮይኑ ። " ምትሕልላፍ" የስምዕ ፣ ደቂ መዛሙርቲ ኢየሱስ ቅድሚ ምጽሓፎም ይምህሩ ነበሩ ፣ እዚ ኣፋዊ ትምህርቶም ድማ ጎኒ ጎኒ እቲ ጽሑፍ ቅ. መጽሓፍ ማዕረ ሥልጣን ዘለዎ ኮይኑ ተረፈ ፣

"እምበኣር ኣቱም ኣሕዋትና ጸኒዕኩም ቁሙ ። ነቲ ብቃል ኮነ ብመልእኽትና ዝመሃርናኩም ከም ሓዝዎ (2ተሰ2።15)

ትውፊት ናይቲ ብዝኾነ ጽሑፋዊ መልክዕ ክመሓላለፍ ዘይክእል መለኮታዊ ትምህርቲ ስፍሓት ይገልጸልና ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ሓዋርያ ብዛዕባ እዚ ከምዚ ዝስዕብ ይብል ።-

"ጎ.ኢ..ክ. ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙሕ ካልእ ኣሎ፣ ኩሉ በብሓደ ተጻሒፋ እንተዝኸውን ነቲ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ኩሉ እዚ ዓለም እኳ ኣይምኸኣሎን ይመስለኒ" (ዮሐ21። 25)

ገለ ካብዚ ብመንገዲ ትውፊት ዝተገለጹልና ሓቅታት ። ብናይ ቤተክርስቲያን ሥልጣን-ትምህርቲ ዓንቀጽ ሃይማኖታዊ ኣዋጅ ተዋሂብዎም ይርከቡ ፣ ከም ኣብነት ቅጽሪ ምሥጢራት ቤተክርስትያንን ፍልሰታ ለማርያምን ክንጠቅስ ንኽእል ፣ መግለጽን ቅኑዕ ኣተረጓጉማን ቅ. መጽሓፍ እውን ንባዕሉ ወጽኢት ትውፊት ኢዩ ፣ ካልኦት ትውፊት ዝተገልጸሎም (other manifestation of Tradition) ክባቢታት (ኩነታት) ኣብ ሊጡርግያ። ሥነ-ጥበብብ ሙዚቃታትን ናይ ቤተክርስትያን ክኾኑ ይኽእሉ ፣

## ሥልጣነ-ትምህርት እንታይ ኢዩ?

ሥልጣነ ትምህርት ዝበሃል። እቲ ብተኸታሊ ጴጥሮስ ዝኾኑ ር.ሊ.ጳን ካልኦት ጳጳሳት ድማ ብሕብረት ምስኦምን ብምኻን ዘገግገለሉ ቤተክርስትያናዊ ናይ ምምሃር ስራሕን ሥልጣንን ኢዩ ፣ ሥልጣነ ትምህርት። ብሥልጣን ኢየሱስ ክርስቶስን (ማቴ16።19) ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስን (ዮሓ16።13) ነቲ ቅ.መጽሓፍን ቅ.ትውፊትን ዘመሓላልፍዎ ተገላኦኣዊ ሓቂ ብዘይ ስሕተት የስተምህር ፣

መሪሕነት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን እንተዘየንቀሳቕሰኒ ብወንጌል ኣይምኣመንኩን ነይረ ፣(ቅ.ኣጎስጢኖስ)

ወግዓዊ ትምህርታት ናይ ሥልጣን ትምህርት ነቶም ብር.ሊ.ጳ ዝወጹ ዓንቀጽ ሃይማኖታውያን ኣዋጃት። ጸሎታት-ሃይማኖትን ናይቶም 21 ጠቕለልቲ ጉባኤታት ቤተክርስቲያን ሰነዳት የጠቓልሉ ፣ እቲ ቀዳማይ ካብዞም ጉባኤታት ቀዳማይ ጉባኤ ኒቅያ እንኪኸውን እቶም ናይ መወዳእታ ድማ ቀዳማይን (1869-1870) ካልኣይን(1962-1965) ጉባኤታት ቫቲካን ኢዮም ፣

ከመይ ገይረ ንቅ.መጽሓፍ ብኡነት ከንብቦ እኽእል?

ኣብነት። ማቴ27።1-2" እዚ ማለት "ወንጌል ማቴዎስ ምዕራፍ 27። ካብ ቁጽሪ 1 ክሳብ ቁጽሪ 2 " ማለት ኢዩ ፣

- ከም ሓደ መጽሓፍ ገይርካ ኣንብቦ።- ን`.መጽሓፍ ። እግዚኣብሔር ርእሱ ክገልጸሉ ዝመረጸ ሓደ ውሁድ ሥራሕ ከም ዝኾነ ገርና ክነንብቦ ኣሎና ፣ ዋላ'ኳ በብዓይነቶምን ካብ ዝተፈላለዩ ባህልታትን እዋናትን ብዝመጺ ጽሑፋት ዝቖመ እንተኾነ ። ነታ ሕእንቲ ታርኽ ድሕነትን ሓልዮትን እግዚኣብሔር ኢዩ ዝገልጽ፣ ብሉይ ኪዳን ምልኣቱ ኣብ ሓዲስ ኪዳን እንክርከብ ። ሓዲስ ኪዳን ከኣ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብምልኣት ተገሊጹ ይርከብ ፣
- ኣብ ትሕቲ ጽላል ትውፊት ገይርካ ኣንብቦ ።- እግዚኣብሔር ሕድሪ መላእ ቅ.መጽሓፍ ንቤተክርስቲያን ኢዩ ሂብዎ፣
  እዞም 73 መጻሕፍቲ እውን ብሥልጣን ቤተክርስቲያን ኢዮም ከም ሓደ ውሁድ ዋል ኣምላኽ ዝተፈልጡ ፣
  ንጽሑፋት ቅ.መጽሓፍ ብሓቅን ብወግዕን ናይ ምግላጽ ሥልጣን ድማ ንቤተክርስቲያን ጥራይ ኢዩ ተዋሂቡ፣
- ቃል ንቓሉ ኣንብቦ(ጽሑፋዊ ምሥጢር)።- እዚ ሓሳብ እዚ እቲ ቀዳማይን ቀጥታውን ትርጉም ቅ.መጽሓፍ ኮይኑ እግዚኣብሔር ብመንገዲ ሰብኣውያን ወኪላት ብቐጥታ ክመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ኢዩ ፣እዚ ነቲ እቲ ጸሓፋይ ዝሓለኖ መልእኽቲ ብሓገዝ ታሪኽን ኩነታትን ገይርካ ብምትርጓም እትፈልጦ ትርጉም ኢዩ ፣ እዚ ቃል ንቓሉ ምንባብ ማለት ። ን ኣምሳላዊ ጽሑፋትን ምስላታትን ቃል ንቓሎም እናተረዳእካ ምንባብ ማለት ኣይኮነን ፣
- በቲ መንፈሳዊ ሓሳቡ ኣንብቦ(መንፈሳዊ ምስጢር)።- እቶም ኣብ ቅ.መጽሓፍ ቀሪቡሙልና ዘለው ሓቅታት ንካልእ ሓቂ
  ከመልከቱ ከም ዝኽእሉ እግዚኣብሔር የረጋግጸልና ፣

- ኣምሳላዊ ምሥጢር (allegory):-ኣብ ቅ.መጽሓፍ ብፍላይ ድማ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንዝተገልጸ ሓቂ ምስ ክርስቶስ ወይ ድማ ምስ ቤተክርስትያን ዘተሓሕዝ ኣገባብ ፣
- ሞራላዊ ምሥጢር (moral sense)።- ኣብ ቅ. መጽሓፍ ንዘሎ ሓሳብ ምስ ክርስትያናዊ ናይ ጸጋ ሕይወት የራኽቦ ፣
- ትጽቢታዊ ምሥጢር (anagogy)።- ኣብ ቅ. መጽሓፍ ንዘሎ ሓቅታት ምስ ሰማያዊ ሓቂ የተሓሕዝ፣

## 10. ማርያምን ናይ ሰብ መፈጸምታታትን

ማርያም ብዘይ ሓጢኣት ኣዳም ኢያ ተጸኒሳ፣ ድንግል ክነሳ ድማ ንኢየሱስ ኣብ ከርሳ ጸይራ ብምውላድ ኣደ ኣምላኽ ኮነት፣ ንሳ ሓጢኣት ዝብልዎ ኣይገበረትን። ብነፍሳን ብሥጋኣን ንሰማይ ፈሊሳ። ኣደ ቤተክርስቲያን ድማ ኢያ ፣

### ብኸመይ ኢያ ኣደ ኣምላኽ ተባሂላ እትጽዋዕ ?

ማርያም "ኣደ ኣምላኽ" እትበሃለሉ ምኽንያት ኣደ'ቲ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ብምዃና ኢያ (ሉቃ1"43ረኣ)፣

### ስለምንታይ "ድንግል ማርያም" ተባሂላ ትጽዋዕ ?

እዚ ቅጽል'ዚ ንማርያም ዝተዋህበሉ ምኽንያት። ንሳ ቅድምን ኣብ ጊዜን ድሕርን ልደት ጎ.ኢ..ክ. ድንግል ኮይና ስለ ዝነበረት ኢዩ፣ እቲ ንሳ ንገብርኤል መልኣኽ ዘቕረበቶ" ድንግል እንክሎኹ እዚ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል?" ዝብል ሕቶን። እቲ ንሱ ዝሃባ "መንፈስ ቅዱስ ክጽልለኪ ኢዩ" ዝብል መልስን (ሉቃ1"34)። ድንግልና እግዝእትነ ማርያም ብተኣምራታዊ ጽንሰትን ልደትን ጎ.ኢ..ክ. ከም ዝጸንዐ የረድኣና፣

### "ንጹሕ ጽንሰታ" እንታይ ኢዩ?

እግዚእትነ ማርያም ንገዛእ ርእሳ። ንጽሕትን ካብ ሓጢኣት ኣዳምን ሳዕቤናቱን ከኣ ነጻ ኮይና ብምጽናሳ። እታ ንጽሕቲ ኣደ ኢየሱስ ክትከውን ኣኽኢልዋ ኢዩ ፣ ቅ.መጽሓፍ ንእግዚእትነ ማርያም "ካብ ኣንስቲ ዝተባረኸት" (ሉቃ1።42) ከምኡ እውን "ምልእተ ጸጋ" (ሉቃ1።28) እናበለ ይገልጻ '

### ፍልሰታ እንታይ ኢዩ?

እግዚእትነ ማርያም ኣብ መጨረሻ ምድራዊ ሕይወታ። ብነፍሳን ብሥጋኣን ንሰማይ ፈለሰት (ራእ12።1ረኣ)
ንሓንቲ ሓጢኣት ዘይብላን። ኣብቲ ዘድኅን ሞት ክርስቶስ ብቐረባ ዝተሳተፈትን ። ኣብቲ ትንሣኤኡ ቀዳመይቲ ተሳታፊት ክትከውን ይግባእ ነይሩ'ዩ ፣

### ኣድላይነት ማርያም ነዓና እንታይ ኢዩ ?

ኣብ ማርያም ። እቲ ሰብኣዊ ክብርና ተመሊሱ'ስ ናብ ሰማያዊ ክብሪ ክብ ኢሉ ንርእዮ ፣ ንሳ ሓላዊትናን ኣማላዲትናን ዝኾነት ሳግማዊት-ሔዋን። ኣደ'ቶም ዝደሓኑ ኢያ (ዮሐ19።29)፣ ኣማላድነት ማርያም ንምርካብ እትቐርብ ህብብቲ ጸሎት "ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያም " ኢያ ፣

### ናይ ሰብ መፈጸምታታት

እዞም ኣርባዕተ ናይ ሰብ መፈጸምታታት። እቶም ክልተ ዘይተርፉ ። ካብቶም ክልተ ሓደ ከኣ ክጋጥመና ዝኽእል ኣብ መፈጸምታ ምድራዊ ሕይወትና እንረኽቦም ሃለዋት ኢዮም ፣

### ሞት እንታይ ኢዩ?

ሞት" ምቁራጽ ህሉ ምድራዊ ሕይወትናን። ነፍስናን ሥጋናን ከኣ ዝተፈላለያሉ ህሞትን ኢዩ ፣ ሓንሳብ ምስ ሞትና ኣብ መንጎ ጽቡቕን ሕማቕን ክንመርጽ ኣይንኽእልን ፣ ከመይ ኖት። ንዘለዓለም ክንኮኖ ዘሎና ኩነታት ሕይወት ብዘይምለስ መንገዲ ኢያ ትውስኖ ፣ሽሕ'ኳ ሞት ብሰንኪ ሓጢኣት ዝመጽኣትና እምበር ድላይ ኣምላኽ ኣይትንበር። ኣምላኽ ግና ። ነቲ ዘፍርሕ ኩነታት ኣወጊዱ ፍኖተ-ዘለዓለማዊ ሕይወት ገይርዎ ኢዩ። ስለዚ እምበኣር ። ምስ ኣምላኽ ብዕርክነት እናነበርና ። ነፍሲ ወከፍ ዕለት ናይ መወዳእታ መዓልቲ ሕይወትና ከም ዝኾነት እናሓሰብና። ኣምላኽ ብጽቡቕ (ሞት ቅዱሳን) እንሞተሉ ጸጋ ክህበና ንጽሊ ፣

### ፍርዲ እንታይ ኢዩ?

መጀመርያ ድሕሪ ሞትና ብቐጥታ ዝመጽእ ሓደ ውሱንን ዘይልወጥን ፍርዲ ኣሎ ፣ ካልኣይ ድማ ከምቲ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት እንረኽቦ። ኢየሱስ "እንደገና ክመጽእ" እንክሉ። ናይ መወዳእታን ሓባራውን ፍርዲ ኣሎ ፣ ኣብዚ ካልኣይ ምጽኣቱ ነቶም ሕያውን -ማለት ክይሞቱ ዝጸንሑን። ነቶም ሙታንን እዚኣቶም ድማ ነቲ ዝተንሥአ ሥጋኦም ለቢሶም ብኣካሎም

ቆይሞም ኪፈርድ ኢዩ ' እምበኣር ብኣምላኽ ክንፍረድ ስለ ዝኾና ። ምሕረቱ ኣብ ልዕሌና ክውርድን ። ከምቲ ዝግብኣና ንኽነብር ክሕግዘና ክንጽሊ ። ሕልናና ብሥሩዕ ክክምርምር ። ምሥጢረ - ንስሐ ክነዘውትርን ይግብኣና፣

"... ከምቲ ንሰብ ሓንሳብ ክመውት ብድሕሪኡ ከኣ ፍርዲ ተሠሪዑሉ ዘሎ..." (ዕብ9።27)

### መንግሥተ ሰማይ እንታይ ኢዩ?

መንግሥተ ሰማይ። ኣምላኽ ገጹ ንኽርኢ ዘፍቅደልናን ። ነዓና ኣብቲ መለኮታዊ ሕይወቱ ዘሳትፈሉን ዘለዓለማዊ ቤትና ኢዩ ፣ ቅ.መጽሓፍ ከም ዝገልጸልና ። መንግሥተ ሰማይ ሓደ ከተማ ወይ ንግሥነት ኮይኑ ። ቅዱሳን ነቲ ፍጽምናኡ ዝለበሰ ፍጥረትን እቲ ዝግብኦም ዓስብን ዘስተማቕሩሉ ኢዩ ፣ እቶም ኣብ ጸጋ ኣምላኽ እንከለው ዝሞቱ። ወይ ብቐጥታ ናብ መንግሥተ ሰማይ ይኣትው ወት ድማ ቅድም ኣብቲ "ንሥሓ ቦታ" ዝተሰምየ ንጽሐት ካብ ሓጢኣትን ቦታ ካሕሳን ይኣትው፣ ኣምላኽ ነዓና ዝበሃገልና ስለ ዝኾነ ንሕና ንመንግሥተ ሰማይ ሀረር ክንብል ግቡእ ኢዩ ፣ ምስ ኩሉ' ቲ ዝገጥመና ሥቓያት እውን እንተኾነ ንመንግሥተ ሰማይ ስንድዋት ክገብረና ናብ ኣምላኽ ክንጽሊ ይግብኣና ፣ ምስ ቅዱሳን ኣብ ጸሎት ክንሓብርን ነተን ኣብ ንሥሓ ቦታ ዝርከባ ቅዱሳት ነፍሳት ድማ ጸሎት ክንገብረለንን (2መቃ12።44 ረአ) ጽቡቕ ኢዩ ፣

### ገሃነመ እሳት እንታይ ኢዩ ?

ገሃነመ እሳት። ንዘለዓለም ገጽ ኣምላኽ ንምርኣይ ዘይትኽእሉን ቦታ መቕጻዕቲ ናይቶም ዝተኾነኑን ኢዩ ፣ ናይ ክፍኣት ምርጫን ናብ ኩነኔ ዘምርሕ ። ጣዕሳ ዝጎደሎ ሕይወትን ኢዩ ፣ ድሕሪ ውድቀት (ኣዳምን ሔዋንን) ። ናይ ዓሌት ሰብ ርትዓዊት ፍርዲ ገሃነም እሳት ክትከውን ምተገብአ ነይሩ ፣ እንተኾነ እግዚኣብሔር በቲ ዓቢይ ፍቕሩ ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ድሕነት ወፊየልና ፣ ኣምላኽ ከምቲ ንባዕሉ ዝደልዮ (1ጢሞ2።4) ካብ ሓዊ ገሃነመ እሳት (ማቴ18።9, ራእ20።14) ክስውረና ክንልምኖ ይግብኣና ፣ ኣብ ርእሲ' ዚ እውን ። ከምቲ ኢየሱስ ነዓና ዘጠንቀቐና ። ንሕና እውን ንኻልኦት ብዛዕባ ህላወ ገሃነመ እሳት እናዘኻኸርና ። ኣብ ሕይወትና ነዓኡ ክንክተልን ክንንሳሕን ክነጠንቅቖም ግዴታና ኢዩ ፣

## ካልኣይ ክፍሊ

## ሊጡርግያን ምሥጢራትን

## 11. ሥርዓተ ኣምልኾ (ቅ.ሊጡርግያ) እንታይ ኢዩ?

ቅ.ሊጡርግያ ብኢየሱስን በታ ሰውነቱ ዝኾነት ቤተክርስትያንን ብሓይሊ (ጸጋ) መንፈስ ቅዱስ ናብ እግዚኣብሔር ዝቐርብ ሓቀኛ ኣምልኾ ኢዩ ፣ እዚ ሊጡርግያ እዚ ብዝተፈላለዩ ካብ ቅ.መጽሓፍን ትውፊትን ዝመንጨው ኣገባባት (ceremonies) ። ሥርዓታትን (rites)ምልክታትን(formulas) ዝቐመ ። ኩሉ ዝሳተፎ። "ሓባራዊ ሥራሕ" ኢዩ

### ቤተክርስትያን ሊጡርግያ ክህልዋ ንምንታይ ኣድለየ?

ቤተክርስቲያን ሊጡርግያ ክህልዋ ዝኽኣለ ። እግዚኣብሔር ፍቓዱ ኮይኑ ብቓላት ክርስቶስ ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ስለ ዝኣዘዛ ኢዩ።- "እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ" (ሉቃ22።19)፣ ሓቀኛ ኣምልኾ ንእግዚኣብሔር ከም ምኳኑ መጠን። ናይ ቤተክርስትያን ሊጡርግያ። ነቲ ካብቲ ድላይ እግዚኣብሔር ተገሊጹሉ ዝርከብ ቅ.መጽሓፍን ቅ.ትውፊትን ዝተወስደ ኣገባባት።ሥርዓታትን ምንቅስቓሳትን ይትግብር፣ ሊጡርጊያ። ሓባራዊ ጸሎታት። ዝረኣዩ ምልክታት። ኣምሳላውያን(symbolic) ተግባራት። ቅዱሳት ዜማታትን ምእዋጅ ቅላአ-እግዚኣብሔርን የጠቓልል ፣

### ናይ ቤተክርስትያን ሊጡርግያዊ ጸሎታት

እቶም ቀንዲ ሊጡርግያውያን ጸሎታት ቤተክርስቲያን። ቅ.ቁርባንን እቶም ካልኦት ምሥጢራት ቤተክርስትያንን ኢዮም ፣ እዚኣቶም ኩሎም ብሰብ ማዕረ። ካብኣቶም ከኣ ብዝበዝሕ ብካህናት ዝፍጸሙ ኮይኖም ። ወግዓዊ (ሥሩዕ) ጸሎታትን ። ንባባት ቅ.መጻሕፍትን። ምሥጢራዊ ምንቅስቓሳትን የጠቓልሉ ፣ **ጸሎተ ሰዓታት (ዳዊት)** እንተረኣና ። ካህናት ። ሰብ ውፉይ ሕይወትን ዓለማውያን ምእመናን በብእዋኑ ኣብ ምሉእ መዓልቲ ዝደግምዎ ጸሎታት ዝሓዘ ኣውራ ድማ ብመዛሙር ዳዊት ዝተሃንጸ ኢዩ ፣

### ሊጡርጊያ መዓስ ይፍጸም?

### ሊጡርጊያ ዝፍጸመሉም ዝተወሰኑ ጊዜያትን ወቕትታትን ኣለው፣

ዘመነ ምጽኣት።- ንምጽኣት ኢየሱስ ኣብ ጊዜ በዓለ ልደትን ነቲ ኣብ መጨረሻ ዓለም ክኸውን ዘለዎ ናይ መወዳእታ ምጽኣቱን እንቀራረበሉ ናይ ኣርባዕተ ሳምንቲ ወቕቲ ኢዩ ፣

ዘመነ ጾም።- ነቲ ኢየሱስ ኣብ ምድረበዳ ዝገበሮ ኣገባባት ጾም ተኸቲሉ ዝፍጸም ናይ ኣርባጻ መዓልታት ጸሎትን ጾምን ምጽዋትን ኢዩ ፣

ሰሙነ ሕማማትን ትንሳኤን።- ነቲ ኣድሕኒ ዝኾነ ሞትን ትንሳኤን ጎ.ኢ.ክ. እንጽንብለሉ ጊዜ ኢዩ ፣

**ዘወትር**። - ነቲ ዝተረፈ እዋን ናይ ሊጡርጊያ ዓመት ዘጠቓልል ኢዩ ፣

ሰንበት። ዕለተ ትንሣኤ ን.ኢ.ክ. (ለለሰሙኑ ፋሲካ) ። ካብ ኩለን ዕለታት ሰሙን ዝተባረኸት ኢያ ፣ እምበኣር በዛ ዕለተ ሰንበትን ካልኦት ዕለታት-በዓላትን ቅዳሴ ምስታፍ ንኹሎም ዝኽእሉ ምእመናን ግዴታ ኢዩ ፣

## ምሥጢራት እንታይ ኢዮም?

> ምሥጢራት። ብክርስቶስ ዝተሠርዑ። ነቲ ዘመልክትዎ ኩሉን ዝገብሩ ምልክታት ኢዮም ፣ ካብ ሓጢኣት ኣንጺሖም ኣባን ናይ ጸጋ ሕይወት ይተኽሉ ። የሐድሱ (የማዕብሉ) ወይ'ውን ከም ብሓዲሽ ህልው ይገብሩ ፣

## ምሥጢራት ንምንታይ ኣድለዩ?

ንሓይሊ'ቲ ናይ ኢየሱስ ምሥጢረ ፋሲካ ምእንቲ ድሕነት ህልው ስለ ዝገብሩ። ምሥጢራት ኣብ ሕይወትና ኣዚዮም ኣድለይቲ ኢዮም ፣ ብመንገዲ'ዞም ሾብዓተ መስኖታት ጸጋ ። እግዚኣብሔር ናይ መጉዚትነት ደቁ (ደቂ ጸጋ-adopted sons) ይገብረና ፣ ናይ ጸጋ ሕይወቱ ድማ ኣባና ከም ዝዓዝዝ ይገብሮ ፣

> እዞም ሾብዓተ ምሥጢራት ንኹሉ ኣገዳሲ ስጉምታት (ደረጃታት) ሕይወትና ዝትንክፉ ኢዮም ፣ ናይ ሓደ ክርስቲያን ሕይወት እምነቱ ከምትውለድን ከምትዓብን ከምትፍወስን ከምትለኣኽን ይገብሩ ፣ ምእንቲ'ዚ ኣብ መንን'ቲ ባህርያዊ ናይ ጉዕዞ ሕይወት ስጉምትን። መንፈሳዊ ኮነ ባሕርያዊ ምዕባሌታትን ገለ ተመሳሳልነት ኣሎ ፣ መዝ.ሃይ.1210

## እቶም ሾብዓተ ምሥጢራት ዝህበና ጸጋታት

| ምሥጢር | ሊጡርግያዊ ኣገባብ ኣፈጻጽማ | ዝህቦ ጸጋታት |
|---|---|---|
| ጥምቀት | እቲ በዓል ማዕርግ። "ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቐካ ኣሎኹ እናበለ ኣብ ርእሲ'ቲ ተጠማቒ ማይ የፍስስ፣ | • ሕድገት ሓጢኣት<br>• ሓዲስ ናይ ጽርጋ ሕይወት<br>• ኣባልነት ኣብ ቤተክርስቲያን |
| ሜሮን | እቲ ቀባኢ። ኣብ ግንባር እቲ ተቐባኢ ብቕብኣተ-ሜሮን እናዓተበ "ብቕብኣተ ሜሮን ቅብኣተጸጋ መንፈስ ቅዱስ እቐብ ኣካ ኣሎኹ። ብስም ኣብን ..." ይብል ፣ | ብሱል ክርስቲያናዊ ሕይወት ንምንባር ብማኅተም መንፈስ ቅዱስ ትሕተም |
| ቁርባን | ካህን።..."እዚ ምእንታኻትኩም ዝወሃብ ብሥጋይ። እዚ'ውን ምእንታኻትኩም ዝፈስስ ደመይ ኢዩ" እናበለ ነቲ ህብስትን ወይንን ይልውጦ፣ | • ሓቀኛ ህላወ ክርስቶስ<br>• ዳግመ ፍጻመ መሥዋዕተ ቀራንዮ<br>• መንፈሳዊ መግቢ |
| ንሥሐ | ተነሳሒ ብምሉኡ ልባዊ ጣዕስን ሓጢኣቱ ይናዘዝ'ሞ ካህን ድማ ካብ ሓጢኣትካ ፍቱሕ ኩን ..." እናበለ ይፈትሖ ፣ | • ሕድገት ሓጢኣት<br>• ናይ ጸጋ ሕይወት ኣብ ተነሳሒ ዳግም ይዝራእ |
| መጽሓፈ ቀንዲል | ካህን ነቲ ኣብ መጽሓፈ ምሥጢራት ዘሎ ግቡእ ቅላት ተጠቒሙ። ግንባርን ኣእዳውን ሕሙም ብቅቡእ-ሕሙማን የዓትብ ፣ | • ሕድገት<br>• መንፈሳዊ ብርታዔ<br>• ፍወሳ (መድኃኒት) |
| ክህነት | ጳጳስ ኣብ ርእሲ ተሰያሚ ኢዶም ብምንባር። ናይ ሲመት ጸሎታት ይደግሙ | ሕጹይ። ካልእ-ክርስቶስ ኮይኑ ከገልግል ብማዕርግ ይሕረ፣ |
| መጽሐፈ ተክሊል | ሕጹያት ነቲ ግቡእ ቀኖናዊ መሣርዕ ተጠቒሞም። ነንሕድሕዶም ከም ዝፋቐሩ ዝሕብር ዘለዎም ድሌት (consent) ይገላለጹ ፣ እዚ ብዝበዝሕ ኣብ ቅድሚ ካህን ኢዩ ዝፍጸም ፣ | ከምቲ ክርስቶስ ምስ ቤተክርስትያኑ ሓደ ዝኾነ። ተጻመድቲ ከኣ ሓደ ይኾኑ፣ |

# 12. ጥምቀትን ሜሮንን

## ጥምቀት እንታይ ኢዩ?

> ጥምቀት ። ብኣኡ ኣቢልና ክርስቲያን እንኸውን ምሥጢር ኢዩ ፣ ካብ ሓጢኣት ኣንጺሑ ። ውሉድ እግዚኣብሔርን ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስን ኣባላት ቤተክርስቲያንን ይገብረና ፣

## ጥምቀት ንምንታይ ኣድለየ?

ጥምቀት እቲ ሥሩዕ (ቀንዲ) መንገዲ ድሕነት ስለ ዝኾነ። ነዓና ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ ምሥጢር ኢዩ (መዝ.ሃይ.1257)፣ ናብ ካልኦት ምሥጢራትን ናብ መላእ ክርስቲያናዊ ሕይወትን እንኣትወሉ ኣፍደገ ኢዩ ፣

> “ኪዱ ። ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጥመቕኹምን ። ነቲ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክፍጽሙ እናመሃርኩምን ደቂ-መዛሙርተይ ግበርዎም፣” (ማቴ28።19-20)

## ብጥምቀት ኣባና እንታይ ኢዩ ዝፍጸም?

ማይ ጥምቀት። ሕጽበትን ዳግማይ ሕይወትን የመልክት፣ ብጥምቀት።-

- ካብ ኩሉ ሓጢኣትና ብፍላይ ድማ ካብ ሓጢኣት ኣዳም ነጻ ንኸውን
- ከም ውሉድ እግዚኣብሔርን ኣባላት ቤተክርስቲያንን ። ኣባና ሓዲስን መልዕልተ-ሃህርያውን ሕይወት ይፍጠር

> “ብጥምቀት ምስኡ የቐበርኩም። ብሓይሊ እቲ ካብ ሙታን ዘተንስኦ ኣምላኽ ብምእማንኩም ድማ ምስኡ ተንሣእኩም፣ ” (ቆሎ2።12)

## ንጥምቀት ብኸመይ ንሰናዶ?

ሓደ እኹል (ዓቢይ) ሰብ ንጥምቀት ክሰናዶ እንከሎ ብደረጃ ንኡሰ-ክርስቲያን። ማለት ደረጃ መባእታዊ ትምህርቲ እምነት ክርስትና ይሐልፍ ፣

## ጥምቀት ብኸመይ ይፍጸም?

ዝኾነ  ዝኣመነ’ሞ ኣቐዲሙ ዘይተጠምቀ ሰብ ክጥመቕ ይኽእል ኢዩ ፣ ካብ ልማዳት ጥንታዊት ቤተክርስቲያን ብዝተወስደ ኣገባብ ድማ ቤተክርስቲያን ። ካብ ክርስትያን ወለዲ ንዝተወልዱ ሕፃናት እውን ነዚ ፈላሚ ጸጋ እምነት ዘሕድረሎም ጸጋ ጥምቀት ትህቦም ኢያ ፣ ኣብቲ ጊዜ’ቲ ። ወለዲ ተጠማቒ/ተጠማቒት። ውሉዶም ክሳብ ኣኺሉስ ብገዛእ ርእሱ ኣብ እምነት ክርስቶስ ክመላለስ ዝጅምር ኣብ እምነት ቤተክርስቲያን መታን ከዕብይዎ መብጽዓ ይኣትው ፣ ሕፃናት ምስ ተወልዱ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ክጥመቑ ይግባእ ፣

ኣብ ንቡር ኩነታት ዘጠምቕ ኣካል ካህን ኢዩ ፣ ኣብ ጽጉም ኩነታት እንተኾይኑ ግና ። ሓደስ ቤተክርስትያን ኣብ ጥምቀት ከም እትገብሮ ክገብር ሓሳብ ዘለዎ ደኣ ይኹን እምበር ዝክዕነ ሰብ ክጠምቕ ይኽእል ኢዩ ፣ ጥምቀት ብኽልተ ኣገባብ ። ማለት ኣብ ማይ ብምጥላቕ ወይ ድማ ኣብ ርእሲ ተጠማቒ ማይ ብምፍሳስ። በቲ ምስኡ ዝኸይድ ግቡእ ቃላት (እገሌ/እገሊት። ኣነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቐካ/ኪ ኣሎኹ) ይፍጸም ፣

## ሜሮን እንታይ ኢዩ?

> ምሥጢረ ሜሮን ። ዘይለቅቕ ማኅተም ኣብ ነፍሳትና ብምሕታም ብመንፈስ ብሱላት ገይሩ ነቲ ብጥምቀት ዝጅምር ናብ እምነት ክርስትና ናይ ምእታው መሥርሕ ይዛዘም ፣፣ በዚ ምሥጢር’ዚ ከም ዝግባእ ብመንፈሳውነት ክንርእን ክንመላለስን ዘኽእሉና ሾብዓተ ህያባት ካብ መንፈስ ቅዱስ ንቕበል ፣ እዞም ህያባት እዚኣቶም ። ወንጌል ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ንኽንእውጅን ንፀረ-እምነትና ብዝግባኣ ክንቃወምን የኽእሉና፣

## ምሥጢረ ሜሮንንምንታይ ኣድለየ”

ብዝበዝሕ ምሥጢረ ሜሮን ብጳጳስ ነቶም ምሉእ ክርስቲያናዊ ሓላፍነት ክለብሱ ዝኽእሉ ኣብ ምጅማር ዝርከቡ ኣጓብዝ ይወሃብ፣

ምሥጢረ ሜሮን ንክርስቲያናዊ ሕይወትና ኣብዚ ምድሪ’ዚ ብዝግባእ ክነብሮ ክንክእል ስለ ዘዕጥቐናን። በዚ ከኣ ንገዛእ-ርእስናን ንኻሎትን ድሕነት ክነምጽእ ስለ ዘኽእለናን ኣድላዩ ኢዩ ፣

እቶም ሾብዓተ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ኣየኖት ኢዮም?

ሰለስተ ካብዞም ህያባት ። ንግቡእ መንፈሳዊ ራእይ ማለት። መለኮታውያን ኩኣኔታት ፍጡራት ነገራትን ብዝግባእ ንምርድኦም  ዝሕግዙና ኢዮም ፣ ንሳቶም ከኣ ጥበብ። ኣእምሮ” ፍልጠት (ምርዳእ) ኢዮም፣

እቶም ዝተረፉ ኣርባዕተ ድማ ጽቡቕ (ዕውት) መንፈሳዊ ምምልላስ ንክህልወና ዝገብሩ ኢዮም ፣ ምኽሪ።- ኣብ ውሱን ህሞታት እንታይ ስጉምቲ ከም እንወስድ ክርርዳእ ይሕግዘና ፣ ጽንዓት ። መንፈሳውነትን ፍርሃት እግዚኣብሔርን ድማ ። ትዕግስቲ። ክብሪ እግዚኣብሔርን ካብ ፍቕሩ ዝነቅል ከይነቐይሞ ምጥንቃቕን ከም ነማዕብል ይገብሩና ፣

## ምሥጢረ ሜሮን ብኸመይ ኣገባብ ንቕበሎ?

እቶም ምሥጢረ ሜሮን ንምቕባል ዝተሰናደው መጀመርያ ናይ ጥምቀት መብጽዓኦም የሐድሱ ፣ ብድሕሪ’ዚ እቶም ጳጳስ ጸሎተ-ርደት መንፈስ ቅዱስ የዕርጉ ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ግንባር ነፍሲ ወከፍ ተቐባኢ ብቅብእ ቅዱስ እናዓተኑ “ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን በዚ ቅብኣተ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ቅብኣተ ሜሮን እቐብኣካ ኣሎኹ” ይብሉ ፣

## 13. ምሥጢረ ቅ.ቁርባን

ቅ.ቁርብቅን መሥዋዕትን ህላወን መግብን ኢዩ ፣ ከም መሥዋዕቲ መጠን ። ነቲ ምእንቲ ድሕነትና ኣብ ቀራንዮ ዝተፈጸመ መሥዋዕቲ ኢየሱስ ህሉው ይገብሮ ፣ ከምህላው እንክርአ ድማ ቅ.ቁርባን ብመልክዕ ህብስትን ወይንን ዝቐረበ ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ ኢዩ ፣ ከም መግቢ መጠን ድማ ። ኣብ ሕይወት እግዚኣብሔር እንሳተፈሉ ቀለብ ነፍሳት ኢዩ ፣

## ቅ.ቁርባን ከም መሥዋዕቲ

ካብ ካልኦት ምሥጢራት ብዝተፈልየ መንገዲ ። ቅ.ቁርባን ምሥጢር ጥራይ ዘይኮነስ መሥዋዕቲ'ውን ኢዩ ፣ እዚ መሥዋዕቲ'ዚ ድማ ናይ ጎ.ኢ..ክ. ናይ ርእሱ መሥዋዕቲ ኢዩ ፣ መሥዋዕታት ናብ እግዚኣብሔር እንክቐርቡ። ንኽብሩ ከነመስግኖ ምስኡ ውህደት ንክህልወናን ምእንቲ ካሕሳ ሓጢኣትናን ኢዮም ዝቐርቡ ፣ ናይ ቅ.ቁርባን መሥዋዕቲ ክርስቶስ እምብኣር ። ነዚ ኩሉ ብምኣልት ዝፍጽም መሥዋዕቲ ኢዩ ፣

*መሥዋዕቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን*

ኣብ ብሉይ ኪዳን ደማውን ዘይደማውን መሥዋዕታት ልሙዳት ኢዮም ፣ ዘይደማውያን ምሥዋዕታት ዝህሃሉ ። ከም ናይ መልከጼዴቅ መሥዋዕቲ ህብስትን ወይንን ። ዓመታዊ መሥዋዕቲ ቦኽራትን ዝኣመሰሉ ኢዮም ፣ እቲ ቀንዲ ደማዊ መሥዋዕቲ ድማ መሥዋዕቲ ፋሲካ (Passover) ኢዩ ነይሩ ፣ ምፍሳስ ደም ገንሸል ፋሲካን ነቲ ሥጋኡ ምብላዕን። ካብ ሓጢኣትን ሞትን ናብ ነጻነትን ሕይወትን ምስጋር የመልክት ነበረ ፣ እቶም ከምዚ ዝበሉ መሥዋዕታትኩሎም ብእግዚኣብሔር ዝተኣዘዙ ኮይኖም ። ጊዚያውያንን ነቢያውያንን ኢዮም ነይሮም ፣ ምስኡ ግና ካብ ገለ ሳዕቤናት ሓጢኣት እውን ዘናግፉ ኢዮም ነይሮም ፣ እንተኾነ ግና እዞም ዘይፍጹማት መሥዋዕታት ናይቲ ኣብ ሓጢኣት ዝወደቐ ትዝምደ-ሰብ ። ፈጺሞም ናብ ድሕነት ዘየብጽሑን ምስ ኣምላኽ ድማ ክውሃሃዱ ዘይክእሉን ኢዮም ነይሮም (ዕብ10።1) ፣

## ናይ ቅ.ቁርባን መሥዋዕቲ ክርስቶስ

ኢየሱስ ተልእኮኡ ክጅምር እንከሎ። ዮሓንስ መጥምቕ ብዛዕባኡ "እንሆ ሓጢኣት ዓለም ዝድምስስ ገንሸል እግዚኣብሔር (ዮሐ1።29) እናበለ ኣወጀ ፣ እዚ ብምባሉ ድማ ቅ.ዮሓንስ። ጎ.ኢ..ክ. እቲ ብናይ ብሉይ ኪዳን መሥዋዕታት ኣቐዲሙ ዝተመሰለ "ፍጹም መሥዋዕቲ" ምኻኑ ኣመልከተ ፣ ኢየሱስ ድማ ። ገዛእ ርእሱ ምእንቲ ሕይወት ዓለም ከወፊ ምኻኑ ኣረጋገጸ (ዮሐ6።5)፣ ብበዓለ ፋሲካ ኅብስትን ወይንን ወሲዱ ። ነቲ ምድራዊ ሞቱ ምእንቲ ድሕነትና ኣወፊይዎ ኢዩ ፣

"እንኩም ብልዑ እዚ ምእንታኻትኩም ዝቑረስ ሥጋይ ኢዩ ፣ እንኩም ስየቱ እዚ ምእንቲ ብዙሃት ዝፈስስ ደመይ ኢዩ"
(ጸሎተ ወልጦ) (ማቴ26።26-28, ማር14።22-24, ሉቃ22።17-22, 1ቆሮ11።23-25)

ወሲኹ እውን ኢየሱስ "እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ በለ ፣ ካብዚ ተበጊሳ እምበኣር ቅ.ቤተክርስቲያን ። ብካህናታ ኣቢላ ነዚ መሥዋዕቲ ቅ.ቁርባን ከተቕርብ ትነብር ኣላ ፣ በዚ መንገዲ'ዚ ድና ናይ ክርስቶስ መሥዋዕቲ ቀራንዮ'ን ድህነታዊ ሳዕቤናቱን ንኹሉ ዘመናት ክሳብ መጨረሻ ዓለም ህልዉ ይኸውን ፣

"ነዚ ሕብስቲ'ዚ ብትበልዑሉን ነዚ ጽዋዕ'ዚ ብእትሰትዩሉን ጊዜ። ጎይታና ክሳብ ዝመጽእ ሞቱ ኢኹም እተዘንትው፣" (1ቆሮ11።26)

## ቅ.ቁርባን ከም ህላወ

ኣብ ቅ.ቁርባን ኢየሱስ ብሓቂ ህልው ዲዩ?

ኢየሱስ ንሥጋኡን ደሙን ከም ካብ ሰማይ ዝወረደ መግቢ ክህብ ምኻኑ ቃል ኣቲዩልና ኢዩ (ዮሐ6።51-56 ረአ)፣ ነዚ ከኣ ኣብ ዕለተ ጸሎተ ሓሙስ። ነቲ ኅብስቲ ብምልዓል "እዚ ሥጋይ ኢዩ። ነቲ ወይኒ ብምሉኣል ድማ "እዚ ደመይ ኢዩ" ብምባሉ ምልኣት ኣልበሶ ፣

እዚ ህያብ'ዚ ሎሚ'ውን ነዓና ተዋሂቡ ንረኽቦ ፣ ካህን ነተን ናይ ለውጢ ቃላት ምስ ደገሙ እቲ ኅብስቲትን ወይንን ናብ ኡነተይና ሥጋን ደምን ኢየሱስ ክርስቶስ ይልወጥ ፣ ቅ.ቤተክርስቲያን ነዚ ለውጢ'ዚ ተወልጦ-ህላዌ (transbubstantiation) እናበለት ትጽውዖ ፣ ከመይ እቲ ናይ ህብስትን ወይንን ህላወ ናብ ናይ ጎ.ኢ..ክ ሥጋን ደምን ስለ ዝልወጥ ኢዩ ኢየሱስ እውን ቀቅድሚ ዕርገቱ።"እነሆ ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ምሳኻትኩም ኣሎኹ" (ማቴ28።30) ኢሉ ኢዩ፣ እዚ ቃል ኢዝ እምበኣር ሎሚ። ኣብ መናብረ ታቦታት ነፍሲ ወከፍ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ዓለምና የፈጺሙ ንረኽቦ ፣

## ቅ.ቁርባን ከም መግቢ

ብመሠረቱ እቲ ጎ.ኢ..ክ "ኩልኻትኩም ውሰዱ ብልዑ ። ውሰዱ ስተዩ" እናበለ ዝሃቦ ትእዛዝ። ቅ.ቅርባን ኩሉ ሻዕ ከም ቅዱስ መኣዲ ኢዩ ዝጽንበል ፣ ካብዚ መግቢ'ዚ እንረኽቦ መኽሰብ (ጸጋታት)።-

- ውህደት (ሓድነት)።- ንሕይወቱ ብምምጋብ ከምኡ ንኸውን ። ንሱ እውን ኣባን የሐድር ፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ቅ.ቅርባን "ቁርባን=ውህደት " ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ ኢዩ ። ከም መኣዲ መጠን ድማ ። ምስ ክርስቶስን ምስ መላእ ቤተክርስትያንን ዘሎና ሕብረት (ሓደነት) እውን ይገልጽ ኢዩ (1ቆሮ10።17)፣
- ብርታዔ(ሓይሊ)።- ነዚ መለኮታዊ መግቢ ብምብላዕ። ናይቲ ክርስቶስ ነዓና ዘሳትፎ መለኮታዊ ሕይወት ቀለብና ንረክብ ፣ ብመልክዕ ኅብስቲ ክንቅበሎ ከሎና ። ቅ.ቁርባን ንመንፈሳዊ ጉዕዞና ኣውራ ድማ ንሞት ኣብ እንቀራረበሉ እዋን ። ኣገዳሲ ስንቂ መግብና ከም ዝኾነ ዘመልክት ኢዩ ፣
- መብጽዓ።- ነቲ ዝተንሥአ ኢየሱስ ክንቅበሎ እንከሎና ። ንሓይሊ ትንሣኤኡ ኢና ኣብ ውሽጥና እንቕበል፣ ከምቲ ቃሉ "እቲ ሥጋይ ዝበልዕ ደመይ እውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነ'ውን ኣብኡ እነብር፣ በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ድማ ከተንስኦ ኢየ" (ዮሐ6።56-40)፣

- ከም ሓደ ኣብ ምድሪ ዝሥራዕ ቅዱስ መኣዲ መጠን። ኣብ ሓደ ካብዚ ናይዚ ምድሪ'ዚ ኣዚዩ ዝዓቢ ነገር እንሳተፈሉ ኩነት ኢዩ ፣ ቅ.መጽሓፍ ነዚ ኣኼባ (ጉባኤ) ቅዱሳን ከም ሰማያዊ ናይ መርዓ ውራይ(ፌስታ) ኢዩ ዝገልጾ፣ እቶም ናብ ድራር መርዓ እቲ ገንሸል ዝተዓደሙ ብፁዓን ኢዮም (ራእ19፥9) ፣

## 14. ምሥጢራት ንሥሓን ቅብአተ-ሕሙማን (ቀንዲልን)

### ንሥሐ እንታይ ኢዩ ?

ንሥሐ። ብሓጢኣትና ተጣዒስና ድሕሪ ምንዛዝና ። ብመንገዲ ክህነታዊ ኣገባብ ካህን ካብ ሓጢኣትና እንፍት

### ንሥሐ ንምንታይ ኣድለየ?

ንሥሐ ካብ ዝኾነ ድሕሪ ጥምቀት ዝተገብረ ዓቢይ ሓጢኣት ክንነጽሓሉ እንኽእል እንኮ መንገዲ ስለ ዝኾነ ኣድላዪ ይኸውን ፣ ሓጢኣትና ብቕልጡፍ ኣለሊና ካብኡ ክንነጽሕ። ብሱል ሕልና ከነማዕብልን ። ፈተና ከነሸንፍን ድማ ጸጋ ስለ ዝህበናን ሥሩዕ ዝውታረ ,ሥጢረ ንሥሐ ኣዚዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ንረክብ ፣ እቲ ሓጢኣትካ ናይ ምንዛዝ ተግባር ብባዕሉ )ከም ተራ ኑዛዜ መጠን) ፍወሳ ይህበና ካብ ጽዕነት ሓጢኣት ድማ የገላግለና ፣

## ክርስቶስ ንንሥሐ ብኸመይ ኣገባብ ሰርዖ?

ሓጢኣት ክሓድግ ዝኽእል እግዚኣብሔር ጥራይ ምዃኑ ቅ.መጽሓፍ ይዛረብ (ማር2፥7) ፣ እንተኾነ ክርስቶስ ንሐዋርያቱ። ሓጢኣት ክሓድጉ ሥልጣኑ (ሓይሉ) ሃቦም ፣ ምስ ጊዜ። ኣገባባት ንሥሐ ዋላ'ኳ እንተተቐያየረ ። ሓጢኣትካ ብቓልካ ምንዛዝን ። እቲ ብካህን ዝወሃብ ፍትሐትን ግና ከይተቐየሩ ይቕጽሉ ፣ በዚ መንገዲ'ዚ ድማ እቲ ክርስቶስ ዘምጽኦ ምሕረይ ክሳዕ መፈጸምታ ዓለም ቀጻሊ ኮኡኑ ይነብር ፣

"መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። ሓጢኣቱ ንዝሐደግኩምሉ ክሕደገሉ ። ሓጢኣቱ ንዝሓዝኩምሉ ድማ ክተሓዘሉ ኢዩ" (ዮሐ20፥22-23)፣

### ብወገን ተነሳሒ ዝፈጸም ተግባራት

**ጣዕሳ።-** ብሓጢኣተይ ብፍጹም ምሕጻንን ምጥዓስን ።ንድሕሪ ሕጂ ካብ ከምኡ ዝመሰለ ውድቀት ንኽቑጠብ ጽኑዕ ሥሊና ክህልወንን ፣

**ኑዛዜ።-** ዓይነታት ዝፈጸምኩዎ ሓጢኣትን ክንደይ ግዜ ከም ዝፈጸምኩን ዘርዚረ ነብ-ነፍሲ ምንጋር ፣ ኣብዚ ኩሎም ዝፈጸምኩኦም ዓበይቲ ኃጣውእ ክነግር ትሕዝ ኢዩ ፣

**ንካሕሳ ስንድው ምዃን።-** ነቲ ብሓጢኣተይ ዝመጸ ጉድኣት ንኽመሓየሽን። ነቲ ብካህን ዝተዋህበኒ ቀኖና ክፍጽምን ስንድው ዝኾነ ኅሊና ክህልወኒ ፣

## ግድነታውያን ቃላት ካህን

እቶም ካህን ሓጢኣተይ ሰሚዖም ቀኖና ሂቦም ቃለ-ጣጽሳይ ምስ ኣስማዕክዎም ። ከምዚ ዝስዕብ እናበሉ ይፈትሑኒ። "ኣነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ካብ ሓጢኣትካ እፈትሓካ ኣሎኹ። ኣሜን፣"

### ንሥሓን ዕርቅን

ሓጢኣት ነቲ ምስ እግዚኣብሔርን ቤተክርስቲያንን ዝነበረና ርክብ ይጎድኦ ፣ ምስ እግዚኣብሔርን ቤተክርስቲያንን መሊሱ ዝዓርቀና ምሥጢረ ንስሓ ብምዃኑ ድማ "ዕርቂ" ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ ኢዩ ፣

### ብሓጢኣት ንዘስዐበ ጉድኣት ምፍዋስ

ዋላ ብሓጢኣትና ተናዚዝና ካብ ውርደት ሓጢኣት ንፈታሕ ። እቲ ብሓጢኣት ዝሰዓበ ጉድኣት ክፍወስ ግድነት ኢዩ ፣ ነዚ ሓሳብ'ዚ ድማ ኢዩ ካህን ኣብ ጊዜ ኑዛዜ "ቀኖና" ዝህብ ፣ እዚ ቀኖና እዚ ብሓፈሻእ። ጸሎት። ናይ ምሕረት ሥራሓት። መሥዋዕቲ ወይ ድማ ገዛእ ርእስኻ ናይ ምኽሓድ ሥራሕ ኢትይ ፣ ብምሕረት ኣምላኽ እዞም ተግባራት እዚኣቶም ካብቲ ብሳዕቤን ሓጢኣትና ክወርድ ዝነበሮ መቕጻዕቲ የገላግለና ፣ ብቤተክርስቲያን ዝወሃብ ሥርየተ-ሓጢኣት እውን ካብዚ መቕዛዕቲ'ዚ እንገላገለሉ ካልእ ኣገባብ ኢዩ ፣

### ምሥጢረ ቅብኣተ ሕሙማን (ቀንዲል) እንታይ ኢዩ ?

ምሥጢረ ቅብኣተ ሕሙማን ። ሕሙማን ብዘይቲ ብምቕባእን ካህን ብዝደግሞ ጸሎታትን ንድሕነት ነፍሳቶምን ምናልባት'ውን ንፈውሲ ሕማም-ሥጋኦም ዝኸውን ጸጋ ዝቕበሉሉ ምሥጢር ኢዩ ፣

### ምሥጢረ ቅብኣተ ሕሙማን ንምንታይ ኣድለየ?

እዚ ምሥጢር'ዚ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት። ንሞት ኣብ እንቀራረበሉ ጊዜ ። ንነፍሳትናን ሥጋናን ብምብርታዕ። ወይ ንፈውሲ ወይ ድማ ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ንሙማት ስለ ዝሕግዘና ኢዩ ፣ እዚ ምብርታዕ እዚ ኣዚዩ ኣድላዪ ኢዩ ፣ ከመይ ኩነታት ነፍስና ኣብ ጊዜ ሞት ዛዛሚ ምድራዊ ሕይወትናን ወሳኒ ዘለዓለማዊት ኩነትናን ስለ ዝኾነ ፣

### ክርስቶስ ነዚ ምሥጢር እዚ ብኸመይ ሠሪዕዎ?

ቅ. መጽሓፍ ንኢየሱስ ከም ፈዋሲ (ሓኪም) ነፍስን ሥጋን ገይሩ ኢዩ ዘቕርቦ ፣ ንሱ (ኢየሱስ) እውን ። እቶም ደቀ መዛሙሩ ኢዶም ኣብ ልዕሊኡ ዘንበሩሉ ዘበለ ሕሙም ኩሉ ከሓዊ ምኳኑ ቃል ኣትዩ ኢዩ(ማር16።17-18)፣ መልእኽቲ ያዕቆብ ሓዋርያ። እቶም ቀዳሞት ካህናት ክርስቲያን ንሕሙማት ይቐብኡ ከም ዝነበሩ ትምስክረልና ኢያ፣

### ምሥጢረ ቅብኣተ ሕሙማት ዝህቦ ጸጋታት

### ናይዚ ምሥጢር'ዚ ጸጋታት።-

- ነቲ ሕሙም የበራትዖ
- ሕድገት ሓጢኣት(ዋላ'ውን እቲ ተቐባኢ ሓጢኣቱ ክናዘዘሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ይብጻሕ)
- ካብ ሕማም ሥጋኡ ክፍወስ እውን ተኽእሎ ኣሎ ፣

### እዚ ምሥጢር'ዚ መዓስ ይወሃብ

እዚ ምሥጢር'ዚ ሓደ ሰብ ብጽኑዕ ምስ ዝሓምም ወይ ንሞት ኣብ ዘፍርሕ ኩነታት ምስ ዝበጽሕ ይወሃቦ ፣ እንተኾነ እቲ ሰብ ክሳዕ ዝመውት እዚ ምሥጢር'ዚ ክደናገ የብሉን ፣ ሓደ ዝተቐብአ ሰብ ካብ ሕማሙ ሓውዩ ከም እንደገና ምስ ዝሓምም ድማ ። ደጊምካ ክወሃቦ ይከኣል ኢዩ ፣

## 15.ምሥጢራት ተክሊልን

መዝገበ ሃይማኖት ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን (መዝ.ሃይ=ccc)። ቃል ኪዳን 'Bክርስቶስ ኀይታ ናብ ደረጃ ምሥጢር ቤተክርስቲያን ክብ ኢሉ" (መዝ.ሃይ.160) እናበለ ይምህር ፣

እቲ ቃል ኪዳናዊ ዝምድና ክርስቶስን ቤተክርስቲያኑን ። ነቲ ቃልኪዳን ፍሉይ ክርስትያናዊ መለለዪ እናሃበ ኣብዚ ምሥጢራዊ ተክሊል ህሉው ኢዩ ፣ ቅ.ጳውሎስ ንቃል ኪዳን "ምሥጢር=mysterion"ኢሉ ብምጽዋዕ ነዚ ሓቂ'ዚ የጽድቕ፣

> "ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ሓዲጉ ምስ ሰበይቱ ሓደ ይኸውን፣ ክልቲኦም ከኣ ሓደ ኣካል ይኾኑ ፣እዚ ምሥጢር'ዚ ዓሚቕ ኢዩ ኣነ ግና ብክርስቶስን ቤተክርስትያንን እምስሎ ኣሎኹ፣" (ኤፌ5።31-32)

ንቃል ኪዳን ምስ ክርስቶስን ቤተክርስቲያንን ምትሕሓዝ ። ነዞም ዝስዕብ ኃይላት የኣንፍት።-

- ሓጎስ።- ኣብቲ ናይ ፍቕሪ ውህደትን ። ኣብ "ናይቲ ገንሸል ድራር መርዓ" ቅድመ-ምስትምቓርን ዝርከብ ሓጎስ፣
- መሥዋዕቲ።- እቶም ተጻመድቲ ገዛእ ርእሶም ነንሕድሕዶም ክሳብ ጊዜ ሞት ብምውፋይ ብመሥዋዕትነት ንኢየሱስ ይኽተሉ ፣
- ፍርያምነት።- እቶም ተጻመድቲ ብቕድስና ክዓብዩ ከም ዘለዎምን ። ውሉድ ክፍርዩ ስለ ዘለዎውምን ፣

### ነዚ ምሥጢር'ዚ ንምፍጻም እንታይ የድሊ ?

እቶም ተጻመድቲ ኢዮም ነንሕድሕዶም ነዚ ምሥጢር'ዚ ዝተዓዳደሉ ፣ ነዚ ክገብሩ ብነጻነት ክመባጽዑ ኣለዎም ። ካብ መኸላእታታት (ንኣ. ቅድሚኡ ዝተፈጸመ ብቑዕ ቃል ኪዳን) ነጻ ክኾኑ። ንምሉእ ሕይወቶም ነንሓድሕዶም እናተሓጋገዙ ክነብሩን። ብኣምላኽ ንዝወሃብዎም ውሉድ ተሓጒሶም ክቕበሉ ስንድዋት ዝኾኑን ክኾኑ ይግባእ ፣ በቲ ግቡእ ሊጡርግያዊ ኣገባብ መሠረት። ነፍሲ ወከፎም ኣብ ቅድሚ ካህንን መሰኻኽርን ቃል ማሕላኡ ይፍጽም ፣

> ከምቲ ቃል ኪሳን ክሳዕ ሞት ዘይፈርስ ። ፍትሕ እውን ኣይከኣልን ኢዩ ፣ "ምስራዝ" ዝብሃል ። ሓደ ቃል ኪዳን ብቑዕ ከም ዘይኮነ ቤተክርስቲያን ብወግዒ ምስ እትቕበሎ ዝወሃብ "ብያኔ" ኢዩ ፣

## ምሥጢረ ክህነት (ቅዱሳት መዓርግ)

| |
|---|
| ክህነት። ሓደ ዝተጠምቀ ወዲ ተባዕታይ ። ኣብቲ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ዘማሕጸኖ ተልእኮ ንኽሳተፍ ሥልጣንን ክእለትን ዘውህብ ምሥጢር ኢዩ ፣ እዚ ምሥጢር'ዚ ሰለስተ ድረጃታት ኣለውዎ።-ጵጵስና። ክህነት።ዲቁና፣ |

## ምንጪ ምሥጢረ ክህነት ካበይ ኢዩ ?

ክህነት ካብቲ ነቶም ፍሉያት ተኸተልቱ "ሓዋርያት" ኢሉ ዝሰመዮም ኢየሱስ ኢዩ ዝመጽእ፣ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ። ከመሓድሩ። ክምህሩን ክቕድሱን (to sanctify) መዚን ሥልጣንን ሃቦም ፣(ማቴ18።18, 28።19-20, ሉ22።19)

## ካብ ሓዋርያት ብከመይ ተሳጋገሩ?

እቶም ሓዋርያት ነቲ ማዕርገ ክህነት ኣብ ልዕሊ'ቶም ተካእቶም ጳጳሳት ቀጺሎም (conferred)፣ እዞም ጳጳሳት ድማ ብጊዜኦም ን ኣንብሮ ኢድ ከም ሥርዓት ቤተክርስቲያን ጸሎታት ብምድጋምን ካልኦት ጳጳሳትን ካህናትን ዲያቆናትን ሾሙ ፣

## እቶም ሰለስተ ምሥጢራውያን መዓርግ

**ጳጳሳት**።- ተካእቲ ሓዋርያት ኮይኖም ብዝበዝሕ ሰበኻታት ዘመሓድሩ ኢዮም ፣ ማዕርገ ክህነት ይሀቡ። ምሥጢረ ሜሮን እውን ይቐብኡ ፣ ምስ ር.ሊ.ጳ. ሓቢሮም ድማ ኣብቲ ዘይስሓሓት (infallible) ሥልጣነ-ትምህርት ቤተክርስትያን ይሳተፉ ፣

ካህናት።- መሣርሕቲ ጳጳሳት ኮይኖም ። ብፍላይ ቁምስናታት ኣብ ምምሕዳርን። ኣብ ምምሃርን። ብምሥጢራት ነፍሳት ኣብ ምቕዳስን ዝተጸምዱ ኢዮም ፣

ዲያቆናት።- ተራዳእቲ (ተሓጋገቲ- ሥራሕ ጳጳሳትን ካህናትን ኢዮም ፣

ኣብነት ክርስቶስ ብምኽታል ። ቅዱሳት መዓርግ ንምቕባል ናይ ምሉእ ሕይወት መብጽዓ ንጽሕና ምእታው። ዝውቱር ኣገባብ ምዕራባውያን ኣብያተ ክርስትያን ኢዩ ፣ ቀወምቲ ዲያቆናት ግና ክምርዓዉ ይኽእሉ ኢዮም ፣

## ጸዋዕታ ናብ ክህነት

ኢየሱስ። ጸዋዕታ ናብ ክህነት ካብ ናቱ ተበግሶ ደኣ እምበር ካብ ናትና ከም ዘይኮነ ። " ኣነ ኢየ መሪጸኩም እምበር ንስኻትኩም ኣይመረጽኩምንን" (ዮሐ15።16) እናበለ ምሂሩና ኢዩ ፣እዚ ጻውዒት እዚ በቲ ዝቕበሎ ሰብ ይምመ። ብናጽነት ድማ ይምረጽ ፣ ቤተክርስትያን ድማ ነዚ ጻውዒት'ዚ ብምምርማር። ነቲ "ሕጹይ" ብመንገዲ መንፈሳዊ ። ሰብኣዊ ኣካዳምያውን ጉስነታውን መዕበይ። ብዝበዝሕ ኣብ ዘርኣ ክህነታት ኮስኰሳ ተሰናድዎ ፣

# ሳልሳይ ክፍሊ

# ሞራላዊ ተግባር

## ሞራላዊ ተግባር እንታይ ኢዩ ?

| |
|---|
| ሞራላዊ ተግባር ዝኾነ ካብ ነጻ ድላይ ተበጊስካ ዝፍጸም ተግባር ኢዩ ፣ በዞም ግድነት ወይ ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ዝኾነ ተግባራት ድማ ሰብ ሓላፍነት ኢና ፣ |

ሓደ ካብቲ ከም ሰባት መጠን እንውንኖም ፍሉያት ክእለታት። ገዛእ ሕይወትና ክንመርሕ ንኽእል ምዃንና ኢዩ ፣ እዚ ነጻነት'ዚ ተባላሕቲ ክንከውንን ። ካብ መንገ ብዙሓት ናይ ጽቡቕ ተግባራት ተኽእሎታት ክንሓርን የኽእለና ፣ ኮይኑ ግን እዚ ነጻነት'ዚ ።ነቲ ሕማቕ ማለት ኣንጻር'ቲ ነዓናን ነቲ እግዚኣብሔር ዝእዝዘዞን ጽቡቕ ዝኾነ ክንሓሪ እውን የኽእለና ኢዩ ፣

እግዚኣብሔር ብዓቢኡ ነቲ ነዓና ጽቡቕ ዝኾነ ነገር ጥራሕ ክንሓሪ ኢዩ ዝብህገልና ፣ እንተኾነ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ንኽንገብር ኣየገድደናን ኢዩ ፣ ብህይወት ክሳብ ዘሎና ካብ መንገ ጽቡቕን ሕማቕን ፈሊና ክንመርጽ ነጻ ኢና ፣ ናይ ክልቲኦም ምርጫታት ውጽኢት ድማ ኣብ ሕብረተሰ ፍሉጥ ኢዩ ፣

## ሓጢያት እንታይ ኢዩ ?

ሓጢኣት፡- ብፍላጥ ዝግበር ሕማቕ ተግባር ኢዩ ፣ እዚ ድማ ኣንጻር ድላይ ኣምላኽ ዝኾነ ፡ ሓሳብ ፡ ቃል ፡ ተግባር ወይ'ውን ዘይምግባር ክኸውን ይኽእል ፣

ሓጢኣት ዘበለ ኩሉ ኣንጻር ድላይ ኣምላኽ ዝፍጸም ተግባር ኢዩ ፣ ንገለ ካብቲ ሰብኣዊ ባህርያትና ፡ ኣንጻር ባህርዩ ዝኾነ መልክዕ የትሕዙ (ከም ስስዐ፡ ቅንኢ፡ ተግባራት ዝሙት)፡ ወይ ድማ ንገለ እግዚኣብሔር ብግልጺ ዝሃበና ትእዛዛት ይጥሕሱ (ከምቲ ኣዳም ካብታ ጽቡቕን ሕማቕን እተፍልጥ ኦም ከይበልዕ ተኣዚዙ ክነሱ ዝገበሮ- ዘፍ2፡17)፣

ምንጪ ኩሉ ሓጢኣት "ትዕቢት" ኢዩ ፣ እዚ ከኣ ንገዛእ ርእስኻ ካብ መሥርዕ ባህርይን፡ ካብ ተኣዝዞ እግዚኣብሔርን ነጻ ዝኾነ 'ኣምላኽ' ክትከውን ምፍታን ኢዩ ፣

## ዓቢይን ንእሽቶን ኃጣውእ

ዋላ'ኳ ኩሉ ሓጢኣት ዘበለ ሕማቕ እንተኾነ ፡ እቲ ክፍኣቱ ግና ማዕረ ኣይኮነን ፣ ሓደ ሓጢኣት "ዓቢይ-ቀታሊ" ክንብሎ እንተደኣ ኮይና፡ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ዘማልአ ምስ ዝኸውን ኢዩ፡-

| | |
|---|---|
| ዓቢይ ጉዳይ | እቲ እንገብሮ፡ መሪጽና እንፍጽሞ ተግባር ፈጺሙ ጌጋ ምስ ዝኸውን |
| ፍልጠት | እቲ ተግባር ኣዚዩ ሕማቕ ምዃኑ ንፈልጥ እንተኾይና ፡ ወይ'ውን ክንፈልጥ እንተነይሩና |
| ምሉእ ድላይ | ነዚ ተግባር ክንፍጽሞ ምሉእ ድላይ እንተነይሩና፡ ወይ ድማ ብኻልእ መንገዲ ክንካየድ ንኽእል ነይርና እንተኾይና ፣ |

ንከምዚ ዝበለ ሓጢኣት "ዓቢይ " ወይ ድማ "ቀታሊ" እናበልና ንጽውዖ ፣ ከመይ መለኮታዊ ሕይወት ነፍሲ ዝቐትልን ነቲ በዳሊ መንግሥተ ሰማይ ካብ ምእታው ዝኽልክልን ኢዩ ፣ እቲ ተራ ኣገባብ ንጽሓት ካብዚ ሓጢኣት'ዚ ድማ ምሥጢረ-ንሥሓ ኢዩ ፣

ካልኦት ኃጣውእ (ካብዚ ወጻኢ) "ነኣሽቱ ሓጢኣት" እባነልና ንጽውዖም ፣ ከመይ መለኮታዊ ሕይወት ነፍሲ ኣይቀትሉን ኢዮም፣ እንተኾነ (ኣብ መንፈሳውነትና) ይጎድኡናን የዳኽሙናን ፣

## ከመይ ኣቢልና ጽቡቕ ዘበለ ክንገብር ንኽእል?

ሓደ ካብቲ ሳዕቤናት 'ጥንተ ኣብሶ- ሓጢኣት ኣዳም (orginal sin) ጽቡቕ ዘበለ ክንገብር ነዓና ቀሊል ዘይምዃኑ ኢዩ ፣ ግብረ -ሓጢኣት ጥራይ ክንብህግ ዝገብረና "ዘይሥሩዕ ሥጋዊ ባህጊ" ብዝበሃል ሃለዋት ንተሓዝ ፣

ብመጽናዕቲ ሞራላዊ ሕግን ጽቡቕ ኣብነትን ዝተኾስኮሰ ጥዑይ ኅሊና ፡ ቅኑዕ ዘበለ ክንፈርድ ይሕግዘና ፣ ብዝግባእ እተሠርዐ ሕይወት እናመራሕካ ጽቡቕ ልምድታት ምጥራርን ፡ ፈተናታት መጋድን እውን ሓጋዚ ኢዩ ፣ ምስዚ ኩሉ ግና ፡ ብጸጋ እግዚኣብሔር ማለት ፡ ብመንገዲ ምሥጢራትን ጸሎትን ጥራይ ኢና እቲ ናይ መወዳእታ ዓወት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክንጭብጦ እንኽእል ፣

## ሞራላዊ ውግእን ዓወትን

## እቲ 'ዓቢይ ውግእ' ዝበሃል እንታይ ኢዩ ?

እዚ ዓቢይ ውግእ'ዚ እቲ ዕለታዊ ኣብ ገዛእ ሕይወትና ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን (good & evil ) ዝካየድ ቃልሲ ኢዩ ፣ ተጻረርትና ዓለም ፡ ሥጋ፡ ሰይጣን ኢዮም ፣ እዚኣቶም ተመሳጢሮም እናሰርሑ ከፈራርሁናን ፡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ምስዓብ ከንንሳሕብ ክፍትኒናን ይነብሩ ፣ እምበኣር እቲ ዝዓበየ ታሕጓስና ኣብ ልዕሊ እዚኦም ብምዕዋት ጥራይ ኢና ንጭብጦ፣

## ዓለም ፡ ሥጋ ፡ ሰይጣን

ዓለም፡- ንኽፉእ ደኣ እምበር ንጽቡቕ ዘየተባብዕ ስለ ዝኾነ ጸላኢና ኢዩ ፣ "ዓለም" እንክንብል ፡ ነቲ ብባህሪኡ ጽቡቕ ዝኾነ ተፈጥሮ ዘይኮነስ ፡ ነቶም ኣንጻር ድላይ ኣምላኽን ኣንጻር ጽቡቕ ተግባራትናን ዝኾኑ እኩባት ክፉኣት ጽልዋ ሕብረተሰባት ማለትና ኢና ፣

ሥጋ፡- ዘይሥሩዕ ሥጋዊ ባህጊ ዘምጽእ ብምዃኑ ጸላኢና ኮይኑ ይርከብ ፣ ባህግታት ብገዛእ ርእሶም ብኣምላኽ ዝተፈጥሩ ጽቡቓት ነገራት እኳ እንተኾኑ ፡ ኣብዚ ዝወደቐ ሃለዋትና (fallen) ፡ ዘይሥሩዕ ኣጠቓቕማ ባህግታት ግና ፡ ናይ ምዕብላልን ነዓና ባሪዩ ሓጢኣት ናይ ምግባርን ሓደጋ ኣለዎ ፣ ብተወሳኺ ፡ ፍርሒ-ሥቓይ ነቲ ክንገብሮ ዝግብኣና (ጽቡቕ) ከይንገብሮ ከዕንቅጸና ይኽእል ኢዩ ፣

ሰይጣን፡- እቶም ምስኡ ዝወደቑ መላእኽቱን ፡ ብሰንኪ'ቲ ንኣምላኽ ዘለዎም ጽልእን ፡ ነዓና ካብቲ ዘለዓለማዊ ታሕጓስ ክርሕቑና ብዘለዎም ባህግን መንፈሳውያን ጸላእትና ኢዮም ፣ እዞም ፍጡራት እዚኦም ፡ ኣንጻርና ገልቦጦም ዝጥቀሙሉ ኣእምሮ እውን ይውንኑ ኢዮም ፣ ኣብ ርእሲ'ቲ ብቐጥታ (ባዕሎም) ዝገብርዎ ተግባራት ፡ ንዓለምን ብሥጋን እውን ኣንጻርና ንኽትንስኡ ይጥቀሙሎም ኢዮም ፣

## ዓወት ክርስቶስ

ኢየሱስ ንዓለምን ሥጋን ሰይጣንን ማሪኽዎም (conquered) ኢዩ ፣ ንሕና ድማ ሓገዙ እንተለሚናን ንህያባቱ እንተ ተጠቒምናሎምን ፡ እቲ ንቃልስና ዘድልየና ኩሉ ክንውንን ፡ ኣብቲ 'ዓቢይ- ውግእ' እውን ክንዕወት ኢና )ዩሐ16፡3) ፣

# 17, ባሕርያዊ ሕግን (ሕጊ ተፈጥሮ) ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን

## ባሕርያዊ ሕጊ (ሕጊ ተፈጥሮ)

> ባሕርያዊ ሕጊ ዝበሃል ። በእምሮ ክብጻሕ ዝኽእል ። ብጽቡቕ ንምንባር ዝጠቅም ሓባራዊ (ኩሉኣዊ) ሞራላዊ ሕጊ ኢዩ ፣

እዚ ባሕርያዊ ሕጊ። "ባሕርያዊ" ኢዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት ንባሕርይ ሰብ ኣብ ዝሰማማዕ ነገራት ዝተመሥረተ ስለ ዝኾነን በቲ ባሕርያዊ ኣእምሮና ጥራይ (ብዘይ ሓገዝ ናይ እምነት) ክንፈልጦ ስለ እንኽእል ኢዩ ፣

እዚ ባሕርያዊ ሕጊ ኣብ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ንዝርከብ ሕዝቢ ብቑዕ ኮይኑ ዘገልግል ኢዩ ፣ ነቲ መምርሕታቱ ። ብዘይ እምነት በእምሮ ጥራይ ክንርድኦ ንኽእል ኢና ፣ ንኣብነት።- ወለዲ ዘይምኽባር ። ቅትለት። ስርቂ። ዝሙት። ሓሶት ብኹሉ ሕብረተሰብ ዓለም ኣንጻር' ቲ ንወዲ ሰብ ጽቡቕ (ዝጠቅም) ነገራት ምዃኖም ዝተፈልጡ ኢዮም ፣

ክርስቲያን ንሕግታት ተፈጥሮ ከክብሩ ትሑዛት ኢዮም ፣ ምኽንያቱ ከኣ ። ንኹሉ ኣእምሮኣዊ ፍጡር ዝተባህሉ ምዃኖምን ብገዛእ ርእሶም ጽቡቓት ስለ ዝኾኑ ብመጀመርያ ደረጃ ። ብካልኣይ ደረጃ ድማ ክፋል ናይቲ ኣብ ሰብኣዊ ባሕርይና ተጻሒፉ ዝርከብ ድላይ ኣምላኽ ነዓና ስለ ዝኾኑ ኢዮም ፣

### ባሕርያውን ሲቪላውን ሕግታት

ሲቪላዊ ሕጊ።- ነቲ ባሕርያዊ ሕጊ ንነፍሲ ወከፍ ሕብረተ ሰብ ብጽቡቕ ከም ዘገልግል ገይሮም ዘቕርቡ ሕግታት ኢዮም ፣ ንኣብነት።- ሕጊ ተፈጥሮ ቅትለት ይኽልክል ኢዩ ፣ ነዚ ሕጊ' ዚ ኣስፊሕካ ንምርዳኡ (ንምሓዙ) ግና ብዙሓት ተወሰኽቲ መግለጺታት የድልዩ ኢዮም ፣ ንኣብነት።- ግቡእ ሕክምናዊ ምክትታል ። ፍትሓዊ ውሳኔ ውግእ...፣

ክርስትያን እምበኣር ንጥዑይ (ጽቡቕ) ሕጊ ክድግፉን ነቶም ሲቪላውያን ሰበ-ሥልጣን ሕብረተሰቦም ክእዘዙን ግድነት ኣለዎም፣ (ሮሜ13።1)

እንተኾነ ገለ ኣንጻር ሕጊ ተፈጥሮ ዝኾኑ ። ከም ዓሌታዊ ሕጊ ናዚ ጀርመን። ምንጻል ጥንሲ ዘፍቅዱ ዝኣመሰሉ ሲቪላውያን ሕግታት ኣይሰኣኑን ኢዮም ፣ ብቑዓት (ፍትሓውያን) ሲቪላውያን ሕግታት ንወላ ሓደ' ኳ ሓጢኣት ክፍጽም ከገድዱ ኣይክእሉን ኢዮም ፣ (መዝ.ሃይ. 1903 ረአ)

### ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር

> ዓሠርተ ትእዛዛት ዝበሃሉ እቶም እግዚኣብሔር ኣብ ደብረ ሲና ንሙሴ ዝሃቦ ዓለም-ለኻውያን ሕግታት ኢዮም ፣

እቶም ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ነቶም ቀንዲ ሕግታት ተፈጥሮ መምዩ ዘቐሞም ሥርዓት ሒዞም ዝርከቡ ኢዮም ፣ እግዚኣብሔር ነዞም ትእዛዛት እዚኦም ዝገለጸ (ዘጸ20።2-17, ዘዳ5።6-21) እቲ ጥንተ ኣብሶ ንደቂ ሰባት ጽቡቕ ካብ ሕማቕ ክመምዩ ከም ዘሸግሮም ስለ ዝገበረ ኢዩ (መዝ.ሃይ.2071)፣

> "ሓደ ናብኡ መጺኡ ከኣ 'መምህር ዘለዓለማዊ ሕይወት ክረክብ' ሲ እንታይ ክገብር ኣሎኒ? በሎ፣ ንሱ (ኢየሱስ) ከኣን ናብ ሕይወት ክትኣቱ' ስ ነቶም ትእዛዛት ሓሉ' በሎ"፣

### ሕጊ ተፈጥሮን ሕጊ ጸጋን

ጎኒ ጊኒ' ቶም ዓሠርተ ትእዛዛት ። ክርስትያን ነቲ ሓድሽ ሕጊ ጸጋ እውን ይኽተሉ ኢዮም፣ ናይዚ ሕጊ' ዚ ሕመረት ድማ ። ንብረትናን ሕይወትናን ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሔርን ኣገልግሎት ብጾትናን ክውዕል ብፍቕሪ ብምውፋይ ። ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተክርስቲያኑ ምስዓብ ኢዩ ፣ እዚ ሕጊ' ዚ ናብ መንግሥተ ሰማይ ይመርሓና ፣

> ' 'ፍጹም ክትከውን እንተደሊካ። ዘሎካ ኩሉ ሸይጥካ ንድኻታት ሃብ ። ኣብ ሰማይ ከኣ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ ። ሸው ነዓ ተኸተለኒ፣"
> (ማቴ19።21)

## ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር (ዘጸ20፡2-17፤ ዘዳ5፡6-21)

1. **ኣነ ኢየ ኣምላኽካ። ብዘይካይ ካልኦትኣማልኽቲ ኣይሃልውኻ፣**

ከም ፈጣሪና መጠን ። እግዚኣብሄር ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ነዓ ኡ ከነፍቅሮ ይደልየና ፣

2. **ስም እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብከንቱ ኣይተልዕል ፣**

ስም እግዚኣብሔር ይኹን ካልእ ነዓኡ ዝተወፈየ ኩሉን ። ኣፍኩስካ ክተሓዝ የብሉን ወይ' ውን ብዘይግባእ ክጥቀስ ኣይግባእን፣

3. **መዓልቲ ጎይታ (ሰንበት) ቅድስቲ ገይርካ ሓሉዋ**

ኣምልኾ እቲ ኣዚዩ ኣገዳሲ ነገር ስለ ዝኾነ ። እግዚኣብሔር ገለ ውሱናት ጊዜያት ከነወፊ ይደልየና ፣

4. **ኣቦኻን ኣደኻን ኣኽብር ፣**

ሥድራ-ቤት መሠረት ሕብረተሰብ ኢያ ፣ ንወለድን ካልኦት ሕጋውያን ሰበ-ሥልጣንን ኣኽብሮን ተኣዘዞን ይግብኦም ኢዩ፣

5. **ኣይትቕተል ፣**

ብኣምሳል ኣምላኽ ንዝተፈጥረት ሕይወት ሰብ ምጥፋእ ኮነ ወይ ምጉዳእ። ንህያብ እግዚኣብሔር (ማለት ውልቀሰብን ሕብረተሰብን ) ምንጻግ ማለት ኢዩ ፣

6. **ኣይትመንዝር**

ጺታዊ ርክባት ንምፍጻም እንኮ ሕጋዊ (ፍቓድ) መንገዲ ቃል-ኪዳን ጥራይ ኢዩ ፣ ምንዝርና (ዝሙት) ነዚ ቅዱስ ዝምድና ዝጥሕስን ኣብ ሥድራቤታት ዘይምርግጋእ ዝፈጥርን ኢዩ ፣

7. **ኣይትስረቕ**

ውልቃዊ ንብረት ንጽቡቕ ወዲ-ሰብ ኣድላዪ ኢዩ ፣ ስርቂ ግና መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ውልቃውን ማሕበራውን ሕይወት ኢዩ፣

8. **ኣንጻር ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር**

ኣብ ልዕሊ ዝና ሓደ ሰብ ምህሳውን ንስሙ ምጥቃዕን (ምጽላምን) ። ክብሪ ሰብኣውነት ምግሃስ ኢዩ ፣ ብገዛእ ርእሲ ኢፍትሐዊ ኮይኑ ናብ ካልእ ጌጋታት ከኣ ዝመርሕ ኢዩ ፣

9. **ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትመነ**

ክፉእ ዘበለ ምብሃግ ንገዛእ ርእሱ ክፉእ ኢዩ ፣ ዘይጽሩይ ሃሳባት ነኣእምሮ የበላሽዎ ። ናብ ዘይሥነምግባራዊ ተግባራት ከኣ ይመርሓና ፣

10. **ንብረት ብጻይካ ኣይትመነ**

እግዚኣብሔር ነቲ ዝሃበና ህያብ ብምልኣት ክንጥቀመሉ ደኣ እምበር ። ንህያብ ካልኦት ክንውንን ክንጽዕር ኣይኮነን ዝደልየና፣

# 18. ጸጋን ትምህርተ ብፅዕናን

## ጸጋ እንታይ ኢዩ ?

ጸጋ እብክብሃል ። ነቶም ምስ እግዚኣብሔር መልዕልተ-ባህርያዊ ዝኾነ ዕርክነት ዘምጽኡልና ህታባት ኢዩ ዘመልከት ፣ መልዕልተ-ባህርያዊ ማለት ባርህይ ሰብ ልዕሊ' ቲ ንቡር ኩነታት ክበጽሖ ዝኽእል ዓቕሚ ክህልዎ እንከሎ ኢዩ ፣

ጸጋ። ከም ዝተራዕሙ ውሉድ (ደቂ-ጸጋ=adopted sons) መጠን ። ወረስቲ መንግሥተ-ሰማይ ክብክውን ዘክእለና ሱታፌ ኣብ ሕይወት ኣምላኽ ኢዩ ፣ እዚ ናይ ጸጋ ሕይወት ። ክንየ ሕድገት ሓጢኣትን ከም ሰብ መጠን ከኣ ኪንየ ዓለማዊ ምምሕያሽን ዝኸይድ ኢዩ ፣ ኣብዚ ሓዲሽን መልዕልተ-ባህርያውን ሕይወት' ዚ ። ካብቲ መለኮታዊ ባሕርይ ተማቐልቲ (2ጴት1፡4)። መዋርስቲ ክርስቶስ (ሮሜ8፡7) ከምኡ' ውን ቤተመቕደስ መንፈስ ቅዱስ (1ቆሮ3፡16) ንኸውን፣

ጸጋ መጀመርያ ኣብዚ ህሉው ሕይወት ኢዩ ዝወሃበና ፣ ኣብ ክብሪ መንግሥተ-ሰማያት ናይ እግዚኣብሔር ታሕጓስ ብምስታፍ ከም ምልኣት ይረክብ ፣

“ዝኸበርኩም ኣዕሩኽተይ ። ድሮ ደቂ ኣምላኽ ኢና ፣ ኣብ መጻኢ እንታይ ከም እንኸውን ግና ገና ኣይተገልጸን ዘሎ ። ንሱ ምስ መጸ ከምኡ ከም እንኸውን ኣጸቢቕና ንርዳእ ኢና ። ከመይ ከምቲ ናይ ሓቂ ዝኾነ ኢና ክንርእዮ” (1ዮሐ3፡2)፣

እቶም ቀንዲ ዓይነታት ጸጋ ክልተ ኢዮም፡-

ቀዳሲ ጸጋ ደቂ ኣምላኽ ይገብረና ፣ ዘሰርሕ ጸጋ ከኣ እቲ ናብ ቅድስና ዝወስድ መንገዲ እናተኸተልና ክንሰርሕ ዝሕግዘና ደገፍን ሓገዝን ኣምላኽ ኢዩ ፣ ኩሉ ጸጋታት ካብ እግዚኣብሔር ብመንገዲ የሱስ ክርስቶስን (ዮሐ፡17 ረአ) ኣብ ቤተክርስቲያኑን ኢዩ ዝመጽኣና ፣ ብፍላይ ከኣ ምሥጢራት ነቲ ናይ ጸጋ ሕይወት ይተኽሉልና ፤ ይምግቡናን የሐድሱልናን ፣

## ናይ ጸጋ ሕይወት

ከምቲ ባሕርያዊ ሕይወት ወዲ-ሰብ ናብ ብስለት ገጹ ኣምዕብል ። ናይ ጸጋ ሕይወት ከኣ ልዕዕ ከምኡ የዓቢ ኢዩ ፣ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ባሕርይ እናሃነጸ ክበስል (ክምዕብል) እንከሎ ። ነዚ ባሕርይ'ዚ ከኣ ናብ ፍጽምናኡ የብጽሖ ፣

| ባሕርያዊ ሕይወት | ናይ ጸጋ ሕይወት |
|---|---|
| • ባሕርያዊ ልደት<br>• ፍልስፍናዊ ኃይላት (ንኣ. ምስትውዓል)<br>• መግብን መስተን<br>• ሰብኣዊ ሕብረተሰብ<br>• ናብ ብጽሕና (ብስለት) ምዕባይ<br>• ሰብኣዊ ታሕጓስ | • ጥምቀት (መልዕልተ ባሕርያዊ ልደት)<br>• መለኮታውያን ኃይላት (እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ)<br>• ቅ. ቁርባን<br>• ቤተክርስቲያን<br>• ዕቤት ኣብ ቅድስና<br>• ገጽ ኣምላኽ ምርኣይ |

## ጌጋታት ብዛዕባ ጸጋ

ፐላጅያውነት፡ ገዛእ ባዕልና ክነድሕን ንኽእል ኢና ዝብል እምነት ኢዩ ፣ ኣብዚ ጌጉይ ርድኢት'ዚ ። ጸጋ ሕድገት ሓጢኣትን እቲ ኣብ ክርስቶስ እንርእዮ (ጽቡቕ) ኣብነት ጥራይ ኢዩ ፣

ውሱን ጽሕፍቶ (determinism) ፡ ጸጋ ምስ ባሕርይ ሓደ ኢዮም ኢሉ ዝኣምን ፣ ከም ርድኢት እዚ መግለጺ ። ንሕና ብባሕርይና ምስ ኣምላኽ ሓደ ። ወይ ገለ ክፋላት ኣምላኽ ወይ ድማ ቀስ ብቐስ ኣምላኽ እንኸውን ዘሎና ኢና ፣

# ትምህርተ ብፅዕና እንታይ ኢዩ ?

> እዚ ትምህርቲ ብፅዕና ዘሎና፡ ክርስቶስ ኣብቲ ናይ እምባ ስብከቱ ዝኣወጆ ሸሞንተ ሃለዋት ናይ ብፅዕና ኢዩ (ማቴ5፡3-11) ፣
> እዘን ሃለዋት እዚአን ሕይወት መንግሥተሰማያት ኣብ ምድሪ ዝገልጻ፡ ቅድመ ምስትምቓር ሰማያዊ ሕይወትን ኣብ መንጎ'ዚ ምድራዊ ስቓይ እውን እንተኾነ ታሕጓስ ዘተስፍዋና ኢየን ፣

ብፁዓን ነዳያን (ማቴ5፡3-11)

1. እቶም ብመንፈስ ድኻታት ብፁዓን ኢዮም ከመይ መንግሥተሰማይ ናቶም ኢያ ፣

ድኽነት መንፈስ ንንብረት'ዚ ዓለም'ዚ ከም (ሃብትን ዝናን) ብመጠን ክንጥቀመሉም ጥራይ ዘይኮነስ ። ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ኢልና ተሓጒስና ብምል ኣት ክንምንኖ እውን የኽእለና ፣ (ማቴ19፡21)

2. እቶም ዝሓዝኑ ብፁዓን ኢዮም ከመይ ክጸናንዑ ኢዮም ፣

ምድራዊ ታሕጓስ ሽሕ'ኳ ንሕይወትና ኽዕብልል ዝኽእል እንተኾነ ። ብገዛእ ርእሱ ሕማቕ ስለ ዘይኮነ ግና ሓዘን ምስ ብፅዕና ክተሓሓዝ ዘይቅቡል መሲሉ ክረአ ይኽእል ኢዩ ፣ ብጸጋ ግና ንልብና ኣብ መንግሥተሰማይ ነንብሮ እሞ፡ ካብኡ ብዝንእስ ዝኾነ ነገር ድማ ዕግበት ዘይስምዓና ንኸውን ፣ (ዮሐ16፡20)

3. እቶም የዋሃን ንምድሪ ኩወርስዋ ኢዮም'ሞ ብፁዓን ኢዮም ፣

የዋህነት ። ኣንጻር ክፍኣት ንዝግበር ልክዕን ፍትሓውን ንዝኾነ ግብረ መልሲ ክይተረፈ ኢዩ ዝነጽግ ፣ ኢየሱስ ክግፋዕን ክጉተ ትን ክስቀልን እንከሎ ሓንቲ ብዘይምባሉ ትርጉም የዋህነት ገሊጹልና ኢዩ ፣

4. እቶም ንጽድቂ ዝጠምዩን ዝጸምኡን ክዓገቡ ኢዮም'ሞ ብፁዓን ኢዮም ፣

ንጽድቂ ምጥማይ ምጽማእን ኪንዮ'ቲ ንብጻይና ክንገብረሉ ዘሎና (ግዴታና) ዝኸይድ ኢዩ ፣ ልዕዕ ከም ሽውሃት ጥምየትን ጽምእን መግቢ፡ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኩሎም ብቅድስና ንኽብዩ ዝከኣከና ናይ ምሕረት ሥራሓት ክንገብር ዝሐድረና (ዝህልወና) ብርቱዕ ድማይ/ሀረርታ ኢዩ ፣ (ማቴ6፡31-33)

5. እቶም ግበርቲ ምሕረት ምህረት ክረኽቡ ኢዮም'ሞ ብፁዓን ኢዮም ፣

ምሕረት ኪንዮ ሕያውነትን ባህርያዊ ይቅሬታ ንጌጋ ተግባራትን ዝኸይድ ኢዩ ፣ ምሕረት። ነቶም ክመልሱልና ዘይክእሉ ጊዜናን ንብረትናን ብለጋስነት ምውፋይ ማለት ኢዩ ፣ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሌና ንዝተፈጸመ ኣዚዩ ብርቱዕ በደል እንህቦ ናይ ይቕሬታ ህያብ ኢዩ ፣

6. ንጹሓን ልቢ ንኣምላኽ ክርእይዎ ኢዮም'ሞ ብፁዓን ኢዮም ፣

ንጽሕና ልቢ ኪንዮ ካብ ሓጢኣት ምኽልካል ኢዩ ፣ እዚ ህያብ'ዚ ከም ናይ ኣምላኽ ልቢ ዝበለ ልቢ ዘወንን ህያብ ኢዩ።- ንኣምላኽ ምእንቲ ገዛ እ ርእሱ ኢልና ። ንኸልእ ሓሳባት ብዘይተበረዘ ንጹርነትን ባህግን ምፍቃሩን። ንኽልኦት እውን ከምቲ ኣምላኽ ዘፍቅሮም ገይርና ከነፍሮም ዝገብረና ልቡ ምውናን ፣ (ዮሐ3።34-35)

7. ገበርቲ ሰላም ውሉድ ኣምላኽ ክበሃሉ ኢዮም፣ሞ ብፁዓን ኢዮም ፣

ምእንቲ ሰላም ምስራህ ኪንዮ ኣብ ምድራዊ ዝምድናታት ቅሱን ። ጽቡቕ መሥርዕ ምህላው ዝኸይድ ኢዩ ፣ እዚ ህያብ'ዚ ምስ ካልኦት ። ንሶም መልዕልተ ባህርያዊ ጽባቐ ንኽረኽቡ። ማለት ኣብቲ ሰማያዊ ቤትና ምስ እግዚኣብሔር ንኽነብሩ- ኣብ ዝብል ሀረርታ ካብ ዝተመስረተ ዕርክነት ዝነቅል ሓድነት ንምምስራት ዘኽእል ኢዩ ፣ (ዮሐ14።27)

8. ምእንቲ ጽድቂ ዝስደዱ ብፁዓን ኢዮም …. . ዓስብኹም ኣብ ሰማያት ዓቢይ ኢዩ'ሚ ተሓጎሱ ፣

ስደት። ክርስቲያን ንትምህርቲ ወንጌል ክሰብኩን ክነብሩን ብምፍታኖም ዝረኽብዎ ፈተናታት የመልክት ፣ እዚ ብፅዕና የው ህበና ኢዩ ። ከመይ ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ከም እንመስሎ ኢዩ ዝገብረና ፣ ምስኡ ተስፋ ዓቢይ ዓስቢ ኣብ ሰማያት እውን ኣለዎ ፣ (ዮሐ16።33)

# 19. መንፈሳውያን ኃይላትን ኣርእስተ ሓጢኣትን

## መንፈሳውያን ኃይላት እንታይ ኢዮም?

| መንፈሳውያን ኃይላት ዝበሃሉ ። ጽቡቓት ልማዳት ማለት ጽቡቕ ተግባራት ጥራይ ክንገብር ዝደፋፍኡና ኃይላት ኢዮም ፣ |
|---|

ተግባራት ደቂ ሰባት ካብ ፈጺሞም ምትሕሓዝ ዘይብሎም ነገራት ኣይኮኑን ዝነቕሉ ፣ በቲ ልሙድ መንገዲ ከንንቀሳቐ ዝመርሑና ድፍኢታት ባዕልና ኢና ንመርጾም ፣ እዞም ልማዳት ጥዑያት ምስ ዝኾኑ ድማ " መንፈሳውያን ኃይላት" እናበልና ንጽውዖም ፣

እቶም ቀንዲ መንፈሳውያን ኃይላት ኣየኖት ኢዮም?

ንዝኾነ (ብዙምንትንኡ) ጥዑይ ሰብ ዘድልይዎ ኣርባዕተ ባህርያውያን (cardinal) መንፈሳውያን ኃይላት ኣለው ፣ ብተወሳኺ ኣብ ናይ ጸጋ ሕይወት ጥራይ ዝርከቡ ሰለስተ መልዕልተ ባህርያውያን ኃይላት እውን ኣለው ፣ እዞም ዳሕረዎት ምስ እግዚኣብሔር ክንወሃሃድ ብቑዓት ስለ ዝገብሩና "መለኮታውያን ኃይላት" ተባሂሎም እውን ይጽውዑ ኢዮም ፣

ባህርያውያን (ቀንዲ-cardinal) ኃይላት

1. ምስትውዓል(prudence)።- እንፍጽሞም ነገራት ጽቡቕ ገይርና ደሊና ክንርዕሞም እንክሎና፣
2. ፍጥሒ. (justice)።- ንውልቀ-ሰብ ይኹን ንኹሉ ዝዝግብኦ ምሃብ ፣
3. ርእሰ ምግታእ(temperance)።- ክፉእ ተግባራት ክንፍጽም ንዝህውኹና ድሌታት ምግታኦም፣
4. ትብዓት።- ኣብ ፈተና ጽንዓት ዘለካ ምዃንን ። ኣብ ጽጉም ተግባራት ከኣ ኢድካ ዘይምሃብ ፣

## መልዕልተ-ባህርያውያን (መለኮታውያን) ኃይላት

1. እምነት።- ነቲ ብኣምላኽ ዝተገልጸ ሓቂ ብምትእምማን ብምሉእ ልብኻን ኣእሮኻን ምቕባል ፣
2. ተስፋ።- ምስ ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ሕይወት ንምርካብ ብሀረርታ ምጽባይ ፣
3. ፍቕሪ።- ጽቡቕ ናይ እግዚኣብሔርን ናይ ብጾትን ንምርኣይን ። ምስኦም ሰማያዊ (መንፈሳዊ) ዕርክነት ንምም ሥራት ዝህልወካ ንጡፍ ድላይ ፣

## ነዞም መንፈሳውያን ኃይላት ብኸመይ ነማዕብሎ (ንጭብጦም)

ሓደ ሰብ ብቐጻልን ሥሩዕን ዝኾነ ጽቡቕ ተግባራትን ። ሥሩዕ ሕይውት ብምምራሕን ነቶም ባህርያውያን ኃይላት ብመጠኑ ክጭብጦም ይኽእል ፣ እንተኾነ ነቶም መልዕልተ-ባህርያውያን ህያባት ክንጭብጦምን ነቶም ባህርያውያን ከኣ ብምልኣትን ክምዝግባእን ክንሕዞምን። ብመንገዲ ጸሎትን ምሥጢራትን ዝርከብ ጸጋ ኣምላኽ ግድን የድልየና ፣

| " ኣብ ልዕሊ'ዚ ኩሉ ግና ንኹለን ኣሲሩ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሐን ፍቕሪ ኢያ'ሞ ልበስዋ፣" (ቆሎ3።14) |
|---|

## ኣርእስተ ኃጣውእ እንታይ ኢዮም ?

ኣርእስተ ኃጣውእ ክፉእ ተግባራት ክንፍጽም ዝድርኹና ክፉኣት ልማዳት ኢዮም ፣

ሓደ ሓደ ጊዜ። ክፉእ ተግባራት ክንፍጽም ዝድርኹና ክፉኣት ልማዳት ነማዕብል ኢና ፣ እዚኣቶም ጽቡቕ ንምግባር ጉድልነት ወይ ድማ መጠን ኣልቦነት ከም ዝህልወና ዝገብሩ ኢዮም ፣ ክፉኣት ልማዳት ብዝበዝሐ ብነኣሽቱ ልማዳት/ነኣሽቱ ኃጣውእ ዝጅምሩ ኮይኖም ቀልጢፎም ዝትከሉን ንምምሓዎም እውን ዘጸግሙን ኢዮም ዝኾኑ ፣

### ሸውዓተ ቀተልቲ ኃጣውእ

1. ንነፍሲ ወዲ ሰብ ብዘኽትልዎ መርዛም ሳዕቤን
2. ንኽትምሕዎም ኣዚዮም ዘሸግሩ ብምዃኖምን
3. ናብ ዓቢይ ሓጢኣት ከምርሑ ኣብ ቀረባ ብምዃኖምን ኢዩ ፣

### እዞም ሸውዓተ ኃጣውእ። ንነፍሲ ወከፎም መድኃኒት ዝኸውን ኣንጻሮም ዝኾነ መንፈሳዊ ሃይሊ ኣለዎም ፣

እዞም ኃጣውእ እዚኦም ቀሊል ሕይወት ከነሕልፍ ዝገብሩና መሲሎም እኳ እንተቐረቡ። ብመጻወድያ ማሪኾም ግዙኣቶም ኢዮም ዝገብሩና ፣ ብመንጽሩ እቶም መንፈሳውያን ኃይላት ከበድቲ (ጽጉማት) እኳ እንተመሰሉ ናብቲ ከም ደቂ-ሰባት ክህልና ዝግብኦ ሐቀይና ነጻነትን ታሕጓስን ገጾም ኢዮም ዝመርሑና ፣

### ሸውዓተ ኣርእስተ ኃጣውእን መድኃኒቶምን

| ትዕቢት | ትሕትና |
|---|---|
| ልዕልና ፈጣሪ ምኽሓድን ናይ ገዛእ ርእስና ኣንነት ምትዕብባይን፣ እዚ ናብ መጠኑ ዝሓለፎ ባህግን ናብ ልዕለ-ግምት ሓይልናን ። ኣማ ልኽቲ ክንከውን ናብ ምድካይን ገጹ ይመርሓና፣ | ፍጡራት ምዃናን ኣምላኽ ከም ዘድልየናን ምእማን ፣ እዚ መንፈሳዊ ሓይሊ'ዚ ሐቀይና ርእሰ-ገምጋም ክህልወና ዝገብርን። ንኸንቱ ህቡብነት ግምት ከይንህብን ዝሕግዘናን ካብ ርእሰ ምልኣት (self obsession) ነጻ ዝገብርን ኢዩ ፣ |
| ቅንኢ | ሕውነታዊ ልግሲ (ፍቕሪ) |
| ካልኦት ሰባት ንሕና እንደልዮ (ግና ዘይንውንኖ) ህያባትን ትሕዝቶን ብመናኖም ዝሰምዓና ሕርቃንን ሓዘንን፣ | በቲ ካልኦት ዝውንንዎ ህያባትን ክእለትን ንእግዚኣብሔር ምምስጋንን። ኩሉ ሰብ ከምቲ ንሶም ዝበጽሕዎ ክበጽሕ ምምናይን ፣ |
| ቁጥዐ | ሕያውነት |
| ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሕነ ክንፈርድን ። ኣንጻር ገለ ሰብ ወይ ተግባር ዘይምጡን ተቓውሞ ከነርእን ዝገብረና ዘይሥሩዕ ሃለዋት ((disordered state) ፣ | ክንቁጣዕን ክንብድልን እንከሎና ስምዒታትና ክንገዝእ ዘኽእለና ። ድኻምነት ዘይኮነ ርእሰ ምቅርጽጻር፣ |
| ስንፍና | ትግሃት |
| ክንገብሮ እንኽእልን ክንገብሮ ዘሎናን ነገራት ከይንገብር ዝዕንቅጸና ትህኪት ወይ ድማ መንፈሳዊ ዝሕታለ ፣ | ዘድሊ ዘበለ ንምግባር ስንድው ምኻቅን፣ እዚ ኣዚዮም ጽጉማት ንዝኾኑ ጉዳያት እውን ክትዕወተሎም ይገብረካ ፣ |
| ንፍገት | ነጻነት (liberty) |
| ዘይምጡን ናይ ህያባትን ዋንነውትን ባህጊ ፣ እዚ ዘይፍትሐውነት። ስርቅን ብድኻ (ስኡን) ዘይምግዳስን የኸትል ፣ | ህያብ ኣምላክ ምስ ካልኦት ንምክፋል ዘኽእል ለጋስነት ፣ እዚ መንፈሳዊ ኃይሊ'ዚ ብዘሎኻ ዕጋበት ከም ዝሰምዓካ ይገብረካ ፣ |
| ስስዐ | ርእሰ- ምግታእ |
| ዘይምጡን ፍቕሪ መግብን መስተን፣ እዚ ብዘይመጠን ንስለ ዕግበት ፍትወትና ኢልና ጥራይ ክንበልዕን ክንሰትን ይገብረና ፣ | ንደስታን ንምግብናን (nourishment) ብዘድሊ ቅኑዕ መጠን ምብላዕን ምስታይን ፣ እዚ ኣብ ካልእ ጉዳያት (ኣከያይዳና) እውን ርእስና ክንቆጻጸር ይሕግዘና ፣ |
| ዝሙት | ንጽሕና |
| ዘይሥሩዕ ህርፋን ስሱዕን እንስሳውን (ህዋሳውን) ደስታ (ብሓፈሻኡ-ጾታዊ ደስታ) ፣ እዚ ንኣካላትን ሥድራቤታትን በደል ኢዩ ፣ ከም ኡ እውን ውሉፍ ናይ ብዙሓት ኣመላት ይገብር ፣ | ቅኑዕ ኣተሓሕዛ ጾታውነት ፣ እዚ ንልብናን ኣእምሮናን ካብ ክፉኣት ጽልዋታት ከም እንሕሉ ይገብረና ፣ ንብጽሕና (ብዘይተፈራረቐ መንፈስ ) ክነፍቅር ድማ የኽእለና ፣ |

### ሽዱሽተ ትእዛዛት ቤተክርስቲያን (ውልቃዊ ክርስቲያናዊ ሕይወት ንምምራሕ ብውሑዱ ክግበሩ ዘለዎም)

1. ብሰናብትን ዓበይቲ በዓላትን ቅዳሴ ተሳተፍ
2. እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብግዲ ተናዘዝ
3. እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብወርኃት ፋሲካ ቁረብ
4. ግድነታውያን ዕለተ በዓላት ። ብቅድስንኦን ሓልወን (ኣይተርክስ)
5. ብእዙዝ መዓልታት ጹምን ተሐረምን
6. ከም ክእለትካ ዝርአ ሐገዝ ንቤተክርስቲያን ኣወፊ

| ሸውዓተ ሰብኣውያን ናይ ምሕረት ተግባራት | ሸውዓተ መንፈሳውያን ናይ ምሕረት ተግባራት |
|---|---|
| • ንዝጠመየ ዓንግል | • ንሓጥእ ምለስ |
| • ንዝጸምአ ኣስትይ | • ንደንቆሮ መሃር |
| • ንዝዓረቐ ክደን | • ንዝተጠራጠረ ምዓድ |

| | |
|---|---|
| • ንቤት ኣልቦ (ጋሻ) ተቐበል | • ንዝሐዘነ ኣጻናንዕ |
| • ሕሙም ብጻሕ | • ኣብ ልዕሌኻ ንዝፍጸሙ በደላት ዕጉስ ኩን |
| • ንዝተኣስረ ብጻሕ | • ንዘይፍትሐይና ትቕረ በል |
| • ንዝሞተ ቅበር | • ምእንቲ ሕያዋንን ሙታንን ጸሊ |

## 20. ክርስቲያናዊ ሕይወት ኣብ ዓለም

### ውልቃዊ ክርስትያናዊ ሕይወት

| |
|---|
| ውልቃዊ ክርስቲያናዊ ሕይወት ዝበሃል ። ንሕይወትካ ምስቲ ናይ ኢየሱስ መሣርዕ ከም ዝሰማማዕ ምግባር ኢዩ ፣ |

### ውልቃዊ ናይ ጸሎት ሕይወት

ክርስቲያናዊ ሕይወት ብብቕዓት ንምንባሩ ። መዓልታዊ ጸሎት ምዝውታር ኣድላዪ ኢዩ ፣ ቤተክርስቲያን ምስ ኩሎም ቅዱሳና ። ንክርስትያን ኣብ ኩሉ መዳያት ሕይወት ዘሰንዩ ገለ ሓባራውያን መምርሒታት ይህቡ።-

- ዕለት ዕለት ጸሊ።- ዝሓሸ ኣብ ምዱብ ጊዜያት። ብፍላይ ከኣ ኣብ ምጅማርን ምውዳእን ናይ ዕለት ፣
- ገለ ጸሎታት ብርእስኻ ኣጽንዕ።- እዚ ብቐሊሉ ንምዝካሮም ከኽእለካ ኢዩ ፣
- ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ሳዕ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ተመለሱ።- እዚ ዋላ' ውን ኣብ እዋን ሥራሕ እንተኾነ ግበሮ ፣

### ውልቃዊ ፍልጠት

ንዘይፈልጦ ክነፍቅር ስለ ዘይንኽእል ። ኣብ ክርስቲያናዊ ሕይወት ፍልጠት ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ ፣ ስለዚ።-

- ንንባብ። ብሕልፈ' ኳ ደኣ ንንባብ ቅ.መጽሓፍ ጊዜ ፍለ ፣
- ምስ ብጾትካ ብጉዳይ እምነትካ ተዘራረብ (ሓሳብ ተለዋወጥ) ፣
- ብዛዕባ እምነት ኣብ ዝዛረብ ኣስተምህሮታትን መደረታትን ተሳተፍ ፣

### ውልቃዊ ሕይወት ኣብ ምሥጢራት

ምሥጢራት ጀመርትን ኣጽናዕትን ክርስቲያናዊ ሕይወት ስለ ዝኾኑ ። ካብቲ እዙዝ ንላዕሊ ብቐጻሊ ክትቅበሎም ጠቓሚ ኢዩ ፣ ዕለታዊ ቅዳሴ ምስታፍን ወርሓዊ ምንዛዝን ሓጋዚ ኢዩ ፣

### ውልቃዊ ሞራላዊ ሕይወት

እግዚኣብሔር ። ዋላ ኣብቶም ዝነኣሱ ተግባራትና እውን እንተኾአን ። ፍቓዱ ክንክተልን ። ምእንቲ ገዛእ ርእስና ስለ ካልኦትን ድማ ዕለታዊ ገለ መሥዋዕትታት (ናይ ተወፋይነት) ክንገርብ ይጽውዓና ፣ ካብ ሕይወት ቅዱሳን እንምህሮ ነገር።-

- ዕለት መጸ ብመንፈሳውያን ኃይላት ክንዓብን ካብ ክፉእ ልማዳት ክንርሕቕን ጸጋኡ ክህበና ንእግዚኣብሔር ክንልምኖ
- መዓልቲ ኣብ ምውዳእ መርመራ ኅሊና ክንገብሮን። ሞራላዊ ቁርጺ ፍቓዳት ክንወስድን
- ገለ ናይ ፍቕሪ ሥራሕትን ። ከም ጾም ዝኣመሰሉ ገለ መስዋዕትታት ክንገብርን ኢዩ ፣

### ሓባራዊ ክርስትያናዊ ሕይወት

| |
|---|
| ሕዝባዊ ክርስትያናዊ ሕይወት ዝበሃል ። ሥድራቤታትን ሕብረተሰብን ምስቲ ናይ ኢየሱስ ድላይ ዝሰማማዕ ኣነባብራ ሕይወት ክህልወን እንክሎ ኢዩ ፣ |

### ክርስትያናዊ ሕብረት-ሰብ

ንሕና። ሓደ ሕጊ ተፈጥሮ ዘኽብር። ናይ ኩሎም ሕዝብታት ክብሪ ዝሕሉ ። ኣብ ምትሕልላፍ ስብከት- ወንጌል ንጡፍ ዝኾነን ንነፍሲ ወከፍ ኣባሉ እቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ጸዋዕታኡ ክኽተል ዘተባብዕ ክርስቲያናዊ ሕብረት-ሰብ ንኽህነጽ
ክንጽልን ክንሰርሕን ጽውዓት ኢና ፣ ማሕበራዊ ትምህርቲ ቤተክርስትያን ። ነቲ ብመንገዲ ሓድሕዳዊ ምድግጋፍን (subsidiarity) መንፈሳዊ ሕብረትን (solidarity) ዝመጽእ ሓባራዊ ጽቡቕ (common good) የተባብዕ ፣ ብፍላይ ድማ ነቶም ድኻታትን ግሉላትን ናይ ሕብረት-ሰብ ። ናይ ረድኤት ደገፍ ምግባር ይጸቕጠሉ ፣ ኩልና ። ኣብ ሕብረተሰብና ናይ ፍቕሪ ሥራሓት ክነዘውትር። ብፍላይ እኳ ደኣ ነቶም ናይ ምሕረት ተግባራት (ገጽ38 ረአ) ብክርስቶስ እዙዛት ኢና ፣

## ስብከተ - ወንጌል

“ስብከት - ወንጌል “ እናተባህለ ዝጽዋዕ ኣዋጅ ወንጌል ንዅሉ ከነበስር ሓላፍነት ኣሎና ፣ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ክንሰብኽ ንኽእል ኢና ፡፡ -

- ምእንቲ ለውጢ (ሕይወት) ብምጽላይ
- ኣብ ከባቢና ንዝርከቡ ብዛዕባ እምነት ብምምሃር
- ምቹእ ዕድል ኣብ ዝተረኽበሉ ህሞታት ድማ ብዛዕባ እምነት ገለ ሓሳብ ብምክፋል ክንሰብኽ ንኽእል ፣

## ጸዋዕታ

ነፍሲ ሰብ ንሓደ ፍሉይ ኣገልግሎት ዝተጸውዐ ኢዩ ፣ ሓደ ሓደ’ ኳ ከይተመርዓውክነብሩ ዝጽውዑ እንተኾነ ፡፡ ብቓል ኪዳን ንምንባር ግና ናይ መብዛሕትኡ ሰብ ጸዋዕታ ኢዩ ፣ እግዚኣብሔር ንገሊኡ እውን ንገዛእ - ርእሶም ብውፉይ ሕይወት ወይ’ ውን ብክህነት ንኸወፍዩ ይጽውዖም ፣ ጸዋዕታና ኣለሊና ንኽንሰዕቦ እዞም ዝሰዕቡ ነገራት የድልዩና ፡፡ -

- ጸሎት ፡፡ እዚ ድላይ ኣምላኽ ከነለሊ ክሕግዘና ኢዩ
- ተውህቦናን እዋናዊ (ህጹጽ) ጠለብ ቤተክርስቲያን እንታይ ምዃኑ ክንምርምር
- ጸሎት። እዚ ከኣ ጸዋዕታና ምስ ኣለለና ብግቡእ ክንገብሮ ክንክእል ክሕግዘና ኢዩ ፣

## ናይ ሞት ባህሊ ብኸመይ ንብድሆ?

ናይ ብዙሓት መንግሥታት ኣተሓሳስባን ሕግታትን ፡፡ ኣንጻር ክብሪ ሕይወት ወዲ ሰብ ብዝኾኑ መንገድታት ተቐይሮም ይርከቡ ኣለው ፣

- ምንጻል ጥንሲ። - ኣብ መንጎ ጥንስን ልደትን ንዝርከብ ሕጻን ኮነ ኢልካ ምቕታሉ ኢዩ ፣ እዚ ተግባር’ ዚ ፡፡ ቅድስና ናይ ሓንቲ ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተፈጥረት ሕይወት ስለ ዘጥቅዕ ግጉይ ኢዩ ፣ ብኸፊል ወይ ድማ ብምልኣት ኣብ ሰብ - ሰርሖ ፕሮጀስትሮን (progesterone) ዝተመርኮሱ ዘመናውያን መከላኸልቲ ጥንሲ እውን ከም መንጸልቲ ጥንሲ የገልግሉ ኢዮም ፣
- “ድጉፍ ሞት” (euthanasia) ፡፡ - ብሓገዝ ካልኦት ዝፍጸም ርእሰ - ቅትለት ኾይኑ ፡፡ ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ሥራሕ ዝኾነ ሕይወት ጠጠው ናይ ምባል ተግባር ዝዕንቅጽን። ክብሪ ዓበይትን (ኣረግቶትን) ሕሙማትን ድማ ዝግህስ ኢዩ ፣ ብተወሳኺ’ ውን ናብ ሓፈሻውን ዘይወለንታውን ቅትለት እቶም ንምንባር “ዘይብቑዓት” ተባሂሎም ዝተፈርዱ ገጹ ዘቀራርብ መንገዲ ኢዩ ፣
- ቅዳሕ ሰብ ምምዕባል (human cloning) ፡፡ - ሰብ - ሰርሖ (ዘይባህርያዊ) ምብዛሑ ደቂ - ሰባት ኢዩ ፣IVF (ኣብ ሕክምና ዝግበር ዘይባህርያዊ መፍረ) ሰብ - ሰርሖ ብዘይ ጾታዊ ርክብ ዝግበር ምፍራይ ኢዩ ፣ እዚ ሥራሕ’ ዚ ክብሪ’ ቲ ሕጻንን ቅድስና መፍረን ዝግህስን። ኣብ ተግባር ድማ ናብ ሓፈሻዊ ህልቂት ጽኑሳን - ህጻናት (embryos) ገጹ ዝመርሕ ኢዩ ፣
- ፍትሕ። ምትእኽኻብ። ሲቪላዊ ጽምድና። - እዚኣቶም ኩሎም ፡፡ ክብሪ ባህርያዊ ቃል - ኪዳንን ክብሪ ሥድራ - ቤት ከም ሓቀይና መሠረት ሕብረተሰብን ዝግህሱ ኢዮም ፣
- ዘይባህርያዊ ምክልኻል ጥንስን ግብረ - ሰዶምን። - ንጾታዊ ህያብ ካብ ባህርያዊ ዕላማኡ ፡፡ ማለት ካብ ምፍራይን ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ሰበ - ኪዳንን ኣርሒቑ ናብ ጾታዊ ዘይሓላፍነትን መኺን ሕብረተሰብን ገጹ ይጥምዝዞ ፣

ነዞም ተግባራት እዚኣቶም ንምውጋዶም ምሥራሕን ካልኦት ካብኦም ክቑጠቡ ብኣብነትን ብቓልን ምሕጋዝን እምበኣር ናይ ምሕረት ተግባር ኢዩ ፣

ራብዓይ ክፍሊ

ሕይወት ጸሎት

## 21. ጸሎት እንታይ እዩ?

| |
|---|
| ጸሎት ንኣምላኽ ምዝራቡን ምስምዑን፥ምስኡ ንኽትወሃሃድ ፍቓዱ’ ውን ክትፍጽም ሃረር ምባል እዩ። |

## ስለምንታይ ናብ እግዚኣብሔር ንጽሊ?

ናብኡ እንጽልየሉ ምኽንያት ንሱ ኣምላክ (እግዚኣብሄር) ስለ ዝኾነ ኢዩ። ስለዚ እንብኣር ነኣኡ ምምላኽን ምምስጋንን ኣብ ቅድሚኡ ምንሳሕን ግቡእ ኢዩ። ካልእ እንጽልየሉ ምኽኒያት ድማ ጸሎትና ሰሚዑ ኣብ ክንዳና ኮይኑ ስለ ዝዋሳእን ኣዕኡ፥ ነቲ ዝለዓለ ታሕጓስና ዝኾነ እግዚኣብሔር ድማ ብጸሎት ስለ እንፈልጦ ኢዩ።

## ቀንዲ ተግባራት ጸሎት (ዓይነታት)?

ጸሎት ክርስትና፡ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ክኸውን ግድንዩ፡

- ኣምልኾ፥ ናብ ኣምላኽ ዝቀርብ ንሱ ዝለዓለ ፍጽምና ጽባቀን (ሕያውነትን) ምዃኑ ናይ ምእማን ሥራሕ።
- ምሥጋና፡ ስለቲ መንፈሳውን ኣካላውን ድሌታትና ዘዕግብን ለጋስነቱ ንእግዚኣብሔር እነቅርቦ ምሥጋና።
- ንሥሓ፥ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቆይምና ገዛእ ርእስኻን ኣብ ክንዲ ካልኦትን ካብ እግዚኣብሔር እቲ ግቡእ ጸጋታት ክትረክብ እተቕርቦ ልመና (ሕቶ)።

| |
|---|
| ኩሉ ሳዕ ተሓጎሱ፡ ከየቋረጽኩም ጸልዩ፡ ኣብ ኩሉ ኩነታት ኣመስግኑ ከማይ ፍቓድ (ድላይ) እግዚኣብሔር ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ነዓኹም ንሱ እዩ።(1 ተሰ5፡16-18) |

## ግጉይ ርድኢት ብዛዕባ ጸሎት

- **ጸሎት ኣብ ኣእምሮ (ልቢ) ዝድረት ድዩ?** ኣይኮነን። ምስ ጸለና (ክንጽሊ እንከሎና) እግዚኣብሔር ይዋሳእ ኢዩ፡

  ከምኡ እውን ቀጻሊ ኣብ ሕይወትናን ኣብ ዓለምናን ተኣምራታውያን ዝኾኑ ለውጥታት የምጽእ እዩ።

- ጸሎት ዝኾነ ሕእሳባት ካብ ኣእምሮ ንምውጻእ ድዩ ዕላማኡ? ጸሎት ከም'ዚ ናይ ቡድሂዝምን ዮጋን ነእምሮ ካብ ሓሳባት ነጻ ንምግባር ምልምማድ ኣይኮነን። ዕላማ ጸሎት ኩሉ ግዜ እግዚኣብሔርን ናይ እግዚኣብሔርን እዩ።
- ጸሎት ሜላ ጥራይ ኢዩ? ጸሎት ሓይሊ ማጂክ ወይ'ውን ንዕኡ ዝመስል ካልእ መኽሰብ ንምርካብ ዝግባር ሜላ ኣይኮነን። ጸሎት ክርስትና ናብ ፍልጠትን ፍቅርን እግዚኣብሔር ዝመርሕ ኢዩ።

## ከመይ ጌርና ንጽሊ፥

## ኣፍኣዊ ጸሎት [ዝድገም ጸሎት]

ብውሽጥና እንገብሮ ናይ ጸሎት ተግባር ምስ ደጋዊ ተግባራት ቃላትን ምንቅስቃስን ተዋሃሂዱ እንክፍጸም።
ኣብነት፥ ኣቡነ ዘበሰማያት፡ ሰላመ ገብሬል መልኣክ፡ ትእምርተ መስቀል፡ ቡራኬ መኣዲ . . . . .

## ሉጥርግያዊ ጸሎት

ከም ቅዳሴን ጸሎት ሰዓታትን (ዳዊት) ዝኣምሰሉ ወግዓዊያን ሕዝባዊያን (ሓባራዊ) ጸሎታት ቤተክርስቲያን። ንውልቀ ክርስቲያን ዘይኮነ፡ ንቤ/ያን ብመላኣ ዘሳትፍ ጸሎት እዩ።

## ጸሎት ኣስተንትኖ

ብንባብ ቅ.መጽሓፍ ካልኦትን ንእግዚኣብሔር ሥራሓቱን ዝገልጹ መንፈሳውያን ጽሑፋት ምስልታትን ተሓጊዝና ዝግበር ኣእምሮኣዊ ዝርርብ ምስ እግዚኣብሔር ኢዩ።

## ተመስጦ (ስቂለ ኅሊና)

ብመንፈስ ቅዱስን ብምዕባለ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ነፍሳትና ዝፍጠር ንኣምላኽን መለኮታዊ ነገራትን ናይ ምርዳእ (ምስትምቓር) ተራን ፍቕርን ሃለዋት።

## ኣብ ጸሎት ዘጓንፉና ጸገማትን መፍትሒኦምን

- ግዜ ምስኣን፡ እንተኮነ ንጸሎት ዝኸውን ግዜስ ንፍለ ድኣ። እግዚኣብሔር ናይቲ ምስኡ ዘሕለፍናዮ መተካእታ ግዜን ኣብቲ እንፍጽሞ ጽቡቕ ሥራሓትን ኩሉ ዓወት ክህበና ኢዩ።
- ምስልቻው (ምስልካይ)፥ ጽናዕ ናብ ኣምላኽ ተመለስ ምናልባት ውን ካልእ ዓይነት ጸሎት ፈተን።ጸሎት እንታይ ምዃኑ ተወሳኺ ትምሕርቲ ውሰድ።
- ዕንቅፋት (distraction): ዕንቅፋት ክፍጥሩ ዝኽእሉ ነገራት ኣወግድ፥ እንተኾነ ብዘይ ምዕዋትካ ብዙሕ ኣይትጨነቕ፡ ከማይ እግዚኣብሔር ነቲ እንገብሮ ጻዕሪ ይፈልጦ ኢዩ፥ ብኣኡ ከኣ ክሽልመና ኢዩ።

- ነቕጺ (Dryness) : ስምዒታት መምዘኒ ዓወት ገይርካ ኣይትውሰዶ። ዋላ ሐንቲ ዘይስምዖም እንከሎ'ውን ከይተረፈ ንዝጸልዩ ሰባት፥ እግዚኣብሔር ይባርኾም ኢዩ።

- መልሲ ምስኣን ፥ እግዚኣብሔር ፍቓዱ ክገልጽ ካብ ምሕታት (ምልማን) ኣይተቋርጽ። ምናልባት ካብቲ ንሓቶ ዘለና ዝተፈልየ ነገር ክህበና ደልዩ ይኸውን።

## ንጸሎት ዝሕግዝ መጋበሪታት

መዓልታዊ ሥሩዕ ናይ ጸሎት ግዜ ምሕላው ዓቢይ ሓገዝ ኢዩ። ብተወሳኺ፥ ንጸሎት ዝኸውን ከም ቤ/ያን ዝኣመሰለ ቅዱስ ቦታታት ወይ'ውን ኣብ ገዛኻ ንጸሎት ምቹእ ቦታ ምስንዳው ሓጋዚ ኢዩ። ቅ.መጽሓፍ፥ መጽሓፍ ጸሎት፥ ከም ቅዱሳት ኣሳእል፥ መቑጸሪያ መስቀል ዝበለ መንፈሳዊ ነገራት'ውን ኣብ ግዜ ጸሎት ክትጥቀም ትኽእል፥ ቅዱስ ናይ ጸሎት ቦታ ንምስንዳው'ውን ሓጋዚ ኢዩ።

## ክንጽሊ ዝሕግዘና'ኸ መን ኢዩ፥

መንፈስ ቅዱስ፡ ከምቲ ዝግብኣና ገይርና ክንጽሊ ይሕግዘና (ሮሜ 8:26)። ቅዱሳን'ውን ብጸሎቶም ክሰንዩና ክንልምኖም ንኽእል ኢና። ብፍላይ ድማ፡ ነታ ልዕሊ ኹሉ ሓያል መማለዲትና ዝኾነት ኣደ ኩሎም ማርያም ክርስትያን ምእንታናን ምሳናን ክትጽሊ ክንልምና ንኽእል፣

"መንፈስ ቅዱስ ድማ ንድኻምና ይድግፎ ኢዩ። ከመይ ጌርና ክንጽሊ ከም ዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና ። ግና እቲ መንፈስ ኢዩ ብዘይ ንገር እህህታ ዝጽልየልና።" (ሮሜ 8:26)

## 22.ጸሎት ጎይታ

## ጸሎት ጎይታ እንታይ ኢዩ፥

| |
|---|
| እዛ ጸሎት ጎይታ "ኣቡና ዘበሰማያት" ተባሂላ'ውን እትጽዋዕ፥ ደቂ መዛሙርቲ ኢያሱስ ጸሎት ክምህሮም ምስ ሓተትዎ ዝመሃሮም ጸሎት ኢያ። |

እዛ ጸሎት፥ እታ ካብ ኩሉ ጸሎታት ዝበለጸት ኢያ፡ ከመይ በቲ ኣርኣያን መምህርን ጸሎት ዝኾነት ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተነግረት ኢያ(ማቴ 6፥6-13)። ብውልቂ፡ ብሓባር፡ኣብ ሉጡርጊያዊ ጸሎታት'ውን እትድለ ኢያ።

## ኣሠራርዓ ጸሎት ጎይታ

<u>መኽፈቲ ጸውዒት</u>

- ኣቦና ኣብ ሰማይ ትነብር

<u>ልመናታት ብዛዕባ እግዚኣብሔር</u>

- ስምካ ይቀደስ

- መንግስትኻ ትምጻእ

- ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ'ውን ይኹን

<u>ምእንት'ቲ ዘድልየና ጽቡቕ ነገራት ዝቐርብ ልመናታት</u>

- መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና

- ንዝበደሉ ይቕረ ከም እንብለሎም፥በደላትና ይቕረ በለልና

- ኣብ ፈተና ኣይተእትወና

- ካብ ክፉእ ሰውረና፡ ኣሜን

መኽፈቲ ጸሎት

**ኣቦና፥** ሳላ'ቲ ብጥምቀት ዝረኸብናዮ ናይ ጸጋ ውሉድነት ኢና"ኣቦ" ኢልና ክንጽሊ ዝበቓዕና። "ኣቦና" እንብለሉ ምኽኒያት ከኣ እዚ ሓባራዊ ውሉድነት እዚ ኣብ መንጎ ኩሎም ክርስቲያን ሥድራቤታዊ ምትእስሳር ስለ ዝፈጥረልና ኢዩ። ኢየሱስ እውን ብወገኑ፡ ንሓባር ዝግበር ጸሎት ብፍላይ ኃያል ምዃኑ ኣረጋጊጹልና ኢዩ (ማቴ 18:19)። ኣቦና ኢልና ምጽላይና እውን ብኻልእ ወገኑ ከም ደቂ መጠን ናዓኡ ክንመስሎን ንዓኡ ከም ዘይንመስል ካብ ዝገብረና ኩሉ ድማ ክንቁጠብ ካም ዘሎናን ኢና ነረጋግጽ (ማቴ 5:48) ረአ።

**ኣብ ሰማይ እትነብር፥** እዛ ጸሎት እዚኣ ዝተዳለወልና ቅዱስ ቦታ ፥ ምንግስተ-ሰማይ ከም ዘሎ እንምስክረላ ኢያ። ምስ ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ኣናተረኣኣና ንዘለዓለም ክንነብር ኢና፥ "እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብርሃኖም ክኸውን ኢዩ፥ ንሳቶም እውን ንዘልዓለም ዓለም ክንግሱ ኢዮም" (ራእ 22:3)። ነዘን ቃል እዚኣተን ምጽላይ እውን እንተኾነ ብወገኑ ነተሓሳስበና ናብ ሰማያዊ ነገራት ንምልዕዓልን ናቲ ዘልኣለማዊ ክብሪ ተስፋና ንምውሳኽን ይሕግዘና።

**ልመናታት**

**ንእግዚኣብሔር ዝምልከት ልመናታት**

**ስምካ ይቀደስ፥**እትብል ጸሎት ንእግዚኣብሔር ገለ ንምውሳኽ እትጽለ ኣይኮነትን፡ከመይ ዘይከኣል ነገር እዩ።
እንተኮነ ዝበለጸ ውልቀ-ርክባዊ(personኣስal)ፍልጠትን ፍቕር ንእግዚኣብሔር ኣብ ዓለም ንምንጋስ ዝቐርብ ጸሎት እዩ(ዮሓ17:6)
**መግስትኻ ትምጻእ፥**ህልው ንግስነት እግዚኣቢሔር ንኽውስኽን፡ዘልኣለማዊ ንግሥነቱ ድማ በቲ ን
ናይ ኀ.ኢ..ክ. ናይ ክብሪ ምጽኣት ንኽምስረት እትጽለ ጸሎት ኢያ።
ፍቓድካ ከምቲ ኣብሰማይ ኣብ ምድሪ ይኹን፥ እዛ ልመና እዚኣ እቲ ብነጻነትና ናብ ኣምላኽ እነዕርጎ ጸሎት ኢዩ፡ፍቃድ እግዚኣብሔር ኣብ ሕይወትና ንኽፍጸም ከም ዝሕግዝ እተምህረና ኢያ።ነዛ ልመና እዚእ ብምድማጽ ድማ ልድላይና ምስቲ ናቱ "ፍቓድካ ደኣ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን" (ሉቃ 22:42) ንሰማምዖ።

**ምእንት'ቲ ዘድልየና ጽቡቕ ነገራት ዝቐርብ ልመናታት**

**ዕለታዊ እንጌራና ሎሚ ሃበና፥** እትብል ጸሎት ንእግዚኣብሔር ባሕሪያዊ ግድነታትና ክመልኣልና እንልምነላ እያ። እታ ናብ "ዕለታዊ" ተተርጒማ ዘላ ግሪኻዊት ቃል፥ "ምልዕልተ ሕላዌ" (super substantial) እውን እተስምዕ እያ (ብመሰርት ትርጉም ቩልጋታ (ማቴ 6:11))። እዚ ከኣ ንቅዱስ ቁርባን ስለዘመልክት ኣዛልመና እዚኣ ን ምልዕልተ ባሕሪያዊ ግድነታትና'ውን ከተመልክት ትኽእል እያ። ኣብ ክልቲኡ ኩነት፥ እዛ ጸሎት እዚኣ ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ተጸጋዕነት ብምዝክኻር ትዕቢት ክነወግድ ትሕግዘና፣

**በደላትና ይቕረ በለልና፥** ነቲ ዝእውደና ዕዳ ሓጢያት ክምሕረና ን እግዚኣብሔር ትልምን። ኣብ "ኣቡነ ዘበሰማያት" ብዘለዋ ፍሉይ ቦታ ግና እዚ ምሕረት እዚ ንሕና ንኻልኦት ይቅረክንብለሎም ኣብዘሎና ስንድውነት እያ እትምርኮስ። ኢየሱስ ብንጹር "ንኻል ኦት በደሎም እንተ ዘይሓደግኩምሎም ኣቦኹም በደልኩም ኣይሐድገልኹምን ኢዩ" (ማት 6:15) እናበለ ይጠንቅቐና።እዛ ልመና እዚኣ ወሲኻ ንምሕረት እግዚኣብሔር ንልምን ደኣ እምበር ከምዘይ ንጠልቦ (ጸጋ ምዃኑ) ተዘኻኽረና።

**ናብ ፈተና ኣይተእትወና፥** ንኣምላኽ ፈተና ክርሕቐልና ወይ ድማ ንምቅዋሙ ዘኽእል ብርታኤ ክሕበና እንልምነላ ጸሎት እያ።ብተወሰኺ'ውን ኣብ ልዕሊ ኃጢያት ንኽንዕወት፥ ኣብ እግዚኣብሔር ክንውከል ከምዘሎና ተዘኻኽረና "እዚ ልመና እዚ ኣብዚ ምድራዊ ጐድልና ምስ ዘጋጥም፥ ምስቲ መጨረሻ ፈተናና ብዘለዎ ፍሉይ ርክብ ፍሉይ ትርጉም ይረክብ። ነቲ ናይ መወደእታ ጽንዓት ይሓትት" (መዝ.ሃይ.2849)፣

**ካብ ክፉእ ሰውረና፥** በዛ ልመና እዚኣ ንእግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ክፉእ ዘበለን ብፍላይ ድማ "ካብቲ ክፉእ" = ሰይጣን ነጻ ክገብረና ንልምኖ። ብተወሳኺ'ውን እግዚኣብሔር ንኽድሕነና ዘለዎ ሓይልን ድላይን ኣተዘኻኽረና ስለዝኾነት(ናይ ተስፋ ጸሎት) ኢያ። "ኣምላኽ ምሳና ካብኾነኽ ምን እዩ ዝቃወመና (ሮሜ 8:31)"።

**ኣሜን፥** መዛዘሚት ጸሎት ጎይታ እያ። ትርጉማ "ብሓቂ" ወይ ድማ "ከምኡ ይኹን" እያ።እዛ ኣሜን እትብል ቃል፥ እግዚኣብዝሔር ነቲ ዝለመናዮ ከም ዝሕበና ዘሎ ትጽቢት እትገልጽ እያ፣

## 23. ቅዳሴ

**ቅዳሴ እንታይ ማለት እዩ?**

| |
|---|
| ቅዳሴ ምቅዳስ ንምሉእ፥ ንቑሕን ንጡፍን ተሳትፎ ኣብ ጊዜ ምስራኦ ቅዱስ ቁርባን ተመልክት። እዚ ንቅዳሴ ብናይ ጸሎት መንፈስ፥ ብግቡእ ርድኢትን ጽቡቅ ምስንዳውን፥ነቲ ካብኡ ዝርክርብ ኃይልን ቡራኬን ኣብ ተግባር ብምውዓል ዝግበር ተሳትፎ እዩ። |

## ናብ ቅዳሴ ምስንዳው

ቅዳሴ ብዝግባእ ንምስታፍ ክንገብሮም ካብ እንኽእል ሓፈሻዊ ምስንዳዋት ሓደ ፥ ናይ ቅዳሴ ጸሎታትን ቅርጽን ምጽናዕ እዩ። ብተወሳኺ መጠን ሕይወትና ምስትምሕርቲ ወንጌል ዝተሰማማዓሉ መጠኑ ንቅዳሴ ክነድንቖ ንርከብ።

ኣብ ሓደ ቅዳሴ ክንሳተፍ ካብ ዘድልዩና ፍሉያት ምስንዳው ድማ፥ ቅድሚ ቅዳሴ ምንሳሕን (ምንዛዝን)፥ ኣብ ቦታ ቅዳሴ ቅድሚ ጊዜ ምርካብን የጠቃልሉ። ክንቐርብ ኮይና ድማ ካብመግብን መስተን ዝበለ፥ብዘይካ ካብ ማይን መድሃኒትን፥ እንተወሓደ ንሓደ ሰዓት ቅድሚ ቅዳሴ ክንቁጠብ ይድልየና፣

ጊዜ ቅዳሴ፥

ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ብምስትውዓል ምክትታልን፡ናይ ልብና ጸሎት ምስቲ ናይቲ ካሕን ቃላትን፥ምንቅስቓሳትን፥ ምልክታትን ብምውሕሃድ ብዝግባእ ክንሳተፍ ንኽእል። ምስኡ'ውን ነዞም ዝስዕቡ ክነማልእ ጽቡቕ እዩ፥

- ብንጹር ክንምልስን ክነዘይምን
- ብምስትውዓል ክንሰምዕ
- እንታይ ይግበር ከም ዘሎ ክንርዳእ
- ናይ ጸሎት ስቅታ ክህልወና
- ንቅ.ቁርባን ብዝለዓለ ኣኽብሮት ክንቅበሎን፡ብኽብሪ ብርክና ኣጺፍና ክንሰግደሉን።

### ድሕሪ ቅዳሴ

ድሕሪ ቅዳሴ ገለ ደቃይቕ ናይ ጸሎት ኣብ በተክርስትያን ከተሕልፍ ጽቡቅዩ።እዚ ከኣ ንእግዚኣብሔር በቲ ዝሃበና ቡራኬታቱ እነመስግነሉ ሓደ መንገዲ ኢዩ። ብተወሳኺ ውን እቲ ዝተቀበልናዩ ምስጢር ኣብ ሕይወትና ፍርያም ንክኸውን፡ነቲ ድሕሪ ምቅባልና ዝኣተናዮ ቁርጺፍቃድ ርግእ ኢልና እንሓስበሉ ግዜ ውን ኢዩ።

ኣብ ግዜ ቅዳሴ ዘጓንፍ ሽግር (ቅዳሴ ብዝግባእ ንኸይንሳተፍ ዝዕቅጽ ሽግር )

- ትርጉም ኣይህበናን (makes no sense) ቅዳሴ ብትሕዝቶ ሃብታም እንክከውን ቀጥታዊ ስምዒት ክፈጥረልና ግና ዘይመስልዩ።ዓቅሚ፥ ጸሎትን ብዛዕብኡመጽናዕቲ ጌርካ ክትርድኦ ምፍታንን ግና ዕብየቱ ከም እነድንቅ ክገብሩና ይኽእሉ ኢዮም።

- መሰልቸዊ'ዩ፥ ቅዳሴ ጸሎት እዩ፥ ሓደ ንነፍሳትና ዘድሊ ነገር ከኣ እምበር መዘናግዒ መደብ ኣይኮነን። ኣንተኾነ ነቲ ዝብሃል ቃላት ብዝግባእ ኣንተድኣ ተኸታቲልናዮን፥ እንታይ ማለት ምዃኑ እንተድኣ ኣስተንቲናን ጸሊናን ግና፥ ብግብሪ ኣብኡ ከም ኣንሳተፍ ንኸውን።

- ቅ.ቁርባን ክንቅበል ዘይምክኣል፥ ዓቢይ ሓጢኣት ፈጺምና ከም ዘሎና እንተድኣ ዘኪርና፥ ከይተናዘዝና ክንቆርብ ኣይግብኣናን እዩ። ቅዳሴ ብመንፈሳውነት ምስታፍ ንባዕሉ ዓቢ ረብሓ ኣለዎ። እንተኾነ፥ ዋላ'ኳ ቅ.ቁርባን ክንቅበል እንተዘይከኣልና "መንፈሳዊ ቁርባን" ዝብሃል ክንቅበል ግና ንኽእል ኢና።

ቅዳሴ ብዝግባእ ክንሳተፍ ክሕግዘና ዝኽእል ዓቢ ነገር፥ ነቲ መልዕልተ ባህርያውን ተኣምራታውን መዳይ ቅ.ቁርባንን፥ ህላወ መንግስተ ሰማይ ኣብ ግዜ ቅዳሴን ምዝካር ኣዩ። ኣብ ግዜ ቅዳሴ ምስቲ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተዘሪቡሉ ዘሎ ሰምያዊ ስርዓተ ኣምልኾ ኢና ንሓብር።

"ንስኻትኩም'ሲ ናብ እምባ ጽዮንን ናብታ ከተማ ሕያው ኣምላኽ ዝኾነት ሰምያዊት ኢየሩሳሌምን ናብቶም ብሓጎስ ዝተጋብኡ ኣእላፋት ዝኾኑ መላእኽትን፥ ናብታ በቶም ኣብ ሰማያት ስሞም ዝተጻሕፈ በዀሪ ዝኾኑ ዝቖመት ቤተክርስትያንን ናብቲ ንዂሉ ዝፈርድ ኣምላኽን ናብ ነፍሳት እቶም ፍጹማን ዝኾኑ ጻድቃንን ናብቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን መንጎኛ ዝኾነ ኢየሱስን ናብቲ ካብ ደም ኣቤል ብዝበለጸ ዝዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም።" (ዕብ 12፥22~24)

## 24. ኑዛዜ

ኑዛዜ

ኑዛዜ ካብ ሓጢኣትና ፍትሓት እንረኽበሉ መንገዲ እዩ። እዚ ምስጢር'ዚ ካብ ሓጢኣት ተቆጢብና ኣብ መንፈሳውያን ሓይላት ክንዓቢ ይሕግዘና።

መዓስ ኢና ክንናዘዝ ዘሎና?
ብውሑዱ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ክንናዘዝ ይግብኣና። እዚ ከኣ ብሕልፊ ኣብ ዘመነ ምቅርራብ ናብ ትንስኤ እንተኾነ ዝበለጸ ኢዩ። ዝያዳ'ዚ ግና፥ ስሩዕ ዝኮነ ኑዛዜ ከም ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ዝኣመሰለ፥ ንመንፈሳዊ ዕቤትና ኣዝዩ ሓጋዚ ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ እውን ዓቢይ ሓጢኣት ከም ዝገበርና ኣብ እንርድኣሉ ግዜ ክንናዘዝ የድልየና።

ንኑዛዜ ብኸመይ ክንሳናዶ ይግብኣና?

ንኑዛዜ እንክንሰናዶ፡ መርመራ ሕልና ክንገብር፡ ብሓጢኣትና ክንሓዝን (ክንጠዓስ)፡ ደጊምና ኣብ ሓጢኣት ከይንወድቕ ቁርጺ ፍቓድ ክንገብር ከምኡ እውን ኣብ ካህን ከይድና ክንናዘዝ ክንቀራረብ የድልየና። ቅድሚ ኑዛዜ ክንጽልን ረድኤት ቅ.ማርያምን ካልኦት ቅዱሳንን ክንልምንን ኣገዳሲ ኢዩ።

እንታይ ኢና'ኸ እንናዘዝ

ኩሉ ዝፈጸምናዮ ዓቢይ ሓጢኣት ብግዱ፡ ናእሽቶ ሓጢኣት ዘበለ ከኣ ብግዱ ዘይኮነስ እንተዘከርናዮ ክንናዘዞ ጽቡቅ ኢዩ። ንነፍሲ ወከፍ እንናዘዞ ሓጢኣት፡ ክንዝክረሉ ብእንኽእለሉ ኣገባብ ክንደይ ግዜ ከም ዝፈጸምናዮ ኣነጺርና ክንናዘዝ ይግባእ። (ንኣ፡~ ሰለስተ ሳዕ ሓሶት ተዛሪበ ወይ ሓያለ ግዜ፡ ወይ ብዙሕ ግዜ. . .)። ኣብ ርእሲ'ዚ ክንውስኾ ዘድልየና እንኾ መግለጺ ገለ ነቲ ሓጢኣት ዘካብዱ ነገራት እንተለው ኢዩ (ንሓደ ሰብ ክጎድእ ክብል ሓሲየ፡ ንሓደ ሰብ ክሕግዝ ክብል ሓሲየ. . .)።

ኣብ ኑዛዜ ዘጋጥሙ ጸገማት

- ፍርሒ፡ እግዚኣብሔርን እቲ ካህንን ክልቲኦም ብሓጎስ ኢዮም ዝቅበሉና። ካህን ምስጢር ክነግር ብናይ ምስጢር ማሕተም ሕቱም ኢዩ። በቲ ዝሰሞዖ ሓጢኣት'ውን ፈጺሙ ኣይስንብድን ኢዩ፡ ከመይ ንሱ እውን ሓጢኣተኛ ከም ምኳኑ መጠን ከም ናትካ ይናዘዝ ኢዩ።
- ሓጢኣት ዝፈጸምኩ ኮይኑ ኣይስማዓንን። እቶም ቅዱሳን ዝበሃሉ እውን እንተኾነ ብሥሩዕ ኑዛዜ የዘውትሩ ነይሮም ኢዮም ፣ ብግቡእ ዝተመርመረን ዝተኾስኮሰን ኅሊና እንተደኣ ኣሊዩና ። ንሓጢኣትና እነስተውዕለሉ
  ቅኑዕ ርድኢት ክህበና ኢዩ ፣(ዮሐ1።8 ረአ)
- ንኑዛዜ ጋሻ ኢየ (ኣገባብ ረሲዐዮ) ። እታ ቀንዲ ኣፈጻጽማ ኑዛዜ ቀላል ኢያ። ክትመሃራ እውን ጽቡቕ ኢዩ ፣
  ብተወሳኺ ነቶም ልማድ ኑዛዜ ዘይብሎም ። እቲ ካህን ከመይ ገይሮም ክናዘዙ ከም ዘለዎም ክሕግዞም ኢዩ፣

## ሓፈሻዊ ኣገባብ ኑዛዜ

ኑዛዜ

ትእምርተ መስቀል ገይርካ “ኦ ካህን ኣቦይ ሓጢኣተይና ኢየ'ሞ ባርኹኒ፣ ካብ ዝናዘዝ ክንድዚ ገይረ (ካብ ትናዘዝ ክንደይ ጊዜ ከም ዝሓለፈ ትነግር)፣ ኅሊናይ መርሚረ ዝረኸብኩዎ ሓጢኣት እዚ ዝስዕብ ኢዩ (ዓይነቱን ክንደይ ሳዕ ከምእተፈጸመን ንገር)። በዝን በቲ ክዝክሮ ዘይከኣልኩ ኩሉ ሓጢኣተይ ይቕረታ እናሓተትኩ ። በቲ እትህቡኒ ፍትሓት ካብ እግዚኣብሔር ምሕረት እሓትት ኣሎኹ”

ማዕዳን ቀኖናን

እቶም ካህን መንፈሳዊ ምኽርን ። ንካሕሳ ዝኾነካ ቀኖናን ይህቡኻ፣

ናይ ንሥሐ ሥራሕ

ቀጺልካ ናይ ንስሥሐ ሥራሕ ትደግም ። ”ኦ ኣምላኸይ እንካብ ኩሉ ሕያዋይ ኢኻ'ሞ ብምሉእ ልበይ እፈትወካ ፣ ንሓጢኣት እውን ትጸልእ ኢኻ'ሞ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ብሓጢኣተይ እሓዝን ። ናብ ካልእ ሓጢኣት ክኸይድ ኣይፈቱን ፣
ካብ ናይ ሓጢኣት ምኽንያት ክርሕቕ ብጸጋኻ ጽኑዕ ፍቓድ እገብር ኣሎኹ ፣'

ፍትሐት

ኣብዚ ድማ እቶም ካህን ሕድገት እትረኽበሉ ቃለ-ፍትሓት ይህቡኻ ፣

ድሕሪ ኑዛዜ ንእግዚኣብሔር ከመስግንን። ኣቦ ነፍሰይ ዝሃቡኒ ቀኖና ብዝግባእ መንፈሳውነት ክፍጽምን የድልየኒ ፣ ብምርሳዕ ዝኣክል ዘይተናዘዝኩዎ ዓቢይ ሓጢኣት እንተደኣ ተሪፉኒ ከም እተሓደገለይ ርግጸይና (ከኣምን) የድልየኒ፣
እንተኾነ ኣብ ዝቕጽል ኑዛዜይ ከጠቓልሎ ኣሎኒ ፣

ከመይ ገይርካ ኅሊናኻ ከም እትምርምር ዝሕግዝ ኣብቶም ዓሠርተ ትእዛዛት እተመሥረተ ኣብነት

1.ጸሎት ምግባር ኣብየ'ዶ ። ንዝኾነ ፍጡር ልዕሊ እግዚኣብሔር ቅድምና ሂበ'ዶ እኸውን ኣብ ዝኾነ ይኹን ከም ባህላዊ ሥነ-ከዋኽብቲ (astrology) ምፍላጥ ወይ ናብ ፈላጣይ ምኻድ ዝአመሰለ ናይ ጥንቆላ ተግባር ተረኺበ'ዶ?

2. ኣብ ጊዜ ንዝመጽእ ሃዋኺ ሓሳባት ብድልየተይ'ዶ ዕድል ሂበ ንቅዱስ ቦታታት። ንዋያት ይኹን ሰባት ዝግብኦም ኣኽብሮ ኣጉዲለ'ዶ ። ቅዱሳት ኣስማት ብዘይግባእ ብምጥቃስ ። ከም ኣብ ማሕላ-ኣራኺሰ'ዶ ወግዓዊ ማሕላ ወይ መብጽዓ ጠሊመ'ዶ?

3. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ብዕለተ ሰንበት ወይ ካልእ እዙዝ ዓቢይ በዓል ካብ ቅዳሴ ቦኺረ'ዶ? ብዕለተ ሰንበት ወይ ካልእ ዓቢይ በዓል ንኣምልኾ እግዚኣብሔር፣ ናይ ፍቕሪ ሥራሕ ንምሥራሕ ወይ'ውን ግቡእ ዕረፍቲ ኣብ ዝዕንቅጽ ሥራሕ'ዶ ተዋፊረ?

4. ንወለደይ ወይ ነሕሉቐይ ዝግባእ ክብርን ግምትን ኣጊዲለ'ዶ? ንሕጋውያን ሰበ-ሥልጣን ምእዛዝ'ዶ ኣብየ? ንወለደይ ምእዛዝ ኣብየ'ዶ ወይ ነጺገዮም'ሰ? ንደቀይ ዝግባእ ክንክን እገብረሎም'ዶ?

5. ቀቲለ ወይ'ውን ቅትለት ተሓባቢረ'ዶ እኸውን? ርእሰ ቅትለት (ወይ ድጉፍ ሞት) ንዝፍጸም ሰብ ተሓሳቢረ'ዶ? ኣብ ምንጻል ጥንሲ ወይ ኣብቲ ኣብ ሕክምና ዝግበር ዘይባህርያዊ መሥርሕ መፍረ (IVF) ተሓባቢረ'ዶ? ንድኻታት ነጺገ'ዶ? ምስ ዝኾነ ሰብ ተኺርየ። ተባኢሰ ወት ተቐጢዐ'ዶ?

6. ኣብ ዝሙት ወይ ኣብ ምንዝርና'ዶ ተረኺበ? ግብረ-ሕቡእ ወይ ግብረ-ሰዶም'ዶ ፈጺመ" ዘይባህርያዊ መከላኸሊ ጥንሲ'ዶ ተጠቒመ። ካብ መርዓ ወጻኢ ምስ ሓደ/ሓንቲ እነብር ኣሎኹ'ዶ?

7. ዝኾነ ነገር ማለት ንብረት። ሕባሬታ። ገንዘብ ወይ ምህዞ ሰሪቐዶ? ግብሪ ይኹን ልቓሕ ምኽፋል ኣብየ'ዶ? ኣሥራሒ ኮይነሰ ንሰራሕተይናታተይ ዘይፍትሓዊ ዶሞዝ'ዶ ሂበዮም? ወይ ድማ ሰራሕተይና ኮይነ ነስራሒየይ ኣታሊለዮ'ዶ ? ንዝተለቃሕኩዎ ንብረት ምምላስ'ዶ ኣብየ?
8. ብማሕላ'ዶ ንብጻየይ ብሓሶት ኣሕሊፈ ሂበ። ንበደል ብጻየይ ኣጋኒነ ወይ ድማ ኣልዕል ኣቢለ'ዶ ሃስየ? ካብዚ ብዝተፈልየ ዝኾነ ካልእ ኣገባብ ሓስየ'ዶ? ንጽቡቕ ስም ብጻየይ ኣጸሊመ'ዶ? ኣብ ልዕሊ ብጻየይ ጎሉኽ ዝኾነ ፍርዲ'ዶ ሂበ/ተዛሪበ?

9. ሰበይቲ ካልእ ተመንየ'ዶ። ንደቀንስትዮ ከም ናይ ጾታዊ ርክብ ኣቕሓ ገይረ'ዶ ሓሲበየን ወይ ተመንየየን። ኣብ ዘይንጹሕ (impure) ሓሳባት'ዶ ኣንሳፊፈ? ዝኾነ ሥእለ-ጽዩፍ ነገር'ዶ ተመልኪተ? ኣብ ዘይንጹሕ ዕላላት'ዶ ተሳቲፈ?
10. ካልኦት ብዝውንንዎ ሃብቲ። ክእለት ወይ መልክዕ ዘኒአ'ዶ ። ንብጾተይ ብሰንኪ'ቲ ዘመዝገብዎ ዓወታት ክጸልኦ'ዶ ጀሚረ? ንዘመዝገብክዎ ዓወታት ምስ ንካልኦት ዝገጠሞም ውድቀት እናነጻጸርኩ'ዶ ተጃሂረ> ንእግዚኣብሔር በቲ ዝሃበኒ ህያባት ዘየመስግን ሰብ'ዶ ኮንኩ ?

## 25. ካቶሊካውያን ሕዝባውያን መንፈሳውነታት

ሕዝባዊ መንፈሳውነት ዝበሃል ልሙድ ሕዝባዊ ጸሎታት ኮይኑ ብዝበዝሕ ምስ ካልእ ቅዱስ ተግባራት ነገራት ወይ ቦታታት ዝተተሓሓዘ ኢዩ ፣

እዚ ሕዝባዊ መንፈሳውነታት እዚ ጽቡቕ ኢዩ ፣ ምኽንያቱ ከኣ ልምዲ ጸሎት ዘሕድር ምስ ካልኦት እትካፈሎን ። ሰባትን ቦታታትን ንምቕዳስ እውን ስለ ዝሕግዝ ኢዩ ፣ እቲ ብዙሕነቶም ነቲ ዝተፈላለየ ድሌታት ዘዕግብ ኮይኑ። ገለ ካብቲ ሃብቲ መንግሥተ ሰማያት ዘንጸባርቕ ኢዩ ፣

### መንፈሳውነታት ሊጡርግያዊ ዓመት

**ምጽኣትን ልደትን ።-** ምጽኣት ነቲ ብዕለት በዓለ ልደት ዝጽንብል ምጽኣት ጎ.ኢ..ክ. እንሰናደወሉ ናይ ኣስታት ኣርባዕተ ሳምንቲ ጊዜ ኢዩ ፣ ብጊዜ ልደት ልሙድ ዝኾነ "ጎል" (በዓል ልደት) ይሥራሕ ኢዩ ፣ እዚ ጎል እዚ ብምጡናት ማርሞታት ናይ ሕጻን ኢየሱስ። ማርያምን ዮሴፍን ካልኦት ኣብ ጊዜ ልደት ጎ.ኢ..ክ. ክዝከሩ ናይ ዝኽእሉን ዝቕመ ኢዩ ፣

**ዘመነ ጾምን ትንሳኤን።-** ዘመነ ጾም ሞትን ትንሳኤን ጎ.ኢ..ክ. ብዕለት ፋሲካ ንምብዓል እንሰናደወሉ 40 ናይ ጸሎትን ጾምን ንሥሓን መዓልታት ኢየን ፣ ኣብዚ ዘመን ግሉናት ካብ ዝኾነ መንፈሳዊ ተግባራት ፍኖተ-መቀል ሓደ ኢዩ፣
እዚ ጸሎት'ዚ ሕማማት ጎ.ኢ..ክ. ካብ ጊዜ ፍርዱ ክሳብ ቀብሩ ኣብ 14 ምዕራፋት ክፊልና እንዝክረሉ ዑደት ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ኢዩ ፣

**ወርሒ ግንቦት።-** ካብ ዕለት ፩ ዓመታዊ ክብረ በዓል ልደታ ለማርያም ጀሚርካ ንእግዚእትነ ማርያም እተወፈየ ወርሒ ኢዩ፣ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ኣደታት ጥጥኞ ጠጢቐን እናዓደላ ምእንቲ ሰላም ዝምህለላ ዕለት ኣላተን ፣

ናይ ቅ.ቅርባን መንፈሳዊ ተግባራት

1.**ስግደት ቅ.ቁርባን ።-** ናብቲ ኣብ ትሕቲ ህላወ ኅብስቲ ኢየሱስ ዝግበር ኣምልኾ ኢዩ ፣ ቅ.ቁርባን ኣብ ቅድሚ መንበረ ታቦት ኣውጺእካ ውሱን ናይ ስግደት ጊዜ ምፍላይ ልሙድ ተግባር ኢዩ ፣ ዝበዝሐ ቁምስናታት ። እንተወ ሓደ ሰሙናዊ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ስግደት ቅ.ቁርባን መደብ ኣለወን ፣

2. ቡራኬ።- እዚ ከኣ ብቅ.ቁርባን ጉአርካ ናይ ምብራኽ። ብካህን ዝፍጸም ሥርዓት ኢዩ ፣ ምስኡ ዝኸይድ ጸሎት ምዝ ያምን (ነኣ. ነዚ ምሥጢር ልዕሊ ኩሉ ' - ' እንከሰ ለምሥጢር) ዕጣን ምዕጣንን ልሙድ ተግባር ናይ ጊዜ ቡራኬ ኢዩ ፣

## ናብ ድንግል ማርያም ዝግበር መንፈሳውነታት

**ጸሎተ መቁጸርያ ።-** 20 ቀንዲ ህሞታት ኣብ ሕይወት ኢየሱስን ማርያምን እናዘከርካ ዝግበር ተደጋጋሚ ጸሎት ኢዩ፣
ኣብ ነፍሲ ወከፍ እዘን 20 ምሥጢራት (5 ናይ ደስታ። 5 ናይ ብርሃን። 5 ናይ ሕማም ። 5 ናይ ክብሪ ምሥጢራት)
1 ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር። 10 ሰላም ነዓኺ ኦ ማርያምን 1 ስብሓት ለኣብን ንደግም ፣

ካብቲ ብዙሕ ካልእ ናይ ማርያም መንፈሳውነት መልኣከ እግዚኣብሔር (6ቅ,.ቀ። ፋዱስ። 6ድ.ቀ. ዝድገም) ፣ኢጣንያ። ቡናዊ ስካፑላርን ማዕተብ ተኣምራታዊት ድንግል ማርያም ምግባርን የጠቓልል ፣

## ናብ ቅዱሳን ምእንቲ ሙታንን ዝግበር መንፈሳውነታት

**ጠበቓ ቅዱስ።-** ዘሰንየና ። ዝሕግዘና ዘማልደልናን ቅዱስ ኢዩ ፣ ዝተፈላለያ ሃገራት። ሥራሓትን ንጥፈታትን ነናተን ጠበቓ ቅዱስ ኣለወን ፣

**ምእንቲ ሙታን ምጽላይ።-** ምእንቲ እተን ኣብ ንሥሓ ቦታ ዝርከባ ነፍሳት ምጽላይ መንፈሳዊ ናይ ምሕረት ተግባር ኢዩ ፣ እታ ልምድቲ ዝኾነት ምእንትኦም እትጽለ ጸሎት "ሀቦም እግዚኦ ዕረፍተ ዘለዓለም ወኣብርህ ሎሙ ብርሃነ ዘለዓለም ወይኩን ዕረፍቶም በሰላም = ኦ ጎይታ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ሃቦም ዘለዓለማዊ ብርሃን እውን ኣብርሃሎም ዕረፍቶም ብሰላም ይኹን ኣሜን!" እትብል ኢያ ፣ ኣብቲ መቓብሮም ብምኻድ ምእንቲ ሙታንካ ምጽላይ እውን ጽቡቕ ተግባር ኢዩ ፣

## መካናተ ንግደትን ምብጻሕን

**መካነ ንግደት።-** ሓደ ቤተክርስቲያን ወይ ናይ ፍሉይ መንፈሳውነት ቦታ ኮይኑ ። ብኣፍልጦ ጳጳስ ሰበኻ ምእመናን
ቀጻሊ ዝበግድዎ ቦታ ኢዩ ፣ ገለ ካብተን ግኑናት መካናተ ንግደት ዓለም ። ደብረ ፋጢማን ደብረ ሉርድን ክትቀስ ይከኣል ፣ ኣብ ሃገርና ድማ ደብረ ማርያም ደዓሪትን ደብረ ቅ.ያዕቆብ(ሔቦ) ክጥቀስ ይከኣል ፣

**ንግደት።-** ናብ ሓደ መካነ ንግደት ንጸሎትን ካልእ ፍሉይ መንፈሳዊ ሓሳባትን ዝግበር ጉዕዞ ኢዩ ፣

ገለ ካብቲ 'ምብጻሕ' እንብሎ ተግባራት ድማ ። ናብ ቤተክርስቲያን ኬድካ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ቅ.ቁርባን ምጽላይ (ምብጻሕ ቅ.ቁርባን)። ሽምዓ ወሊዕካ ምጽላይ የጠቓልል ፣

## ኣብ ገዛ ክግበር ዝከኣል መንፈሳውነታት

ነፍሲ ወከፍ ካቶሊካዊት ሥድራ።- ብሥሩዕ ናይ ሓባር ጸሎተ መቁጸርያ ክትደግም ዝተባባዕ ተግባር ኢዩ ፣ ብተወሳኺ ቅድምን ድሕርን ምምጋብካን። ኣብ ምጅማርን ምዝዛምን ናይ ዕለትን ምጽላይ እውን ጽቡቕ ኢዩ ፣

ነፍሲ ወከፍ ቤት መስቀልን ካልእ ስእሊ/ስእልታት እግዝእትነ ማርያም ወይ ድማ ናይ ካልኦት ቅዱሳን ክህልዋ መንፈሳዊ ጠቕሚ ዘለዎ ኢዩ ፣ ገለ ሥድራቤታት ስምዓ ወሊዐን ዝጽልያሉ ነኣሽቱ ኣብያተ-ጸሎት የሰናድዋ ኢየን፣ ንቅ.መጽሓፍ ኣብ ግቡእ ናይ ክብሪ ቦታኡ ምቕማጥ እውን ካልእ ጽቡቕ ልምዲ ኢዩ ፣ ኣብ ኣፍ ቤትካ ማይ ጸሎት ምቕራብ እውን ነቶም ናብ ቤትካ ዝኣተው ብትእምርተ መስቀል ገዛእ-ርእሶም ኽዓትቡ የኽእሎም ኢዩ' ሞ ጽቡቕ ልማድ ኢዩ ፣

ናብዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ክፍልታት መዝገበ ሃይማኖት ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያንን (CCC)። ጥርኑፍ ትምህርተ ክርስቶስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያንን (Compendium of the CCC) ብምኻድ ናይዛ ንእስቲ መጽሓፍ ምንጭን ዝሰፍሐ መግለጽን ክንረክብ ንኽእል ኢና

| ተ.ቁ | ምዕራፍ | መዝገበ ሃይማኖት (CCC) | ጥርኑፍ መዝገበ ሃይማኖት (Compendium |
|---|---|---|---|
| 1. | ትርጉም ሕይወት | 27-49 | 1-5 |
| 2. | ፍጥረትን ውድቀትን | 279- 421 | 51-78 |
| 3. | ታሪኽ ድሕነት | 50- 64 | 6-8።102 |
| 4. | ትሰብእቱ | 422-486 | 79-104 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 5. | ሕይወት ክርስቶስ | 512-570 | 105-111 |
| 6. | ምሥጢረ- ፋሲካ | 571-667 | 112-132 |
| 7. | ሥላሴ | 199-267። 687-747 | 33-50። 136-146 |
| 8. | ቤተክርስቲያን | 748-962 | 147-195 |
| 9. | ቅ/መጽሓፍን ቅ.ትውፊትን | 74-141 | 6-24 |
| 10. | ማርያምን ናይ ሰብ መፈጸምታትን | 964-975። 988-1060 | 94-100።133-135።196-199።202-216 |
| 11. | ሥርዓተ-ኣምልኾን ምሥጢራትን | 1066-1211 | 218-250 |
| 12. | ጥምቀትን ሜሮንን | 1213-1321 | 251-270 |
| 13. | ቅ.ቁርባን | 1322-1419 | 271-294 |
| 14. | ንሥሓን መጽሓፈ - ቀንዲልን | 1420-1532 | 295-320 |
| 15. | ተክሊልን ክህነትን (ቅዱሳት መዓርግ) | 1533-1666 | 321-350 |
| 16. | ሞራላዊ ተግባር | 407-409።1264። 1730 | 363-376።391-400 |
| 17. | ሕጊ ተፈጥሮን ዓሠርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን | 1749-1964። 2052 -2557 | 415-421።434-566 |
| 18. | ጸጋን ትምህርተ ብፅዕናን | 1716-1729።1812-1835። 1987-2029 | 258-362።384-390።422-428 |
| 19. | መንፈሳውያን ኃይላትን ኣርእስተ-ኃጣውእን | 1803-1844 | 377-383 |
| 20. | ክርስቲያናዊ ሕይወት ኣብ ዓለም | 1877-1948። 2012-2016። 2041-2043። 2201-2246። 2270-2283። 2351-2400 | 401-414። 428-433 |
| 21. | ሕይወት ጸሎት | 2558-2758 | 534-556። 567-577 |
| 22. | ጸሎት ጎይታ (ኣቡነ ዘበሰማያት) | 2759-2865 | 578-598 |
| 23. | ቅዳሴ | 1345-1355 | 271-294 |
| 24. | ኑዛዜ | 1422-1498። 2052-2557 | 296-312። 434-533 |
| 25. | ካቶሊካውያን መንፈሳውያን ተግባራት (Catholic devotions) | 2650-2696 | 351-353:557-566 |

************************* ተፈጸመ ***************************